

# እንቋዕ ብደሓን ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ መጻእኩም

## ሓባሪ-መጽሓፍ ንስደተኛታት

Tigrigna

CAL

WELCOME

# እንቋዕ ብደሓን
# ናብ ሕቡራት መንግስታት
# ኣመሪካ መጻእኩም

## ሓባሪ-መጽሓፍ ንስደተኛታት

ሳልሳይ ሕታም
2009

Prepared by the Center for Applied Linguistics
Cultural Orientation Resource Center
Washington, DC

ኣብ ምድላው ክልተ ቀዳሞት ሕታማት ናይዚ “እንቋዕ ብደሓን ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ መጻእኩም፥ ሓባሪ-መጽሓፍ ንስደተኛታት” ዝተሰምየ መጽሓፍ፣ ብመሰልተን ዘበርከታ ኣጀንስያታት፣ እነሆዋ፥

African Services Committee of New York
Center for Applied Linguistics
Church World Service
International Catholic Migration Commission
International Institute of Erie, Pennsylvania
International Organization for Migration
International Rescue Committee
Iowa Department of Human Services
Jewish Family Services of Baltimore
Lutheran Social Services of Fargo, North Dakota
Lutheran Social Services of the National Capitol Area
Maryland Office of Refugee Affairs
Office of Refugee Resettlement
Refugee Services Alliance of Houston
United States Catholic Conference of Bishops
World Relief

ኣብ ርእሲ'ተን ልዕል ኢለን ዝተጠቕሳ፣ ኣብ ምድላው እዚ ህልዊ ሕታም ብመሰልተን ዘበርከታ ኣጀንስያታት ይቕጽላ፥

Arlington Refugee Services, Catholic Diocese of Arlington, Virginia
Hebrew Immigrant Aid Society
Immigration and Refugee Services of America

እዘን ኣስማተን ዝቕጽል ውድባት ድማ ስእልታት ዘበርከታ ኢየን፥

Arizona International Refugee Consortium, Inc.
Center for Applied Linguistics
Lutheran Social Services of Fargo, North Dakota
Lutheran Social Services of the National Capital Area
PhotoDisc Inc.
SAGARTdesign

Cover by Chroma Design
Interior design by SAGARTdesign
Production by Ellipse Design

# መቕድም

“እንቋዕ ብደሓን ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ መጻእኩም፦ ሓባሪ-መጽሓፍ ንስደተኛታት” ዝተሰምየ መጽሓፍ፡ ነቶም ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ክጣየሱ ዝርከቡ ስደተኛታት፡ ኣብ ናይ መጀመርታ ውሑዳት ኣዋርሕ ምቕማጦም፡ ብዛዕባ ትጽቢቶም እንታይ ክኸውን ከምዘለዎን እንታይ ዓይነት ኣገልግሎታት ክርከብ ከምዝኽእልን ሓበሬታ ይህቦም። እዚ ሓባሪ-መጽሓፍ እዚ፡ ነቶም ስደተኛታት ብጕዳይ ናብራን ከም ስራሕን ትምህርትን ሓለዋ ጥዕናን ካልእ መዳያት ናብራ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን፡ ክውንነታዊ ትጽቢት ክሕድረሎም ይጽዕት።



እዚ ሓባሪ መጽሓፍ እዚ፡ ብኣላዪነት ኣብ ትሕቲ ክፍሊ ወጻኢ ጕዳያት ሕ.መ.ኣ ዝርከብ፡ ጨንፈር ህዝቢን ስደተኛታትን ግዕዘት-ሰብን ዝተጻሕፈ ኢዩ። ኣብ ምድላው ትሕዝቶኡ፡ ሰበ-ስልጣን ፈደራላዊ መንግስትን ስተይታትን ወከልቲ ኣጀንስያታት ምጥያስ ስደተኛታትን ኣብ ቀረባ እዋን ዝተጣየሱ ስደተኛታትን ኵሎም ኣበርክቶ ገይሮም።


እዚ ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ቀሪቡ ዝርከብ መምርሒ’ዚ፡ ኣብ ስግር-ባሕሪ ዝርከባ ኣሳለጥቲ ኣካላትን፡ ናብ ሕ.መ.ኣ ንምእታው ተቐባልነት ዝረኸቡ ግን ከኣ መስርሕ ምጥያሶም ናብ ዘይተወደኣሎም ስደተኛታትን ተዘርጊሑ ይርከብ። ከምኡ’ውን፡ ነቲ ንዓማውሎም ዝወሃብ ሓበሬታ ፊሊጠምዎ ንስለ ክጸንሑ፡ ንወሃብቲ ኣገልግሎት ምጥያስ ስደተኛታት ሕ.መ.ኣ ይዕደል።

“እንቋዕ ብደሓን ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ መጻእኩም፦ ሓባሪ-መጽሓፍ ንስደተኛታት” ዝተሰምየ መጽሓፍ፡ “መምርሒ ንምጥያስ ስደተኛታት ኣብ ሕ.መ.ኣ” ንዝተባህለ፡ ንስለ ስደተኛታት ዝተጻሕፈ ቀዳማይ ሕታም ዝትክእ ኢዩ።

እዚ ዝተጠቕሰ መምርሒ፡ ምስ ምሉእ ትሕዝቶኡ፡ ገለ ከይጐደሎ፡ ክቕዳሕ ይፍቀድ ኢዩ። እንተኾነ ግን፡ ስእልታትን ጥቕስታትን ብዘይ ንጹር ፍቓድ ወሃብቲ ውድባት ንካልእ ሕትመት ይኹን ንካልእ መዓላ ምጥቃም ኣይከኣልን።

| | |
|---|---|
| መእተዊ | 3 |
| ቅድሚ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ምብጻሕኩም | 7 |
| ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ | 17 |
| ብኮምዩኒቲ ዝወሃብ ኣገልግሎታት | 21 |
| መንበሪ | 29 |
| መጓዓዝያ | 37 |
| ስራሕ | 41 |
| ትምህርቲ | 59 |
| ሓለዋ ጥዕና | 69 |
| ምሕደራ ገንዘብ | 77 |
| መሰላትን ሓላፍነታትን ስደተኛታት ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ | 85 |
| ባህላዊ ምውህሃድን ምቅይያር ግደን | 93 |

እንቋዕ ኣብ ባህላዊ ልልይ በጻሕኩም!

“እንቋዕ ብደሓን ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ መጻእኩም” ዝብል ሓባሪ-መጽሓፍ፡ ነተን ቀዳሞት ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ እትቕመጡወን ውሑዳት ኣዋርሕ ክዳልወኩም ይኽእል። ኣብ ምንዳይ መንበሪን ስራሕን ይኹን፡ ምስ ኣመሪካውያን ኣብ እትራኸቡሉ ኣጋጣሚታት፡ ከምኡ’ውን ምስ ኣመሪካዊ ባህሊን ሕብረተ-ሰብን ንምትሕቍቛፍ ኣብ እትገብሩዎ ጻዕሪ፡ እንታይ ክገጥመኩም ከምዝኽእል ይሕብር።

ምጥያስ፡ ነዊሕን ዝተሓላለኸን መስርሕ ኢዩ፣ ስለዝኾነ ድማ፡ እዚ መምርሒ’ዚ ነቲ ፍሉይ ኩነታትኩም ዘበግሶ ሕቶታት ሓደ-ብሓደ ዘይክምልሶ ይኽእል’ዩ ። እምበኣር ከስ፡ እዚ መጽሓፍ ዘይምልሶ ሕቶታት እንተደኣ ኣጋጢሙኩም፡ ወይ’ውን ኣብዚ መጽሓፍ ዝሰፈረ ዘይትርድኡዎ ነገራት እንተሎ፡ ንሰራሕተኛታት ማእከል ምስላጥ (JVA ወይ OPE) ወይ’ውን ንኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳኹም ሕተቱ። ነቲ ዘገድሰኩም ሓበሬታ ንምርካብ ክሕግዙኹም ይኽእሉ ኢዮም።


## ብዛዕባ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ

ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ብዙሕ ዝተፈላለየ መልክዐ-ምድራዊ ቅርጽታትን ዓይነታት ክሊማዊ ባህርያትን ዝተፈራረቓ ዓባይ ሃገር ኢያ። ምትሕውዋስ ጕጅለታት ህዝብን ከባብያዊ ሕግታትን ካብ ኮምዩኒቲ ናብ ኮምዩኒቲ ይፈላለ ኢዩ። ንኣቀባብላ ሓደስቲ ምጻእያ ብዝምልከት፡ ነፍሲ-ወከፍ ኮምዩኒቲ ነናታ ኣሰራርሓ ኣለዋ። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ፡ እቲ ብዛዕባ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ዋላ ካብ ድሮ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝርከቡ ቤተ-ሰብኩም ይኹኑ ፈተውትኹም ዝሰማዕኩምዎ፡ ካብቲ ንዓኹም ዝጽበየኩም ኩነታት ክፍለ ይኽእል’ዩ። ናትኩም ኣባላት ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ፡ ብዛዕባ’ቲ ሓድሽ ኮምዩኒቲኹምን ትጽቢትኩምን ኣፍልጦ ንምርካብ ክተሓባበሩኹም ኢዮም።


ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዕዉት ኰይንካ ንምውጻእ፡ እንግሊዝኛ ምፍላጥ ኣገዳሲ ኢዩ። ሓቒ’ዩ፡ ዋላ እንግሊዝኛ ዘይትዛረቡ እንተኾንኩም’ውን፡ ስራሕ ክትረኽቡ ኢኹም፤ ናይ ስራሕ ዕድልኩም ግን ውሱን’ዩ። እንግሊዝኛ ምምሃር ግን፡ ዝሓሸ ስራሕ ንምርካብ፡ ነቲ ደቅኹም ኣብ ቤት-ትምህርቲ ዝመሃሩዎ ንምፍላጥ፡ ከምኡ’ውን፡ ኣብ ኮምዩኒቲኹም ኣዕርኽቲ ንምጥራይ ክጠቕመኩም ይኽእል።













## ብዛዕባ ኣመሪካውያን

መብዛሕትኦም ኣመሪካውያን፡ ንርእሰ-ምርኮሳን ንጻዕርን ልዑል ክብሪ ይህቡዎ። ብኡ መጠን ድማ፡ ነቶም ሓደስቲ ምጻእያ ስራሕ ጀሚሮም ንነብሶምን ንስድራ-ቤቶምን ክኣልዩ ይጽበዩዎም። እቶም እንግሊዝኛ ዘይዛረቡ ሓደስቲ ምጻእያ'ውን ከምኡ፡ ብዝተኻእለ መጠን ነቲ ቋንቋ ቀልጢፎም ክመሃሩዎ ትጽቢት ይገብሩሎም።

ኣመሪካውያን፡ ሕቶታት ንዝሓቱ ሰባት ብኣኽብሮት ይመዝኑዎም። ሕቶታት ምሕታት፡ ክትፈልጥን ክትርዳእን ናይ ምድላይን ናይ ምጽዓርን ምልክት'ዩ ኢሎም ይኣምኑ። ሓደ ነገር ክመይ ከምዝግበር ዘይትፈልጡዎ እንተደኣ ኰንኩም፡ ክትሓቱ ኣይትፍርሑ። መብዛሕትኦም ኣመሪካውያን ክተሓባበሩኹም ሕጉሳትዮም።

ካብ መስከረም 2001 ንነጀው፡ ገለ ኣመሪካውያን፡ ነቶም በከዳድናኦም ካብ ምዕራባውያን ፍልይ ዝብሉ፡ ወይ'ውን ወጅሃቶም ጓኖት ዝመስሉ፡ ብዓይኒ ጥርጠራ ይጥምቱዎም። ካብኡ ሓሊፎም፡ ሕርቃኖም ወይ ጽልኣቶም ብጋህዲ ዘስምዑ ውሑዳት'ውን ኣይሰኣኑን። እቶም ዝበዝሑ ኣመሪካውያን ግን፡ ባህ ኢሉዎም ዝቕበሉኹምን ብዛዕባ ባህልኹም ክፈልጡ ባህጊ ዘለዎምን'ዮም። ተጻብኦ ምስዘጋጥመኩም ግን፡ ነቶም ኣባላት ኣጀንሲ ዳግመ-ጥየሳ ንገሩዎም። እንታይ ክትገብሩ ከምዘለኩም ንምፍላጥ ክሕግዝኹም ኢዮም።


## ብዛዕባ ዳግመ-ጥየሳ


ምጥያስ መነባብሮ ህይወትካ ይቕይር። ናይቲ ቅድም ቀዋሚ ተቐማጣይ ዝገብረካ፡ ቀጺሉ'ውን ናብ ኣመሪካዊ ዜጋ ዘብጽሐካ ጉዕዞ ቀዳማይ ስጉምቲ ኢዩ። ቅድመኹም ዝመጹ ስደተኛታት ከምዝብሉዎ፡ ሓደስቲ ምጻእያ ህይወቶም ዳግም ንምህናጽ፡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዕድል ኣለዎም። ተመሊስካ ሓድሽ ጀማሪ ምዃን ቀሊል ነገር ኣይኰነን፤ ግን ከኣ ይከኣል'ዩ። ቅድሚኹም ልዕሊ ክልተ ሚልዮን ስደተኛታት መጺኦም ኣለው፤ መብዛሕትኦም ጽቡቕ ሰጊሮምዎ። ተውህቦኹምን፡ ፍልጠትኩምን፡ ትብዓትኩምን ኵሉ ሒዝኩም፡ ንስኻትኩም'ውን ክትዕወቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ሰናይ ንምነየልኩም!




OIM
IOM







ሕጂ፡ ኣገልግሎት ዜግነትን ግዕዘትን ሕ.መ.ኣ (USCIS)፡ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ንምእታው፡ ንጊዜኡ ካብ ተቐበለትኩም፡ ቅድሚ ምግዓዝኩም ክፍጸም ዝግባእ ቍሩብ ተወሳኺ ስጉምታት ኣሎ። ቅድም፡ ንስኹምን ስድራኹምን ሕክምናዊ መርመራ ክትገብሩ፡ ሰክዩሪቲ ክሊራንስ'ውን (ምጽራይ ጸጥታዊ ኢንታ) ክትሓልፉ ይግበኣኩም። ቀጺሉ፡ ኣባላት ማእከል ምስላጥ፡ ብዛዕባኹም ናብቲ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዘሎ ኣጀንሲ ዳግመ-ጥየሳኹም ሓበሬታ ክስዱ ይግባእ። ዓለም-ለኻዊ ውድብ ንግዕዘት (IOM) እውን እንተኾነ፡ ውራይ ጉዕዞኹም ከዋድድ ኣለዎ። እምበኣርከስ፡ ኣብዚ ኣብ ትጽቢት እትርከቡሉ እዋን፡ ጊዜኹም ብዛዕባ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ንምፍላጥን ገለ እንግሊዝኛ ንምምሃርን ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኢኹም።

## ሕክምናዊ መርመራ

ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ስድራ ሕክምናዊ መርመራ ክገብር ግድነት ኢዩ። እቲ መርመራ ብነጻ ኰይኑ፡ ሓደ ኣባል ማእከል ምስላጥ ድማ ቈጸራ ይሕዘልኩም። ናይ ሕክምና መርመራ ዘጠቓልሎ፥

- ኣባኹም ወይ ኣብ ካልእ ኣባል ስድራኹም ክፍወስ ዝግብኦ ሕክምናዊ ጸገም ምህላዉን ዘይምህላዉን ምፍላጥ፣
- ንዓኹም ይኹን ንካልኦት ኣባላት ስድራኹም ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ንምእታው ዘኽልክለኩም፡ ተሓላላፊ ሕማም ከይህሉ ምርግጋጽ፣ ከምኡ'ውን፡
- ኣብቲ ሓዲሽ ቦታኹም ምስ በጻሕኩም፡ ብዛዕባ ክህሉ ዝኽእል፡ ምክትታል ዝሓትት ኵነታት ጥዕና፡ ናብ ኣጀንሲ ዳግመ-ጥየሳኹም ሓበሬታ ምትሕልላፍ።

ዋላ'ኳ ጸኒሑ ክቕየር ዝኽእል ሕጊ እንተኾነ፡ ንጊዜኡ ግን፡ እቲ ውጽኢት ሕክምናዊ መርመራ ንዓመት ዝኣክል ቅቡል'ዩ። ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ጉዕዞኹም ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት እንተዘይተሳሊጡ ግን፡ ተመሊስኩም ካልእ መርመራ ክትገብሩ ትግደዱ። ከም TBን HIVን ዝኣመሰሉ ብፍሉይ ዝጥመቱ ሕማማት ንዝለውዎም ሰባት ግን፡ እቲ ውጽኢት መርመራ ንሸዱሽተ ኣዋርሕ ጥራሕ የገልግል።



## “ሰክዩሪቲ ክሊራንስ” (ምጽራይ ጸጥታዊ ኢንታ)

ኵሎም ስደተኛታት፡ ቅድሚ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ምእታዎም ብሰበ-ስልጣን ሕ.መ.ኣ ሰክዩሪቲ ክሊራንስ ይግበረሎም። ከም ንቡር እንተደኣ ኾይኑ፡ እዚ መርመራ’ዚ ቅድሚ ምስ USCIS ዝግበር “ኢንተርቪው” ኢዩ ዝፍጸም፤ ሓድ-ሓደ ጊዜ ግን፡ ቅድሚ ንቕሎ፡ ካልኣይ መርመራ ጸጥታ ግድን ይኸውን’ዩ።

## ብኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳኹም ዝውዳእ፡ ምውሓስ “ስፖንሰርሺፕ” (ምስካም-ሕድሪ)

ንዝኾነ ይኹን ናብ ሕቡራት መንግታት ኣመሪካ ክኣቱ ዝተፈቐደሉ ስደተኛ፡ ቅድሚ ንቕሎኡ፡ ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ ወይ ስፖንሰር (ማለት፥ ተሰካም-ሕድሪ) ይምደቦ ኢዩ። ማእከል ምስላጥ፡ ብዛዕባኹም ነዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ናብ ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ የተሓላልፍ፦

- ናትኩም ስም፡ ዕድመ፡ ትምህርቲ፡ ከምኡ’ውን ሞያ
- ናይቶም ሓቢሮምኹም ዝመጹ ኣባላት ስድራ፣ ኣስማት፡ ዕድመ፡ ትምህርቲ፡ ከምኡ’ውን ሞያ
- ናትኩም፣ ዓሌት፡ መበቈላዊ ሃገር፡ ከምኡ’ውን ሃይማኖት
- ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ እትበጽሑሉ እዋን ቈላሕታ ክግበረሉ ዝግባእ ሕክምናዊ ጸገም እንተሎ


# ቅድሚ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ምብጻሕኩም



- ዛጊት ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ናይ ዝነብሩ ኣዝማድኩም ይኹኑ ፈተውትኹም፡ ኣስማትን ኣድራሻታትን ቍጽሪ ተለፎናትን

ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ፡ ነዚ ኵሉ ዝተባህለ ሓበሬታት፡ እትጣየሱሉ ቦታ ንምሕራይ ይጥቀመሉ። ሓደ ክፋል ስድራ-ቤትኩም፡ ዛጊት ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝቕመጡ እንተደኣ ኣልዮም፡ ንማእከል ምስላጥ ድማ ቍጽሪ ተለፎኖምን ኣድራሻኦምን ክተካፍሉዎም እንተኽኢልኩም፡ ኣብቲ ንሳቶም ዝነብሩሉ ከተማ ክተስፍረኩም ክትጽዕር'ያ። ኣብ ጥቃ ዓርክኹም፣ ወይ ኣብ ጥቓ ኣሚን፡ ውላድ፡ ወላዲ፡ ሓው ወይ ሓፍቲ ዘይኰኑ ግን ከኣ ብቐረባ ዝዛመዱኹም ሰባት ክትጣየሱ ምስ እትሓቱ፣ ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ፡ እቲ ቦታ ዝድለ ኣገልግሎታት ዝርከቦን ዘይርከቦን፡ ከምኡ'ውን፡ ስራሕ ክርከቦ ዝከኣልን ዘይከኣልን ክትግምግም'ያ። ኣብ መስርሕ ምጥያስ ኣብ ሕ.መ.ኣ ዝርከቡ፡ ቍሩብ ፍንትት ዝበለ ዝምድና ምስዘለኩም ሰባት ኣብ ሓደ ኮምዩኒቲ ክትጣየሱ ምስ እትሓቱ'ውን፡ እቲ ለበዋ ኣብ ግምት ክኣቱ ኢዩ፤ ውሕስነት ግን ክወሃብ ኣይከኣልን።

ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ፡ ዛጊት ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ናይ ዝርከቡ ስድራ-ቤትኩም ወይ ኣዕርኽትኹም ዕቱብን እዋናዊን ሓበሬታ ክትረክብ እንተዘይክኢላ፡ ካብኦም ኣዝዩ ኣብ ዝረሓቐ ከተማ ክተጣይሰኩም ትኽእል'ያ። ስለዚ፡ ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ ምእንቲ ንዓኹም ዝሓሸ ቦታ ክትመርጸልኩም ክትክእል፡ ንኣባላት ማእከል ምስላጥ፡ ዘለኩም ሓበሬታ ኵሉ ኣካፍሉዎም። ነዚ ሓበሬታ'ዚ ምሃብ፡ ኣብ ልዕሊ ኵነታት ጕዕዞኹም ይኹን ኣሳልጦ ንቕሎኹም ዘኸትሎ ለውጢ የለን። ፋይዳኡ፡ ኣበየናይ ከባቢ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ትጣየሱ ምውሳን'ዩ። ሓበሬታ ምክፋል ንስለ ጥቕምኹም ጥራሕ ኢዩ።



ኣጀንሲ ዳግመ-ጥየሳ ብጉዳይ ቦታ ምጥያስኩም ውሳኔ ምስወሰደት፡ ኣባላት ኣጀንስያ ነቲ ውሳኔን ዝተሰማምዑሉ ርእይቶታትን ናብ ማእከል ምስላጥ የተሓላልፉ። ቅድሚ ንቕሎ፡ ኣበየናይ ቦታ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ክትቅመጡ ከምዝተመርጸ ይንገረኩም።

## ስርርዕ ጉዕዞን ጉዳይ ልቓሕ መጓዓዚን

ዓለም-ለኻዊት ውድብ ንግዕዘት (IOM)፡ ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ጉዕዞኹም ትሰርዕ፤ መዓልቲ ንቕሎኹም ከኣ ተፍልጠኩም። ስድራ-ቤትኩም፡ ኣብ ውራይ ምግዕዓዝ ዝውዕል ናይ ልቓሕ ገንዘብ ይፍቀደላ ኢዩ። ኵሎም ልዕሊ 18 ዓመት ዝዕድሜኦም ኣባላት ስድራ-ቤት ነናይ ገዛእ ርእሶም ልቓሕ ይፍርሙ። ቅድሚ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ምግዓዝኩም፡ ሓደ ፕሮሚስሪ ኖት ተባሂሉ ዝፍለጥ ሰነድ መብጽዓ ምኽፋል ዕዳ፡ ክትፍርሙ ኢኹም። ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ንገለ ኣዋርሕ ድሕሪ ምጽናሕኩም፡ ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳኹም ነቲ ዕዳ ንምኽፋል ብዝተኣመመ ውጥን መሰረት፡ ኣብ ወወርሒ ዝለኣኽ፡ ክፋል ናይቲ እትእወዱዎ ብዝሒ ገንዘብ ዘመልክት፡ “ቢል” ተባሂሉ ዝፍለጥ ጠለብ ክፍሊት ክለኣኽልኩም ይጅምር። ንብምሉኡ'ቲ ዕዳ ጠሪስኩም ክትከፍሉዎ 3 ዓመታት ኣለዋኹም።



እዚ ተመሊስኩም እትኸፍሉዎ ገንዘብ፡ዕላማኡ ንመጓዓዓዚኦም ኰይኑ፡ ናብ ቆፎ ገንዘብ ናይቶም ድሕረኹም ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝስዕቡ ስደተኛታት ይድመር። ነዚ ዕዳ'ዚ ምኽፋል፡ ሓደ ኣገዳሲ ፋይዳ ኣለዎ፤ ንሱ ድማ፡ ቀዳመይቲ ስጉምቲ ንምምስካር "ጉድ ክረዲት ሂስትሪ" ትኾነልኩም፤ ማለት፥ እሙን ከፋሊ ዕዳኡ ተብሉ።

ኣብ መንጎ ናይ ጉዕዞ ትጽቢትኩም፡ ከም ምውላድ ሕጻን ዝኣመሰለ ሓድሽ ለውጢ ምስዘጋጥም፡ ንIOM ወይ ንኣባላት ማእከል ምስላጥ ክተፍልጡ ይግባእ። ብዛዕባ ዘጋጠመ ሓድሽ ኵነታት ዘይምሕባር ንንቕሎኹም ከደናጉዮ ይኽእል'ዩ።

ቅድሚ ምብጋስኩም፡ ኣባላት IOM ሓደ "ኣራይቫል ፓከጅ"፡ ማለት፥ ጥቕሉል መሰነይታ ዝበሃል ጣምራ ወረቓቕቲ ክህቡኹም'ዮም። እቲ ጥቕልሉል መሰነይታ፣ I-94 ዝበሃል ካርድን፡ "ካስቶምስ ዲክለረሽን ፎርምስ"ን (ሰነድ ቅጥዒ ጉምሩክ)፡ ወረቓቕቲ ሕክምና ምስ ኤክስ-ረይን፡ ከምኡ'ውን ካልኦት ሰነዳት ምጥያስ ዝሓዘን ኢዩ። ካብዚ ሰነዳት'ዚ ዋላ ሓንቲ ነገር'ውን ትኹን ንኸይተጥፍኡ ጥንቃቐ የድልየኩም። ኣይትኽፈቱዎ፣ ኣብ መትሓዚ ክዳውንትኹም'ውን ኣይተእትውዎ። እዚ ነገራት'ዚ፡ ኣብ "ፖርት ኦፍ ኤንትሪ" (እታ መጀመርታ እትረግጹዋ ኤየርፖርት)፡ ንሰበ-ስልጣን ኢሚግረሽን ክትህቡዎ ይግባእ።

## ባልጃታት

ኵለን ኣየርላይናት፡ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ክማልኦ ዝኽእል፣ ግዝፊ፡ ክብደት ይኹን ቍጽሪ ባልጃታት፡ ደረት ይገብራሉ ኢየን። ሓንቲ ክብደታ ካብ 5 ኪ.ግ (10 ፓውንድ) ዘይበዝሕ ኣቕሓ ኣብ ኢድካ ምትሓዝ ይፍቀድ'ዩ። ከምኡ'ውን፡ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ፡ ክልተ ክብደተን ክሳብ 32 ኪ.ግ (70 ፓውንድ) ዝምዘና፡ ኣብ

መትሓዝ ኣቕሑት ነፋሪት ክጸዓነሉ ይኽእል። መትሓዝ ክዳውንትኹምን ባልጃታትኩምን፡ ኣብ ጉዕዞኹም ዝኾነ ነገር ምእንቲ ከይጠፍአኩም ብዘተኣማምን መፍትሕ ክምዝተዓጸወ ኣረጋግጹ።

ካልእ ተወሳኺ ባልጃታት ኣብ ነፋሪት ምምላእ ኣይክፍቀድን'ዩ። እንተዘይኮነ ግን፡ ብናትኩም ወጻኢ ኣቐዲምኩም ክትልእኩዎ ክትግደዱ ኢኹም።

"ካስቶምስ" (ግምሩክ) ሕ.መ.ኣ፡ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ከይኣቱ ዝኽልክሎ ገለ ነገራት ኣሎ። ንኣብነት፣ ኣትክልቲን፡ ፍረታትን ኣሕምልቲን ሓድሽ ዘተሓረደ ስጋን ዕጸ-ፋርስን ኵሉ ምእታው ኣይከኣልን። ብሓኪም ዝእዘዝ ኣፋውስ ምምላእ ይከኣል'ዩ፤ እንተኾነ ግን ብንጹር ኣብ ዝተመልከተት ስታሪት ክሰፍር ኣለዎ። በላሕቲ ነገራት ኣብ ናይ ኢድ ሳንጣ ምግባር ኣይፍቀድን፤ ኣብቲ ተራእዩ ዝሓልፍ ባልጃ ጽዕነት ግን፡ ነዚ ነገራት'ዚ ጠርኒፍካ ምሕላፍ ይከኣል'ዩ። ዝኾነ መሳርሒ ኣብ ናይ ኢድ ሳንጣ ምሕላፍ ኣይከኣልን። ብዛዕባ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ክኣቱ ዝፍቀድን ዘይፍቀድን ነገራት ሕቶ እንተደኣለኩም፡ ንኣባላት IOM ሕተቱ።

## ፍሉይ ቈላሕታ ንጉዕዞ

ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ምምጻእ ኣዝዩ ነዊሕ ጉዕዞ ኢዩ፤ ስለዝኾነ ድማ፡ ንነዊሕ መገሻ ክትዳለው ይግባእ። ጉዕዞ፡ ንዝኾነ ሰብ ኣድካሚ ኢዩ፤ ብፍላይ ንቈልዑ ግን ኣዝዩ ይብርትዕ። ቈልዑ፡ ቅድሚ ናብ ነፋሪት ምድያቦም፡ ከምዝበልዑን ናብ ዓይኒ-ምድሪ ክምዝኸዱን ምግባር፤ ንሕጻናት ድማ "ዳያፐር" (መስተር ቀልቀል-ሽንቲ) ምሓዝ የድሊ። ንነብስኹምን ንስድራኹምን መጻንሒ ምግቢ ሓዙ።

ነፋሪት ላዕልን ታሕትን ክትብል ከላ፡ ሓድሓደ ጊዜ ኣብ ኣእዛን ገያሾ ጸቕጢ ይፈጥር'ዩ። ዓበይቲ ይኹኑ ቈልዑ፡ ነዚ ጸቕጢ'ዚ ንምቅላል ክውሕጡ ወይ ከምባህቑ ምፍታን ይጠቅም። ነፋሪት ድሕሪ ምብጋሳን ቅድሚ ምውራዳን፡ ቈልዑ ንምምጋብ መደብ ግበሩ። ጸባ ይኹን ጽማቝ ፍረታት ክምዘውርዱ ምግባር፡ ንጸቕጢ ኣእዛኖም የቃልሎ ኢዩ።



ኣብ መገሻኹም፣ ዓረቢያ-ሰብ፡ ምርኩስ፡ ወይ ድማ ካልእ ኣገዳሲ ሓገዝ እንተድለየ፡ ንIOM ምንጋር ኣይትረስዑ። ሓኪም ዝኣዘዞ ኣፋውስ እንተለኩም ድማ፡ ኣብ ዘድልየኩም ጊዜ ምእንቲ ክትጥቀሙሉ ምሳኹም ተማልኡዎ።

እቶም "ፐትስ" ተባሂሎም ዝፍለጡ እንስሳ ወኸለ ትማልኡ እንተለኹም ከኣ፡ ንምግዓዝ እንስሳታት ዝምልከት፡ ሕጊ ካስቶምስ ሕ.መ.ኣን ሕግጋት አየርላይናትን ተኸቲልኩም ክትፍጽምዎ ይግባእ። ናይቲ እንስሳ መጓዓዚ ክፍሊት ግድነት ካባኹም ይኸውን። ኣብ ርእሲኡ ድማ፡ እታ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ እትርከብ ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ፡ ኣቐዲማ ዝሰትሮም ሰፈር ክተናዲ ምእንቲ፡ እንስሳ ወኸለ ትማልኡ ከምዘለኹም ንIOM ክትሕብሩ ይግባእ።

## ብዛዕባ መገሻኹም


ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ጉዕዞኹም፡ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ክተላግሱ ዘገድድ እንተደ ኰይኑ፡ ኣብ እተዕርፉሉ ቦታታት ኵሉ ዝተሓጋገዙኹም ወከልቲ IOM ክጸንሑኹም'ዮም። ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ድማ ወከልቲ IOM ኣብቲ ፖርት ኦፍ ኤንትሪ (ኣንፈት መኣትዎ) ተጸብዮም ኣገባብ ምእታው ናብዚ ሃገር ከረኣእዩኹም ኢዮም።

ሰበ-ስልጣን ኢሚግረሽን ሕ.መ.ኣ፡ ነቲ ኣራይቫል ፓከጅ (ጥቕሉል መሰነይታ) ከፊቶም፡ ሰነዳትኩም ክምርምርዎ ኢዮም። እቲ I-94 (ኣይ-ናይንቲ-ፎር)፡ እስታምፕ ተሃሪሙ ክምለሰልኩም'ዩ፤ ከምኡ'ውን ኣሰር ኣጻብዕትኹም (ፊንገር ፕሪንትስ) ክስነድ'ዩ። ብተወሳኺ፡ ናይ ስራሕ ፍቓድ ዘመልክት፡ "ኤምፕሎይመንት ኣውቶራይዘሽን" ደክዩመንት (EAD) ዝበሃል፡ ስእልኹም ዘለዎ ካርድ ይወሃበኩም ይኸውን'ዩ።

I-94ን EADን፡ ከም ስደተኛታት ተቐማጠ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ሕጋዊ ተቐማጥነትኩም ዝምስክሩ ሰነዳት ስለዝኾኑ ኣዝዮም ኣገደስቲ ኢዮም። ስለዚ ድማ፡ ንኸይጠፍኡ ጠቒብኩም ክትሕዝዎም ይግባእ። ልክዕ ኣብ ቦታ ምጥያስኩም ኣብ እትበጽሑሉ ጊዜ፡ ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ ነዚ ሰነዳት'ዚ ክተርእዩዎም ክሓቱኹም'ዮም፤ ቅዳሕ'ውን ክትርፉ ኢዮም። ኣብዚ ሰነዳት'ዚ ጌጋታት ምስእትርእዩ፡ ገና ካብ ፖርት ኦፍ ኤንትሪ (ኣንፈት መኣትዎ) ከይሓለፍኩም ከለኹም ብቕጽበት ሓብሩ። ኣብ ቦታ መዓርፎኻ ክሳብ እትበጽሕ  ካብ ምጽባይ ብውዑዩ ቀልጢፍካ ምእራም ይቐልል።

መስርሕ ኣገባብ ኢሚግረሽን ምስ ኣሰላሰልኩም፡ ሳናጡኹም ጠራኒፍኩም ናብ ካስቶምስ (ጕምሩክ) ክተምርሑ ኢኹም። ሰበ-ስልጣን ካስቶምስ ነቲ ዝሓዝኩምዎ "ካስቶምስ ዲክለረሽን ፎርም" ክምልከቱዎ፡ ንሳናጡኹም ድማ ክፍትሹዎ ይኽእሉ። ትሕዝቶ ሳናጡኹም ተፈሊጡ ካስቶምስ ምስ ሰገረ፡ ንናይ መወዳእታ ምዕራፍ መገሻኹም ድሉዋት ትኾኑ።

እቲ ተፍትሽ ብዙሕ ጊዜ ስለዝወስድ፡ ኣብ "ፖርት ኦፍ ኤንትሪ" ምሕዳር ግድን ክኸውን ይኽእል'ዩ። ከምኡ እንተጋጢሙ ከኣ፡ IOM፡ ብሓላፍነት፡ መሕደሪ ሆቴል ምድላውን ናብ መዓርፎኹም ዘብጽሕ፡ ኣብ ቀጻሊ መዓልቲ ዝግበር ምድላው በረራን የሰላስል። ኣብ መወዳእታ መዓርፎኹም ክትበጽሑ ከለኹም፤ ዘመድ፡ ዓርኪ፡ ወይ ወኪል ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ ኣብ "ባገጅ ክለይም ኤሪያ" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ቦታ ምርካብ ኣቕሑ ክራኽቡኹም ኢዮም። ብዘይተሓሰበ ምኽንያት፡ ዝጽበየኩም ሰብ እንተዘይጸንሔ ግን፡ ሓደራ፡ ቀልጢፍኩም ንፖሊስ ክትነግሩ፤ ንቤተ-ሰብኩም ወይ ንኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ ንምርካብ ክተሓበሩኹም ኢዮም።


DISTRICT OF COLUMBIA
REFUGEE
SERVICE CENTER
(A PROJECT OF ASSOCIATED
CATHOLIC CHARITIES)
1501 COLUMBIA ROAD, N.W.
HOURS: 9:00 AM - 5:00 PM
MONDAY THRU FRIDAY


OIM
IOM




Refugee
Service Center
Iowa...A Place To Grow



ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ መንግስቲ፡ ስደተኛታት ንምጥያስ ምስ ኣጀንስያታት ዳግመ-ጥየሳ ብምትሕብባር ይሰርሕ። እጃም መንግስቲ፣ ሕግን መምርሕን ምስራዕ፡ ከምኡ'ውን ነቲ ዝድለ መሰረታዊ ኣገልግሎታት ዝውዕል ገንዘባዊ ወጻኢ ምስላዕ ክኸውን ከሎ፣ ኣጀንስያታት ዳግመ-ጥየሳ ድማ፡ ኣገልግሎት ይህባ፤ ካልእ ተወሳኺ ሓገዛት'ውን ከበርክታ ይኽእላ።

እዛ ኣጀንስያ ዳግመ-ጥየሳ እትበሃል፣ ብዓይነታ፣ ሃይማኖት ዝመሰረታ ውድብ፡ ብሕታዊት ውድብ፡ ወይ ናይ ስተይት ኣጀንስያ፡ ወይ'ውን "ኤትኒካዊት" (መበቈል ዝመሰረታ) ውድብ ክትከውን ትኽእል። ዋላ'ኳ ካብ'ዘን ኣጀንስያታት ዳግመ-ጥየሳ ገሊኤን ምስ ሃይማኖታውያን ጕጅለታት ዝተቛረና እንተኾና፡ ኣብ ሃይማኖታዊ ንጥፈታተን ክትሳተፉ ግን ኣይትግደዱን። ኣጀንስያታት ዳግመ-ጥየሳ፡ ስደተኛታት ናብ ዝኾነ ዓይነት ሃይማኖታዊ ጕጅለ ንኽጽንበሩ ክደፋፍኣ ኣይፍቀደለንን።

እታ ኣጀንሲ ዳግመ-ጥየሳኹም፡ ክሕግዘኹም ዝኽእሉ ሰራሕተኛታት ዝሓዘ፡ ኣብቲ እትቕመጡሉ ከተማ ወይ ድማ ኣብ ጥቓኡ፡ ጨንፈር ቤት-ጽሕፈት ክህልዋ ኢዩ። ሓድ-ሓደ ጊዜ ብእንግሊዝኛ "ኣንከር ረላቲቭስ" ተባሂሎም ዝፍለጡ፡ ኣንፈት ዘትሕዙ ኣዝማድ ክርከቡ ከለው ከኣ፡ ነቲ ዳግመ-ጥየሳ ክቃልሉዎ ይኽእሉ። ገለ ኣጀንስያታት፡ እትው ክትብሉ ከለኹም ዝጅምሩ፡ ብነጻ ዝተሓባበሩ ሰባት ኣለዉወን።

# ኣፋፍኖት ምጅማር

ልክዕ እትው ክትብሉ ከለኹም፡ ኣጀንሲ ዳግመ-ጥየሳ፡ መንበሪኹም ሰፈር ሒዛ ትጸንሓኩም። እቲ መንበሪ ብዓይነቱ ዝተፈላለየ ክኸውን ይኽእል። እቲ ሓደ ዓይነት፡ ናብ ንነዊሕ መጻንሒ ክኸውን ዝተሓሰበ ኣፓርታማ ምእታው ክኸውን ከሎ፣ እቲ ካልኣይ ዓይነት ድማ፣ ንጊዜኡ ጥራሕ፡ ምስ ገለ ብፍቶቶም ዘሰፍሩኹም ስድራ ኰነ ምስ ቤተ-ሰብ ወይ'ውን ኣብ ሆቴል ምጽናሕ ይኸውን። ዕድልኩም ኣብ ጊዜያዊ ሰፈር ምጽናሕ ምስዝኸውን፡ ኣጀንስያኹም፡ እቲ ጊዜያዊ ዕማማት እንዳፈጸመት ከላ፡ ንቕድሚኣ፡ ብዝተኻእለ መጠን ብቕልጡፍ ቀዋሚ መንበሪ ክትረኽበልኩም ክትጽዕር'ያ።

እታ ኣጀንሲ ዳግመ-ጥየሳ ንናይ መጀመርታ 30 መዓልታት ድሕሪ ምእታውኩም ዘሎ ገንዘባዊ ወጻኢ መሰረታዊ ጠለብኩም ክትሸፍኖ ኢያ። ገለ ኣጀንስያታት ነቲ ወጻኢ ባዕለን ብኢደን'የን ዝኸፍላኦ። እተን ካልኦት ድማ፡ ነቲ ገንዘብ ወይ ቀጥታ ንዓኹም ወይ ንዘመድኩም ይህባልኩም'ሞ ባዕልኹም ወጻኢኹም ተመሓድሩ።



# ምጅማር ጥጡሕ ህይወት

ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ ኣብ'ተን ናይ መጀመርታ ሰለስተ ኣዋርሕ ቀጻሊ ምኽርታት እንዳካፈለትኩም ትጸንሕ።

ሰራሕተኛታት ምጥያስ፣ ብናይ ኣዝማድን ኣዕርኽትን ፍቓደኛታት ሰባትን እንዳተሓገዘት መእተዊን መውጽኢን ናይቲ ኮምዩኒቲኹም ተረኣእየኩም። ብሓገዝ ናይዞም ዝተጠቐሱ ድማ ነዚ ዝሰዕብ ነገራት ትፍጽሙ፥

- ቀዋሚ መንበሪ ምንዳይ
- ክዳውንትን ኣቕሑ ገዛን ምጥራይ
- ብዛዕባ ኣብ ድሕሪት፣ ኣብ ስግር-ባሕሪ ዝተረፉ ኣባላት ስድራ ክጽንበሩኹም ዝኽእሉሉ መንገዲ ምፍላጥ
- “ሶሽያል ሰክዩሪቲ ካርድ” ዝበሃል ካርድ ምሓዝ (ስራሕ ንኽትቀጸሩ እዚ ካርድ'ዚ ክህልወኩም ይግባእ)
- ስራሕ ምንዳይ
- ደቅኹም ናብ ቤት-ትምህርቲ ምእታው
- ብዛዕባ ስርዓት ኣጠቓቕማ ገንዘብ ሕ.መ.ኣ ኣፍልጦ ምስናቕ
- ኣጠቓቕማ ህዝባዊ መጓዓዝያ ምምሃር
- ሕክምናዊ መርመራን ካልእ ሕክምናዊ ክንክንን ንምርካብ ስርርዕ ምግባር
- ቋንቋ እንግሊዝ እትመሃሩሉ ቤት-ትምህርቲ ምርካብ
- ሕግን ልምድን ሕ.መ.ኣ ንምጽናዕ ጻዕሪ ምጅማር
- ብዛዕባ ንዓኹም ዘርብሕ፣ ብኮምዩኒቲ ዝወሃብ ኣገልግሎታት ኵሉ ምፍላጥ

እቲ ብኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ ዝወሃበኩም ኣገልግሎት፡ ነተን ናይ መጀመርታ 90 መዓልታት ጥራሕ ዝወሃብ ስለዝኾነ፡ መሊእኩም ክትጥቀሙሉ ይግባእ። ድሕሪ'ተን ቀዳሞት 90 መዓልታት ዘሎ ጊዜ ግን፡ ከክም ውልቃዊ ጸገምካን ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳኻን ተራእዩ ዝፍጸም'ዩ። ዝጐደለኩም ነገራት ይኹን እቲ ዘይተፈትሔ ሽግርኩም ንካልኦት ኣጀንስያታት ወይ ኣካላት ብምውካስ ይርከብ ይኸውን።


ካብዚ መድረኽ'ዚ ንንየው ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ ስሩዕ ክፍሊትኩም ይኹን ዕዳኹም ኣይክትከፍለልኩምን'ያ። ወጻኢታትኩም ንምሽፋን ምንጪ እቶት ክህልወኩም ግድን ይኸውን፤ እዚ ድማ ሰሪሕካ ጥራሕ'ዩ ዝከኣል፤ ስለዚ ክትሰርሑ ግድን ይኸውን።

ኣባላት ቤት-ጽሕፈት ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ፡ ምስኦም ተወሃሂድኩም ክትሰርሑ እንተኽኢልኩም፡ ዝያዳ ክሕግዙኹም ይኽእሉ። ዝተዓወትኩምሉ ነገራት ንገሩዎም፤ ድሌትኩምን ስክፍታኹምን'ውን ብቕንዕና ኣካፍሉዎም፤ ናይ ምርድዳእ መንፈስ ድማ ኣርእዩዎም።

## ናብ ካልእ ከተማ ብዛዕባ ምግዓዝ

ናብ ካልእ ኮምዩኒቲ ክትግዕዙ እንተሓሲብኩም፡ ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳኹም ናይ ምግዓዝኩም ሓላፍነት ከምዘይትስከም ክትፈልጡ ይግባእ። እታ ኣብቲ እትግዕዙዎ ኮምዩኒቲ እትርከብ ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ ድማ ክትሕግዘኩም ሓላፍነት የብላን። ስለዚ ክትግዕዙ እንተወሲንኩም፡ ኵሉ ብናይ ገዛእ ርእስኹም ዓቕሚ ምኻኑ ፍለጡ። ብዛዕባ ምግዓዝ ሕቶ ምስዝህልወኩም፡ ንኣባላት ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ ተወከሱ።













ኣብ ከኮምዩኒቲኹ፡ ብጃካ'ታ ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳኹም፡ ካልኦት ኣገልግሎት ዝህባ ኣጀንስያታት'ውን ኣለዋ። ገሊኤን ናይ ከባቢ ወይ ናይ ስተይት ወይ'ውን ናይ ፈደራል መንግስቲ ክኾና ከለዋ፣ እተን ካልኦት ድማ ብነጻ ዝሰርሓ፣ ምስ ቤተ-ክርስትያናት፡ ምስ መሳጊድ፡ ወይ ምስ "ሲናጎጋት" (ኣብያተ-ኣምልኾ ኣይሁድ) ዝተቛረና ውድባት'የን። እዘን ዳሕረዎት ከም ውድባት ማሕበረ-ሰባዊ ወይ ኮምዩኒታዊ ኣገልግሎት ዝፍለጣ ኢየን።

ስደተኛታት፡ ካብቶም ከም ገንዘባዊን ናይ ምንዳይ ስራሕን ዝኣመሰለ ማሕበረ-ሰባዊ ኣገልግሎት ዝግብኦም ኣካላት ክኾኑ ከለው፣ እቲ ኣገልግሎትን ዕድላትን ግን፡ ካብ ኮምዩኒቲ ናብ ኮምዩኒቲ ይፈላለ። ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳኹም፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ኮምዩኒቲኹም ክርከብ ዝኽእል ኣገልግሎታት ኰሉ ትበቕዑዎን ዘይትበቕዑዎን ንምርዳእን ኣገባብ ምልክታ ንምፍላጥን ክትሕግዘኩም'ያ።

ውድባት ማሕበረ-ሰባዊ ኣገልግሎት ነብስኹም ክሳብ እትኽእሉ ጊዜያዊ ሓገዝ የወፍያልኩም። ውድባት ኣገልግሎት፣ መጠን እቶትኩምን ዕድመኹምን እትነብሩሉ ቦታን ካልእ ረቛሒታትን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣድላይነት ይመምያ። ኵነታት መነባብሮኹም ምስ ተመሓሸ ከኣ፡ እታ ኣጀንስያ፡ ወይ ነቲ ሓገዝ ተጕድሎ ወይ'ውን ጠሪሳ ተቋርጾ። ኩነታትኩም እንዳጸንከረ እንተኸይዱ ከኣ፡ ንገለ ተወሳኺ ጊዜ ንሓገዝ ብቑዕ ትኾኑ። እዚ ኣገልግሎታት'ዚ ጊዜያዊ ምዃኑ ምዝካር ኣገዳሲ ኢዩ፣ ነብስኹም ክሳብ እትኽእሉ ጥራሕ ከኣ ይቕጽል።

ኮምዩኒታዊ ኣገልግሎታት ንብሕታዊ ሓገዝን መንግስታዊ ሓገዝን ህዝባዊ ኣገልግሎትን የጠቓልል።



## ብሕታዊ ሓገዝ

ውድባት ብሕታዊ ሓገዝ ዝተፈላለየ ኣገልግሎታት ይህባ። መጠንን ዓይነትን ናይቲ ኣገልግሎት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይፈላለ፤ ብዙሓት ካብተን ኮምዩኒቲታት ግን ነዚ ዝስዕብ የቕርባ፥

- ምምኻር
- ከም ምጻእያ መጠን፡ ንኹነታት ምቕማጥኩም ዝምልከት ሓገዝ
- ትምህርቲ English as a Second Language (ESL) (እንግሊዝኛ ከም ካልኣይ ቋንቋ)
- ሓገዝ ምንዳይ ስራሕ (ንስራሕ ምቕራብን ሞያዊ ስልጠናን)
- ኣገልግሎት ምትርጓም

ማሕበር ሓድሕድ ምትሕግጋዝ (MAA) ተባሂለን ዝፍለጣ፡ ኣብ ብዙሓት ኮምዩኒቲታት ከኣ ተዘርጊሐን ዝርከባ ብሕታውያን ናይ ምትሕግጋዝ ውድባት ኣለዋ። እዘን ዓይነታት ውድባት እዚኣተን፡ ኣባላተን ንገዛእ ርእሶም ቀደም ከም ስደተኛታት ወይ ከም ምጻእያ ዝኣተዉ ክኾኑ ከለው፣ ዕላማአን ነቶም ንኮምዩኒቲኦም ሓደስቲ ዝኾኑ ስደተኛታት ምሕጋዝ'ዩ። ማሕበራት MAA ካብ ዘወፍያኦ ዓይነት ሓገዛት ገሊኡ ንምጥቃስ፥ ስሩዕ ምክፋል ኣፍልጦ ኮምዩኒቲ፡ ኣገልግሎት ምትርጓም፡ ሓገዝ ምንዳይ ስራሕ፡ ትምህርቲ እንግሊዝኛ ንስደተኛታትን ንካልኦት ምጻእያን፡ ክጥቀስ ይከኣል።

ከም ቤተ-ክርስትያናትን መሳጊድን ሲናጎጋትን ዝበላ ሃይማኖታውያን ትካላት'ውን ዝተፈላለየ ኣገልግሎት የወፍያ ኢየን። ገለ ካብኣተን ትምህርቲ ESL ንዓበይቲን፡ መቖጻጸልታ ስሩዕ ትምህርቲ ንቖልዑን ክህባ ከለዋ፣ ካልኦት ድማ፡ ዘገልገለ ክዳውንትን ኣቕሑት ገዛን ይዕድላ። ገለ ካልኦት'ውን፡ ብዕድመ ንዝደፍኡ ዓበይቲ ዝጠቅም መደባት የቕርባ።

## መንግስታዊ ሓገዝ

ኣጀንስያታት ማሕበረ-ሰባዊ ኣገልግሎት መንግስቲ፡ ነቲ ኮምዩኒቲ ዝተፈላለየ ኣገልግሎታት የቕርባ። ከም ሰብ ትሑት-እቶት ስድራቤታትን፡ ሰፈር-ኣልቦታትን፡ ግዳይ ኣካል-ስንኩልነት ዝኾኑን፣ ፍሉይ ኣቓልቦ ዝግብኦም ሰባት ይሕግዛ። ስደተኛታት፡ ንብዙሕ ካብቲ ብመንግስቲ ዝወሃብ መደባት ሓገዝ ይበቕዑዎ እዮም። እዞም መደባት እዚኣቶም፡ መብዛሕትኡ ጊዜ ብመንግስታዊ ቤት-ጽሕፈት ማሕበረ-ሰባዊ ኣገልግሎት ይመሓደሩ፣ ኣብ ገገሊኡ ግን ብብሕታዊ ወይ ወለንታዊ ውድብ ወይውን ዋላ ብኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ ክመሓደሩ የጋጥም'ዩ።

መንግስታውያን ፕሮግራማት፡ ንዕድል ምስታፎም ብዝምልከት፡ ጽኑዕ ናይ ጊዜ ገደብን መሪሕ ሕግጋትን ይኽተሉ። ናይ ምስታፍ ዕድል ንምርካብ፡ ኣመልከቲ፡ ዝተዳለወ ቅጥዒ ብምምላእ፡ ጭቡጥነት እቶቶምን ካልእ ውልቃዊ ሓበሬታኦምን ከመስክሩ ኣለዎም። ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳኹም፡ ብዛዕባ እዞም ፕሮግራማት፡ እትበቕዑን ዘይትበቕዑን፡ ኣገባብ ምልክታ ምቕራብን፡ ክንድቲ ዝድለ ክትተሓባበረኩም'ያ።



እቶም ንስደተኛታት ኣብ ምሕጋዝ ዝረአዩ ቀንዲ ፕሮግራማት መንግስቲ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም፥

**ፕሮግራማት ገንዘባዊ ሓገዝ።** ስራሕ ምርካብ ንዘይከኣሉ ሰባት ጊዜያዊ ሓገዝ ዝገብራ ክልተ ፕሮግራማት ኣለዋ፤ ንሳተን ድማ፡ እታ ሓንቲ፡ Temporary Assistance to Needy Families (TANF) (ጊዜያዊ ሓገዝ ንጽጉማት ስድራ-ቤታት) እትበሃል፡ ነብሶም ዘይከኣሉ ቈልዑ ንዘለውዎም ወለዲ እትሕግዝ ክትከውን ከላ፣ እታ ካልኣይቲ ድማ፡ Refugee Cash Assistance (RCA) (ገንዘባዊ ሓገዝ ንስደተኛታት) እትበሃል፡ ንዘይምርዑዋትን ቈልዑ ዘይብሎም ምርዑዋትን እትሕግዝ ኢያ። መብዛሕትኡ ጊዜ፡ ንገንዘባዊ ሓገዝ ንኽበቕዑ እቶም ስደተኛታት ወይ ኣብ ፕሮግራም ስልጠና ንስራሕ ክሳተፉ ወይ'ውን ስራሕ ይናድዩ ከምዘለዉ ክርእዩ ይግብኦም። ገንዘባዊ ሓገዝ ንውሑድ ኣዋርሕ ጥራሕ'ዩ ዝጸንሕ።

**ፕሮግራም ተመጣጣኒ ውህብቶ።** ብዙሓት ኣጀንስያታት ዳግመ-ጥየሳ፡ ነቶም ስራሕ ክሕዙ ዝደልዩ ግን ከኣ ቅድሚኡ ገንዘባዊ ሓገዝ ዘድልዮም ስደተኛታት፡ ኣብ ክንዲ ሓገዝ ገንዘብ ጥራሕ ምግባር ኣብዚ ፕሮግራም'ዚ የሳትፉኦም። ኣብዚ ፕሮግራም'ዚ ዝሳተፉ ስደተኛታት፡ ብዝከኣል መጠን ቀልጢፎም ስራሕ ክጅምሩ ይማባጽዑ፤ ከም መባድልቲ ናይዚ ዝኣትውዎ መብጽዓ ከኣ፡ ኣብ ውሽጢ'ተን ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝጸንሑለን 4 ኣዋርሕ፣ ዝያዳ ገንዘባዊ ሓገዝን፡ ማዕዳ ምድላው ንስራሕን፡ ኣገልግሎት ምእታው ስራሕን ይገብራሎም።

ፉድ ስታምፕስ። እዚ ብፈደራላዊ መንግስቲ ዝካየድ፡ ንስብ ትሑት-እቶት ተቐማጦ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝፍቀድ ናይ ምግቢ ሓገዝ'ዩ። ስደተኛታት ከኣ ኣብቲ ከባቢኦም ዘሎ ዞባዊ ቤት-ጽሕፈት መንግስቲ ብምኻድ ንናይ "ፉድ ስታምፕስ" ሓገዝ ከመልክቱ ይኽእሉ። መጠን ናይቲ ዝፍቀድ ሓገዝ ምግቢ፡ ብቝጽሪ ስድራን መጠን እቶትን ይውሰን። እዚ "ፉድ ስታምፕስ" ዝበሃል፡ ክንዲ ገንዘብ ኰይኑ ዘገልግል፡ ዓይነት ምግቢ ዝኾኑ ነገራት ጥራሕ ዘግዝእ፡ ፕላስቲክ ዝሰርሓቱ ካርድ ኢዩ። ከም ሽጋራ፡ ኣልኮላዊ መስተ፡ ዳያፐር፡ ማለት፥መስተር ቀልቀል-ሽንቲን ዝተፈላለየ ዓይነት ወረቓቕትን፡ ዓይነት ሳሙናታትን ወ.ዘ.ተ ዝኣመሰሉ፡ ካብ ምግቢ ወጻኢ ዝኾኑ ነገራት ንምግዛእ ኣይጠቅምን።

ካልእ ክርከብ ዝኽእል ዓይነት ፕሮግራም ፈደራላዊ ሓገዝ ምግቢ፡ Women, Infants and Children (WIC) ዝበሃል ኰይኑ፣ ንጥኑሳት ወይ ውልዶ ሕጻውንቲ ንዘለወን፡ ክሳብ 5 ዓመት ንዝዕድሜኦም እግረ-ተኽሊ ሕጻውንቲ ዝወሃብ መመላእታ ምግብን ትምህርቲ ጥዕናን ኢዩ።

**ሳፕሊመንታል ሰክዩሪቲ ኢንካም** (SSI)። እዚ ፕሮግራም'ዚ ንዓይነ-ስዉራንን ኣካለ-ስንኩላንን ንልዕሊ 65 ዓመት ዝዕድመኦምን ዝፍቀድ ፈደራላዊ ሓገዝ ገንዘብ ኢዩ። ነዚ ዝበቕዑ ስደተኛታት ኣብ ቤት-ጽሕፈት "ሶሻያል ሰክዩሪቲ" ብምኻድ የመልክቱ። እዚ ቤት-ጽሕፈት'ዚ እቲ ሶሻያል ሰክዩሪቲ ካርድ'ውን ዝፈቅድ ቦታ ምዃኑ ኢዩ።

**ሓገዝ ጸዓት**። እዚ'ውን ፈደራላዊ ፕሮግራም ኰይኑ፡ ነቶም እቶቶም ውሑድ ዝኾኑ ሰባት፡ ንመውዓዪን መዝሓሊን ኣባይቶም ዝኽፈል ገንዘባዊ ወጻኢ ንምኽፋል ዝውዕል ሓገዝ'ዩ። ስደተኛታት ኣብ ዞባዊ ቤት-ጽሕፈት መንግስቲ ብምኻድ ንሓገዝ ጸዓት ከመልክቱ ይኽእሉ። እዚ ፕሮግራም'ዚ ኣብ ኵሉ ቦታታት ዝርከብ ኣይኰነን።

**ፕሮግራማት ሓገዝ መውዓል ሕጻናት**። ኣብ ሓድሓደ ኮምዩኒቲታት፡ ንስብ ትሑት-እቶት፡ ብነጻ ወይ ብትሑት-ዋጋ ኣገልግሎት መዋዕለ-ሕጻናት ዝህቡ ኣለዉ። እዚ መደባት'ዚ ብፈደራል መንግስቲ ዝምወል ብቤት-ጽሕፈት ዞባዊ መንግስቲ ወይ ብከም ማእከል መውዓል ሕጻናት ዝበለ ማእከል ይመሓደር። ንኽሰርሑ ወይ'ውን ስራሕ ንኽናድዩ ምእንቲ፡ ኣገልግሎት መውዓል ሕጻናት ዘድልዮም ወለዲ፡ እዚ ዓይነት ሓገዝ ክፍቀደሎም ይኽእል።

# ህዝባዊ ኣገልግሎታት

ዝኾነ ኮምዩኒቲ፡ ንኹሎም ተቐማጠ ዝፍቀድ ዓይነት ህዝባዊ ኣገልግሎታት ይርከቦ ኢዩ። ብዛዕባዚ ኣገልግሎታት ኣፍልጦ ምጽናሕ፡ ነቲ ዘሎ ዕድላት ተጠቒምኩም ምስ ናብራ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ንምውህሃድ የኽእለኩም። ገለ ካብተን ኣዝየን ኣገደስቲ ዝበሃላ ህዝባውያን ኣገልግሎታት ቀጺለን ይጥቀሳ፥

**ፖሊስ።** ፖሊስ፡ ሕጊ ከምዝኽበር ይገብሩ፤ ድሕነት ህዝቢ'ውን የረጋግጹ። ከምኡ'ውን ንጠለባት ህጹጽ ሕክምናዊ ኩነታት ይምልሹ፤ ንዝጠፍኡ ሰባት ይተሓባበሩ፤ ሕድሕዳዊ ዝምድና ሰፈራት ውሽጢ ከተማ ንምምሕያሽ'ውን ይጽዕሩ። ኣብ ኮምዩኒቲኹም ንሓለዋ ሮንዳ ዝተመደቡ መኮንናት ፖሊስ፡ ወይ ብመኪና ወይ ብእግሮም ክዘውሩ ከጋጥሙኹም ይኽእሉ። ንዓኦም ክትፈርሕዎም ከይኰነስ ነቲ ስልጣኖም ክተኽብሩ ይግባእ። ሓደ መኮንን ፖሊስ ናባኹም ገጹ እንዳበለ ደው ክትብሉ ምስ ዝሓተኩም፡ ስምዕዎ። ምህዳም ከም ምልክት ኣበር ስለዝትርጐም፡ ናብ ዝበርትዐ ጸገም ከእትወኩም ይኽእል'ዩ። ንፖሊስ ገንዘብ ክትህቡ ከይትፍትኑ፤ ከምኡ ምግባር ዘይሕጋዊ ስለዝኾነ ብዙሕ መቕጻዕቲ ከኸትለልኩም ይኽእል። ምስ ፖሊስ ብቛንቋ ክትረዳድኡ ዘጸግመኩም እንተኾይኑ፡ ተርጓማይ ክቐርበልኩም ወይ ድማ ምስ ኣጀንሲ ዳግመ-ጥየሳኹም ክራኽቡኹም ሕተቱ።

**ኣገልግሎት ህጹጽ ኩነታት።** ኩሉ ኮምዩኒቲታት ክፍሊ ምጥፋእ ሓዊን ኣገልግሎታት ህጹጽ ሕክምናዊ ኩነታትን ይርከቦ ኢዩ። ኣብ ኣጋጣሚ ህጹጽ ኩነታት፡ ብተሌፎን 911 ደውሉ። እቲ "ኦፐረይተር" ክቕበለኩም'ዩ። እንታይ ከምእትብሉዎ ተዳሊኹም ጽንሑ፤ ነቲ ብህጹጽ ዝድለ ኣካል፡ ፖሊስዶ'ስ ወይስ ምጥፋእ ሓዊ ዋላስ ኣምቡላንስ፣ ዘለኹምዎ ቦታ ድማ ሓብሩ። ብእንግሊዝኛ ክተረድኡ ዘይትኽእሉ እንተኾይንኩም፡ "ሄልፐ" ወይ "ኢመርጀንሲ" ጥራሕ በሉ፤ ነቲ ተሌፎን ድማ ኣይትዕጸዉዎ። ተሌፎን ከይተዓጸወ ምጽንሑ ንኦፐረይተር ኣበይ ከምዘለኹም የፍልጦ ኢዩ።

**ኣብያተ-ንባብ።** ብዙሓት ኮምዩኒቲታት፡ መጻሕፍትን ማጋዚናትን ሓበሬታታት ናይቲ ኮምዩኒቲ ዝሓዛ ናይ ህዝቢ ኣብያተ ንባብን ይርከበን። መብዛሕትአን ኣብያተ ንባብ፡ ንቑልዑ ዝጠቅም ንጥፈታት ዝሓዘ ፍሉይ ክፋል'ውን ይርከበን። ናይ ቤተ-ንባብ ካርድ እንተደኣ ኣውጺእኩም ንገለ ሰሙናት መጻሕፍቲ ተለቂሕኩም ክትወስዱ ትኽእሉ። እቲ መጻሕፍቲ ኣብ ጊዜኡ ክትመልሱዎ ይግባእ፤ እንተዘይኰነ ግን ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ የኽትል'ዩ።

**መናፈሻታትን መሳገልን።** እተን ናይ ከባቢ መናፈሻታት፡ መዛነዪ ቦታታትን መጻወቲ ባይታን ናይ ስፖርት ሜዳታትን ይርከበን። ኣብ ርእሲኡ'ውን፡ ክፍሊ መናፈሻታትን መሳገሊን ከባቢኹም፡ ከም ጋንታታት ጸወታ ሕጻናትን፡ ናይ ስፖርት ጋንታታትን ናይ ኣረጋውያን ንጥፈታትን ዝበለ፡ ብነጻ ወይ ብትሑት ዋጋ ዝርከብ ቁም-ነገራት ከዳሉ ይኽእል። ኣብ ርእሲኡ፡ ናይ ስተይታትን ሃገራውያንን መናፈሻታት፡ ንመሳገሊ ዝጠቅም ጽባቔኡን ግርማታቱን ኣእምሮ ዘዛኒ ከም ጎቦታትን፡ ኣግራብን፡ ቀላያትን፡ ወሓይዝን፡ ገማግም ባሕሪን ዝበለ ርሒብ ቦታታት ሓዚአን የካይዳ። ብዙሓት መናፈሻታት ብዛዕባ'ቲ ዝፍቀድ ንጥፈታት ዘረድእ ሕግታት ኣለወን። ገለ መናፈሻታት ብነጻ ክኸውን ከሎ እቲ ዝተረፈ ድማ መእተዊ የኽፍል።

ሓበሬታ ብዛዕባ'ቲ ካልእ ዘይተጠቕሰ ኣገልግሎታት ኮምዩኒቲ፡ ኣብቲ ትምህርትን ጥዕናን ዝብል ምዕራፍ ይርከብ።








ልክዕ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ እትው ኣብ እትብሉሉ፡ ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳኹም፡ እትቕመጡሉ ቦታ ኣዳልያ ትጽበየኩም። እቲ ቦታ ኣቕሒት ገዛን መሰረታዊ ቀረባትን ክህልዎ ኢዩ። መጀመርታ፡ ምናልባት ምስ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ቅድም ኢሎም ዝተጣየሱ ኣዝማድኩም ወይ ምስ ብፍቓዶም ዘሰፍሩኹም ሰባት ትቕመጡ ትኾኑ። ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ኣብ ኣፓርታማ ወይ ኣብ ሆቴል ወይ ድማ ናብ  ኣጀንስያ ማእከል ምእንጋድ ትውሰዱ ትኾኑ። ሓደ ርእስኹም እንተኾይንኩም ድማ፡ ንጊዜኡ፡ ናብ ካልኦት ሓደ ርእሶም ትጸንበሩ ትኾኑ።


ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ፡ ነታ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ እትኣትዉላ ቀዳመይቲ ወርሒ፡ መቐመጢ  ክትክእለልኩም ይግባእ። ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝቕመጡ ኣዝማድ እንተልዮምኹም፡ ምድላው ሰፈር ክገብሩ ይሕተቱ ይኾኑ።

## ሰፈር ምንዳይ

ኣባላት ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ፡ ልክዕ ድሕሪ ናብ ኣመሪካ ምእታውኩም፡ ብዛዕባ ቀዋሚ መንበሪ ከዘራርብኹም'ዮም። እቲ መንበሪ ናይ ምድላይ ጻዕሪ፡ ምስ ዓቕሚኹም ዝመጣጠን ነቲ ብኹሉ ሸነኻቱ ዘወጻጽእ ቦታ ምርካብ ብርቱዕ ስለዝኾነ፡ ብዙሕ ሰሙናት'ውን ክወስድ ይኽእል። ዋጋኡ ዝከኣል፡ ድሕነት ዘለዎ፡ ናብ ኣብያተ-ሸቐጥን ህዝባዊ መጓዓዝያን ናይ ቈልዑ ቤት-ትምህርቲን ቀረባ ዝኾነ ሰፈር ልዕሊ ኹሉ ይምረጽ።

ዝበቅዕ መንበሪ ቦታ ንምርካብ፡ ክትገብሩዎም ዝድለዩ ነገራት እነህዉ፥

- ምስ ኣባላት ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ ተዘራረቡ
- ካብ ኣባላት ስድራኹምን ፈተውትኹምን ምኽሪ ሕተቱ
- ካብ መሳርሕትኹም ምኽሪ ሕተቱ
- ኣብ ህንጻታት ባዕሉ ወይ ኣብ ዙርያኡ ዝተሰቕለ፡ “For Rent” ዝብል ምልክታዊ ጽሑፍ ተኸታተሉ
- ኣብቲ “Classified section” ዝብል ክፋል ዕለታዊ ጋዜጣ ተኸታተሉ



- ዝርዝር ዝካረዩ ኣፓርታማታትን ገዛውትን ዝርከቦም ጋዜጣታትን ማጋዚናትን ኣንብቡ
- ኣብ ህንጻታት ኣፓርታማ ዝርከቡ ቤት-ጽሕፈታት ምክራይ ከይድኩም ተወከሱ
- ኣብ ኢንተርነት ኣቲኹም ዝካረ ኣፓርታመንታታት ድለዩ

## ዓይነታት መንበሪ

መብዛሕትኦም ኮምዩኒቲታት ኣመሪካ ብዙሓት ዓይነት መንበሪ ይርከቡዎም፥

- ህንጻታት ኣፓርታማ
- ሓንቲ ስድራ ዝሕዝ ገዛውቲ
- Trailer Homes (ተጐታቲ መንበርታት)
- ኣብ ውሽጢ ገዛ ወይ ኣፓርታማ ተመቒሎም ዝወሃቡ ክፍልታት

መብዛሕትኡ ጊዜ፡ ነፍስ-ወከፍ ኣፓርታማ፡ ክሽነ ምስ እቶኑ፡ መሕጸብ ኣቕሑ፡ መዝሓል ምግቢ፣ መዕረፍን መመገብን ቦታ፣ ሓደ ወይ ዝያዳ መደቀሲ ክፍሊ፣ ሓደ ባኞ ምስ ሽቓቑ፣ ከምኡ'ውን ኣናእሽቱ መኽዘናት ይህልዎ። ካብ ኣፓርታማታት እቲ ዝነኣሰ ዓይነት፡ "ስቱድዮ" ዝበሃል ሓደ ክፍሊ ጥራሕ ኰይኑ፡ ንባኞን ሽቓቕን ዝሓዘ ተዓጻዊ ክፋል፡ ናይ ክሽነ ቦታ ከኣ ውግን ኢሉ ይርከቦ።



# ንመንበሪ ዝውዕል ወጻኢን ጉዳይ ድሕነትን

ንመንበሪ ዝውዕል ወጻኢ፥ ካብ ስተይት ናብ ስተይት፥ ካብ ከተማ ናብ ከተማ፥ ካብኡ ናብኡ'ውን፥ ኣብ ሓደ ኮምዩኒቲ ንርእሱ፥ ካብ ሰፈር ናብ ሰፈር ይፈላለ። ኣብ እትቕመጡዎ ኵሉ ግን፥ ንመንበሪ ዝውዕል ወጻኢ፥ እቲ ዝዓበየ ክፋል ወርሓዊ ወጻኢኹም ክኸውን'ዩ።

እቲ ዓቕምኹም ዘፍቅደልኩም ኣፓርታማታት ኣብ ገዛውቲ ሰብ ትሑት-እቶት ጥራሕ ክርከብ ይኽእል፣ እዚ ማለት ድማ፥ እቲ ዝበዝሐ ተርእዮ ገበናዊ ተግባራት ዝፍጸመሉ ገዛውቲ ምኻኑ ይፍለጥ። ኣብ እትቕመጡዎ ቦታ ብዘየገድስ ግን፥ ኵሉ ጊዜ ገዛኹም ዕጸዉ፤ ብልይቲ ክትረግጹዎ ዘይድለ ገዛውቲ'ውን ኣጽንዑ። ብዛዕባ ጻዕሪ ምክልኻል ገበን ንምዝራብ፥ ምስ መኮንናት ፖሊስ ከባቢ ተፋለጡ።

ኣብ ውሽጢ መበቈላዊን ዓሌታዊን ምትሕውዋስ ዝረኣዮ ገዛውቲ ክትነብሩ ምኻንኩም ግምት ክትሕዙ ይግባእ። ጐረባብትኹም ካብ ዝተፈላለያ ብሄራት ዝመጹ ወይ ዝተፈላለየ ውርሻ ዘለዎም ክኾኑ ይኽእሉ።



“ንዓና ኣዝያ ጽብቕቲ ኣፓርታማ’ያ ነይራ፡ ርኢናዮ ዘይንፈልጥ ነገራት ዝመልአት’ያ።



ሎሚ እዞም ኣብዚ ሰፈር ዝቕመጡ ኣዝዮም ድኻታት ምዃኖም ፈሊጠ። እቶም ኣፓርታማታት ኣናእሽቱን ዝተጻበቡን’ዮም።



ኣነን ደቀይን ብሓንሳብ ኰይንና፡ ነዚ መናድቕ ኣፓርታማ ፋሕፊሕና ኣብ ጽላሎት ጸሓይ ክሳብ ዘንጸባርቕ ገይርናዮ፤ ኣብ ማሙቕ ሰፈርና ድማ ክነሳፍሕ በቒዕና።”

# ውዕል ክራይን ሕግታት መንበሪን

ኣፓርታማ ወይ ገዛ ክትካረዩ ከለኹም፡ ስምምዕ ክራይ ወይ “ሊዝ” ክትፈራረሙ ይግባእ። እዚ ውዕል’ዚ ንኽልቴኹም፡ ማለት፥ ንዓኹም፡ ንተኻራዪን(tenant)፣ ንኣካራዪ፡ ዋና ህንጻን(landlord)፣ ብዓይኒ ሕጊ ማዕረ ዝሕሉ ሕጋዊ ወረቐት’ዩ። “ሊዝ”፡ ማለት፥ ውዕል ክራይ፡ ብዋና ህንጻ ክወርደኩም ንዝኽእል ዓመጻዊ ተግባር ይዓግተልኩም።

እቲ ሊዝ፡ መጠን ናይቲ ዝኽፈል ወርሓዊ ክራይ ኣፓርታማ ወይ ገዛ ይጠቅስ። ክራይ ክበሃል ከሎ፡ ነቲ “ዩቲሊቲስ” ተባሂሉ ዝፍለጥ፡ መሰረታዊ ኣድላዪነት ዘለዎ፡ ከም ኤለክትሪክን፡ ንምውዓይ ገዛ ዝድለ ነዳዲን፡ ማይን፡ ምልጋስ ጐሓፍን ዝኣመሰለ ቀረብ ኣገልግሎታት ዘጠቓልል ክኸውን ይኽእል፤ ገሊኦም ኣካረይቲ ድማ ነዚም ዝተጠቕሱ ኣገልግሎታት፡ ካልእ ተወሳኺ ክፍሊት ይሓቱ። ስለዚ፡ ቅድሚ ውዕል ክራይ ምፍርራምኩም፡ ነቲ ዋና ህንጻ፡ ውዕል ክራይኩም፡ ‘ዩቲሊቲስ’ ዘጠቓልልን ዘየጠቓልልን ምኽኑ ኣፍሊጥኩም ክትሓቱዎ ይግበኣኩም።

ውዕል ክራይ ክትፈራረሙ ከለኹም፡ ነዚ ቀጺሉ ዝቐርብ ዘሎ ውዕላት ትሰማምዑ ኣለኹም ማለት’ዩ፥

- ፍሉጥ ብዝሒ ኣብቲ ኣፓርታማ ወይ ገዛ ክቕመጡ ዘለዎም ሰባት
- መጠን ወርሓዊ ክፍሊት ክራይ
- ክራይ ክኽፈለሉ ዝግባእ መዓልቲ
- ኩነተ-ህላዌ ናይቲ ኣፓርታማ (ብጽሬትን ብዘይ ምብልሻውን ክተሓዝ ከም ዘለዎ)
- ቊጽሪ ናይቲ ክትጸንሑዎ እትወዓዓሉ ዘለኹም ኣዋርሕ (እቲ ልሙድ 12 ኣዋርሕ ኢዩ)
- ቅድሚ መዋእል ውዕል ምኽታሙ፡ ንኽትወጹ ዘስገድደኩም ወይ ዘፍቅደልኩም ኩነታት

ክራይ ገዛ ክትከፍሉ ዓቕሚ ከምዘለኩም ክተመስክሩ’ውን ትሕተቱ ትኾኑ። ስራሕ ዘየብልኩም እንተኾይንኩም፣ ዕዳኹም ብዕቱብ፡ ሰተት ከየበልኩም ትኸፍሉ ምኻንኩም ዘረጋግጽ፣ ዘጥረኹምዎ፡ Credit History (ንኡድ ታሪኽ ምኽፋል ዕዳ) ኣይክህልወኩምን’ዩ። በዚ ምኽንያትዚ፡ ክትካረዩ ንኽትክእሉ፡ “ኮሳይነር” ተባሂሉ ዝፍለጥ ከም ዋሕስ ዝሕሰብ፡ ጽቡቕ Credit History ዘለዎ፡ ምሳኹም ኣብቲ ሊዝ ዝፍርም ሰብ ክትረኽቡ ትግደዱ።

ተኻረይቲ፡ መብዛሕትኡ ጊዜ፡ ኣብቲ ሊዝ ዝፍርሙሉ እዋን፡ “ሰክዩሪቲ ዲፖዚት” ተባሂሉ ዝፍለጥ ትሕጃ ክኸፍሉ ይግደዱ ኢዮም።መጠን እቲ ገንዘብ፡ መብዛሕትኡ ጊዜ፡ ናይ ሓደ ወርሒ ክራይ ዝኣክል ኰይኑ፣ ውዕል ክራይ ኵሉ ኣማሊእኩም ምስ እትርከቡ፡ ትሕጃኹም ነቲ ሰፈር ኣብ እትለቁሉ ጊዜያት ይምለሰልኩም።

ነቲ ኣብ ሊዝ ዝፈረምኩምዎ ውዕል ምስ ኣትጥሕሱ ግን፡ ክትስጒጉ ይከኣል፤ (ማለት፥ብመንገዲ ካብ ኣፓርታማ ክትወጹ ዝእዝዝ መጠንቀቕታ) ናይ ትሕጃ ገንዘብኩም ክትከስሩ’ውን ትኽእሉ። ከም ኣብነት ንምጥቃስ፣ ብብዝሒ ከኣ ዝረኤ፣ ብዙሓት ስተይታትን ከተማታትን ቊጽሪ ናይ ኣብ ሓደ ውሱን ቦታ ክነብሩ ዝኽእሉ ሰባት ዝድርት፡ ሕግጋት መንበሪ ሰፈር ኣለወን። እዚ ከኣ፡ ስድራኹም ብዝሕ ዝበለት እንተኾይና፡ ካብ ሓደ ኣፓርታማ ዝያዳ ክትካረዩ ትግደዱ ትኾኑ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኵነታት፡ ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ፡ ብዝከኣል መጠን፡ ተጸጋጊያም ዝርከቡ ክልተ ወይ ዝያዳ ኣፓርታማታት ክትረኽበልኩም ትጽዕር።

ኣብ ኣፓርታመንታኹም፡ ካብቲ ሕጊ ዝፈቕዶ ብዝሒ ተቐማጦ፡ ዝያዳ እንተደኣ ሰፊርኩምዎ፡ ክትስጒጉ ትኽእሉ ኢኹም።

ሕግታት መንበሪ፡ ንኽልቴኹም፡ ማለት፥ ንኣካራዪን ንተኻራዪን’ዮም ዝምልከቱ። ዋናታት ህንጻ ብወገኖም፡ እቲ ንኽራይ ዘቕርቡዎ ሰፈር ብድሕነቱን ብጽሬቱን ንኽራይ ዝበቅዕ ደረጃ ሓልዩ ክነብር ሓላፍነት ይስከሙ። ዋና ህንጻ፡ ኣገልግሎት ኤለክትሪክን ምዕራይ ቱቦታትን ስርዓት ምውዓይ መንበሪን፡ ብብቕዓቱ ምስቲ ሕጊ ዝእዝዞ ዝዳረግ ምዃኑ ከረጋግጽ ኣለዎ፤ ከምኡ’ውን ዋና ህንጻ፡ “ስሞክ ዲተክተር” ዝበሃል፡ ትኪ ምህላው ዝሕብር መሳርሒ ከዋድድን፣ ንኣናጹን ካልኦት ባልዕን ሓሳኹን መከላኸሊ ዝድለ ክገብርን ሓላፍነት ይስከም። ሕግታት መንበሪ፣ ንዋናታት ህንጻ፡ ኣብ ዓሌትን ሃይማኖትን ሃገራዊ መበቈልን ዝተመርኰሰ ጕሌላ ከይገብሩ እውን ይቕይደም።








14 Street-Union Sq
Station


ON RED
QUIET ZONE
YIELD
STOP
ENTER



ኣብቲ ንመጀመርታ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ እትኣትዉሉ እዋናት፡ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ብእግሪ ንምኻድ ብዙሕ ጊዜ ክተጥፍኡ ኢኹም። ቀልጢፍኩም ድማ ህዝባዊ መጓዓዝያ ክትጥቀሙ ትጅምሩ፣ ካብኡ ሓሊፉ'ውን፡ ጸኒሑ፡ መኪና ወኒንኩም እትዝውሩሉ ጊዜያት ምምጽኡ ኣይክተርፍን።

ትርጉም ምልክታትን ትእምርታትን ትራፊክን፡ ሕግታት ጉደናታትን፡ ቀልጢፍኩም ክትርድኡዎ እንተኽኢልኩም፣ ምልማድ ኣጠቓቕማ ህዝባዊ መጓዝያን ምዝዋር መኪና ኣብ ሕቡራት መንግታት ኣመሪካን ዝቐለለ ክኾነልኩም'ዩ።

## ህዝባዊ መጓዓዝያ

ህዝባዊ መጓዓዝያ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ካብ ኮምዩኒቲ ናብ ኮምዩኒቲ ይፈላለ። ዓበይቲ ከተማታት ንኣብነት፥ ህዝቢ ናብ ኵሉ ሸነኻት ከተማ ዘወሳውሰለን፡ ኣውቶቡሳትን ባቡራት ትሕቲ-ምድርን ናይ ወፊሮም-ኣተውቲ ባቡራትን ኣለውአን። ታክስታት'ውን ኣለዋ፤ ግን ከኣ፡ መብዛሕትኡ ጊዜ፡ ይኸብራ። ኣብ ካልእ ከባቢታት ግን፡ ህዝባዊ መጓዓዝያ ብቐሊሉ ኣይርከብን። ስለዚ፡ እታ ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳኹም፡ ዝርዝር ሓበሬታ ህዝባዊ መጓዓዝያ ኮምዩኒቲኹም ልክዕ ድሕሪ ምእታውኩም ክትህበኩም'ያ።

## መኪና ምውናንን ምዝዋርን

ኣብቲ ህዝባዊ መጓዓዝያ ዘይርከቦ ወይ ዘይጥዕም ከባቢታት፡ ናትኩም መኪና ክትሕዙ ትግደዱ ትኾኑ።መኪና ምውናን ጸገማት የቃልል'ዩ፤ ግን ከኣ፡ ዝያዳ ወጻኢ ድማ ኣለዎ። ብተወሳኺ፡ ምስ ምውናን መኪና ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝመጹ ብዙሓት ሓላፍነታት ድማ ኣለው።

እቶም ንመኻይንን ንዘወርቲ መኻይንን ዝቈጻጸሩ ሕግታት፡ ብምምሕዳራት ናይተን ስተይታት'ዮም ዝወጹ። ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳኹም፡ ሓበሬታ ብዛዕባ ሕግታት ናይታ እትቕመጡላ ስተይትን፡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ መኪና ንምዝዋር ዘዳሉ ፍቓድ ኣበይ ከይድኩም ክተውጽኡ ከምእትኽእሉ ዝገልጽ መረዳእታን ከካፍሉኹም'ዮም።

ብሕጋዊ መንገዲ መኪና ምዝዋር ንኽትክእሉ፡ ካብቲ ዞባኹም መዘወሪ ፍቓድ ክተውጽኡ ይግባእ። እቲ "ኢንተርናሽናል ላይሰንስ" ዝበሃል ከም መተካእታ ክውሰድ ተቐባልነት የለን። ብዘይ ፍቓድ ምስ እትዝውሩ፡ ወይ ብገንዘብ ክትቕጽዑ ወይ ድማ ናብ ማሕቡስ ክትውሰዱ ትኽእሉ ኢኹም። መኪና ንኽትዝውሩ ዕድመ ይሓትት፤ ርግጸኛ ቍጽሪ ናይቲ ዝሕተት ዕድመ ግን፡ ካብ ስተይት ናብ ስተይት ይፈላለ።




መዘወሪ ፍቓድ ንምውጻእ፡ ቅድም ናብ “ዲፓርትመንት ኦፍ ሞቶር ቨሂክልስ” (DMV) ትኸዱ፤ ቀጺልኩም መርመራ ዓይኒ ትሓልፉ፤ ድሕሪኡ ብጽሑፍ ዝግበር መርመራ ሕግን ሕግጋትን ምዝዋር ትሓልፉ፤ ኣብ መወዳእታ ድማ ምዝዋር ብቐንዱ ክትሓልፉ ይግባእ። ምልክታ ፍቓድ ክተቕርቡ ከለኹም፡ ናይ ምልክታ ክፍሊት ድማ ኣሎ። መዘወሪ ፍቓድኩም፡ ስእልኹም፡ ስምኩም፡ ኣድራሻኹምን ዕለተ-ልደትኩምን የርኢ፤ ኣቐዲሙ ኣብ ዝፍለጥ፡ ኣብ ዝተወሰነ ዓመታት ድማ ክሕደስ ይግባእ።

ምጥሓስ ሓድሓደ ሕግታት፡ ናይ ምዝዋር ፍቓድኩም ከስእነኩም ይኽእል። ንኣብነት፥ መጠኑ ዘተኣደነ ኣልኮላዊ መስተ ሰቲኹም ከለኹም ክትዝውሩ እንተ ተታሒዝኩም፣ ፍቓድኩም ክትሕደጉ፡ ወይ ከቢድ መቕጻዕቲ ገንዘብ ክወርደኩም፡ ወይ’ውን ንማእሰርቲ ክትፍረዱ ትኽእሉ። ዋላ ናብ ሃገርኩም’ውን ክትባረሩ ይከኣል’ዩ።


መኪና ግዝእ ምስ ኣበልኩም፡ ኣብ DMV ክተመዝግቡዋን ንድሕነት ሰብ ከምዘይተስግእ ንምርግጋጽ ክተመርምሩዋን ይግበአኩም። “ኢንሹራንስ”፡ ማለት፡ መድሕን ክትኣትዉላ ይግባእ። ኢንሱራንስ፡ ካብ ብሕታውያን ናይ ኢንሹራንስ ካምፓኒታት ይግዛእ። ዋጋ ኢንሹራንስ ዝውስኑ ብዙሓት ረቛሕቲ ኣለው፥ ንሳቶም ድማ፡ እትቕመጡሉ ከባቢ፡ ዕድሜኹም፡ ብዝሒ ነታ መኪና ዝዝውሩዋ ሰባትን ናይ ምዝዋር ታሪኽኩምን ኢዮም። ካልእ ክትፈልጡዎ ዝግባእ ነገር፣ ናይ ነዳድን፡ ምጥቃብ መኪናን መዓርፎ መኪናን ወጻኢ ኣሎ።

# North America




New York ➝ Los Angeles (2,911 Miles/4,684 Kilometers)
New York ➝ Chicago (818 Miles/1,316 Kilometers)
New York ➝ Miami (1,325 Miles/2,132 Kilometers








መብዛሕትኦም ኣመሪካውያን፡ ነቲ ነብስኻ ምኽኣል ዝብል ብሂል ዓብዪ ክብሪ ይህቡዎ። ብዕድመ ዝኣኽሉ ሰባት ኵሎም፡ ኣብ ክንዲ ተጸበይቲ ገንዘብ መንግስቲ ኰይኖም ዝተርፉ፡ ጽዒሮም ርእሶም ክኽእሉን ስድራ-ቤቶም ክጥውሩን ይግባእ ኢሎም ይኣምኑ። በዚ ምኽንያት'ዚ እምበኣር፡ ስራሕ ምርካብ ኣገዳሲ ቀዳምነት ዝግብኦ ጉዳይ ኰይኑ፣ ስደተኛታት፡ ኣብተን ቀዳሞት ኣዋርሕ ናይ ሕቡራት መንግታት ኣመሪካ ምቅማጦም፡ ንስራሕ ምንዳይ ብቐዳምነት ይተሓሓዙዎ።

ኣብ ምጅማርኩም፡ ዋላ ክፍሊቱ ይውሓድ፡ ምስ ናይ ቀደም ሞያኹም ዘይመሳሰል'ውን ይኹን፡ ነቲ መጀርያ ዘጋጥመኩም ስራሕ ክትቕበሉዎ ትጽቢት ይግበረልኩም። መብዛሕትኦም ኣመሪካውያን፡ ካብ ስራሕ ዘይብልካ ምትራፍ፡ ዝኾነ ስራሕ ምስራሕ ይምረጽ ይብሉ።

ስራሕ ምቍጻር፡ ብመንግስቲ ይኹን ብኣጀንሲ ዳግመ-ጥየሳኹም፡ ውሕስነት ዝግበረሉ ጉዳይ ኣይኰነን። ኣገልግሎት ምቍጻር ስደተኛታት፡ ኣብ ጻዕሪ ምንዳይ ስራሕ ክሕግዘኩም'ዩ፤ እንተኾነ ግን፡ ንስኹም ንርእስኹም ተጊህኩም እንተ ዘይተሳተፍኩምዎ ስራሕ ኣይክትረኽቡን ኢኹም።

## ዓይነታት ስራሕ

ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ሰለስተ ሓፈሻዊ ዓይነት ምቍጻር ስራሕ ኣሎ፥ ስልጠና ዘይሓትት ስራሓት፡ ክኢላዊ ስራሓት፡ ከምኡ ድማ ሞያዊ ስራሓት። ንነፍሲ-ወከፍ ዓይነት ስራሕ፡ ደላዪ ስራሕ ክህልዎ ዝሕተት መጠን ተመክሮን ስልጠናን ይፈላለ።

**ስልጠና ዘይሓትት ጉልበታዊ ወይ ኤንትሪ-ለቨል ስራሕ** ውሱን ስልጠናን ተመክሮን ይሓትት። ኣብነት ናይ ኤንትሪ-ለቨል ስራሕ፡ ከም ናይ ሆቴል ሰራሕተኛታት፡ ናይ ቤት-ምግቢ ሰራሕተኛታት፡ ከምኡ'ውን ናይ ፋብሪካ ሰራሕተኛታት ክጥቀሱ ይከኣል። እዞም ዝተጠቕሱ ስራሓት ኣከፋፍላኦም ብሰዓት ዝሕሰብ ኰይኑ፡ እንግሊዝኛ ምምላኽ ዝሓቱ ኣይኰኑን። ብዙሓት ስደተኛታት፡ ንቕድሚኦም እንግሊዝኛ እንዳተመሃሩ ወይ ካልእ ስልጠና እንዳወሰዱ ከለው፡ ነዚ ዓይነት ስራሕ'ዚ ይሰርሑ።



ስልጠና ዝሓትት ጕልበታዊ ስራሕ ስልጠና ዝሓትትን፡ ልዕል ዝበለ ደረጃ እንግልዝኛ ዘድልዮን ኣብ ዓውደ-ስራሕ'ውን መጠነኛ ደረጃ ክእለት ዝጠልብን'ዩ። ኣብነታት ናይዚ፥ መካኒክ፡ ሰራሕተኛ ቍንጅና፡ ኤለክትሪሽያንን፡ ኮምፒዩተር ተክኒሽያንን ክጥቀሱ ይከኣል። ኣከፋፍላኡ ብሰዓት ወይ ኣብ ሰሙን ዝሕሰብ ኰይኑ፡ ካብ ናይ መብዛሕትኡ ኤንትሪ-ለቨል ዓይነት ስራሕ ዝያዳ ርቡሕ ኢዩ፤ ዋላ ካብ ሓድሓደ ዓይነታት ሞያዊ ስራሕ'ውን ይዛይድ። ብዙሓት ካብዞም ስልጠና ዝጠልቡ ስራሓት፡ “ላይሰንሰ” ምውናን ወይ ኣባል ማሕበር ምዃን ይሓቱ። ካብ ሃገርኩም ሒዝኩምዎም እትመጹ “ላይሰንስታት” ግን፡ ቅቡላት ዘይክኾኑ ይኽእሉ፤እንተኾነ ግን፡ እንግሊዝኛ ተማሂርኩም፡ ዘድሊ ትምህርቲ ብምውሳድ፡ ናይ ሕ.መ.ኣ ምስክር-ዕዮ ወይ ‘ሰርትፊከት’ ክተውጽኡ ትኽእሉ ኢኹም።

ሞያዊ ስራሕ መብዛሕትኡ ጊዜ፡ ናይ ኮለጅ ዲግሪን ልዑል ምልኪ እንግሊዝኛን ኣብቲ ዓይነት ስራሕ ክብ ዝበለ ክእለትን ይሓትት። እቲ ክእለታት ንኽተጥርዮ ነዊሕ ጊዜ ይወስድ። ብዙሕ ከም ሕክምናን ምምህርናን ዝኣመሰለ ስራሓት፡ ብተወሳኺ፡ ናይታ እትቕመጡላ ስተይት ላይሰንስ ወይ ሰርትፊከት ምውጻእ'ውን ይሓትት። ዋላ'ውን ናይ መበቈላዊ ሃገርኩም ላይሰንስ እንተጸንሐኩም፡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ብሞያኹም ንኽትሰርሑ፡ ተወሳኺ ትምህርትን ዳግም ሰርትፊከት ምውጻእን ይሓትት። መብዛሕትኡ ሞያዊ ስራሓት ኣከፋፍላኡ፡ ብመሃያ ኢዩ፤ እዚ ማለት ድማ፥ እቲ ክፍሊት፡ ኣብ ክንዲ ብሰዓት ዝግመት፡ ዓመታዊን ፍሉጥን ይኸውን።

## ደቀ-ንስትዮን ደቅ-ተባዕትዮን ኣብ ስራሕ

ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ደቅ-ተባዕትዮ ይኹኑ ደቀ-ንስትዮ ኵሎም ይሰርሑ። ካብቲ ጠቕላሊ ዓቕሚ ስራሕ፡ ፍርቂ፡ ደቀ-ንስትዮ ኢየን፤ ኣብ ኵሉ ጽፍሕታት ምስ ደቅ-ተባዕትዮ ሓደ ዓይነት ስራሕ ይሰርሓ፤ ብዙሕ ጊዜያት'ውን ናይ ደቅ-ተባዕትዮ ተቘጻጸርቲ ኰይነን የገልግላ። እዚ ኵሉ ካብቲ ዘዕበየኩም ልምዲ ይፍለ ይኸውን፤ ደቀ-ንስትዮ ካብ ገዛ ወጺአን ኣብ ስራሕ ክዋስኣ ምርኣይ ጋሻ ነገር ክኾነኩም ይኽእል'ዩ። እንተኾነ ግን፡ ክልቲኦም ወለዲ ኣብ ስራሕ ተዋፊሮም፡ ክልተ እቶት ክህልዎም ከሎ፡ ነታ ስድራ ናብ ቅልጡፍ ናይ ነብስኻ ምኽኣል ጉዕዞ የሰጋግራ። ልዕሊ 15 ዓመታት ዝዕድሚኦም ቈልዑ'ውን "ፓርት-ታይም" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ምጡን ሰዓታት ክሰርሑ ይፍቀደሎም'ዩ፤ ብዙሓት መንእሰያት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ድማ፡ ካብ ትምህርቲ ድሕሪ ምምላሶምን ኣብ ቀዳመ-ሰናብትን ኣብ ሰሙናት ዕረፍትን፡ ምጡን ሰዓታት ይሰሑ።

## ስራሕ ምንዳይ

ውልቃዊ ተበግሶ ምውሳድን ዘይምሕላልን፡ ስራሕ ንምርካብ እቲ ዝበለጸ ብልሓት ኢዩ። እንተኾነ ግን፡ ንጻዕርታትኩም ፍርያም ክገብሩ ዝኽእሉ ኣገልግሎታት'ውን እዞም ዝስዕቡ ኣለዉ፥

**ኣጀንስያታት ምጥያስን ኣገልግሎት ስራሕ ስደተኛታትን።** ቅድሚ ሕጂ፡ ኣባላት ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳን ኣገልግሎት ስራሕ ስደተኛታትን፡ ንብዙሓት ስደተኛታት፡ ናይ መጀመርታ ስራሖም ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ረኺቦምሎም ኢዮም። እትሓስቡዎ ኣካፍሉዎም፤ ምኽሮም ድማ ተቐበሉ። ብመንጽር እቲ ዘለኩም ክእለትን ተመክሮን፡ እንታይ ዓይነት ስራሕ ክትረኽቡ ከምእትኽእሉን ትጽቢትኩም እንታይ ክኸውን ከምዘለዎን ንምፍላጥ ክጠቕምኹም'ዮም።

**ህዝባዊ ኣጀንስያታት ስራሕ።** ነፍሲ-ወከፍ ስተይት፡ ብዘይ ክፍሊት ክሕግዛኹም ዝኽእላ ህዝባዊ ኣጀንስያታት ስራሕ ኣለዋኣ። ቤት-ጽሕፈታተን ኣበይ ከምዝርከባ ከኣ፡ ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳኹም ክትሕብረኩም'ያ።

**ፈተውትን ኣዝማድን።** ፈተውትኹምን ኣዝማድኩምን ካልኦት ቅድም ኢሎም ዝመጹ ኣባላት ኮምዩኒቲ ስደተኛታትን፡ ኣብቲ ዝሰርሑሉ ወይ ኣብ ካልእ ዝፈልጡዎ ትካላት፡ ክፉት ዕድል ስራሕ ከጋጥም ከሎ ክነግሩኹም ይኽእሉ።




**መብዛሕትአን ጋዜጣታት ሕቡራት መንግስታት “ሄልፕ ዎንትድ” ወይ “ኤምፕሎይመንት” ዝብል፡ ናይ ስራሕ ዕድላት ዝሕብር ክፋል ጋዜጣ ይርከበን።**


**ጋዜጣታት።** መብዛሕአን ጋዜጣታት፡ ኣብቲ “ሄልፕ ዎንትድ” ዝብል ክፋል ጋዜጣ፡ ንዘሎ ናይ ስራሕ ዕድላት ይዝርዝራኦ ኢየን።

**ብሕታውያን ኣጀንስያታት ኣቐጸርቲ ስራሕ ።** ብሕታውያን ኣቐጸርቲ ስራሕ፡ ነቲ ስራሕ ንምርካብ ዝገብራልኩም ሓገዝ፡ ክፍሊት ይሓታሉ ኢየን። ናይ ገሊአን መጠን ክፍሊት ኣዝዩ ብዙሕ ስለዝኾነ፡ ቅድሚ ምፍራምኩም ነቲ ውዕል ብርግጽ ክትርድኡዎ ይግበኣኩም። ዘይትርድኡዎ እንተደኣኰይንኩም ድማ፡ ንኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ ክትተሓባበረኩም ሕተቱ።

## ቈልዑ ምውዓል

በይንኹም ቈልዓ ተዕብዩ እንተደኣኰንኩም፡ ወይ’ውን ክልቴኹም ወለዲ ትሰርሑ እንተደኣኰይንኩም፡ ኣብቲ ኣብ ስራሕ እትርከቡሉ ጊዜ፡ ቈልዓ ዝጸንሐሉ ፕሮግራም ክተዳልዉ ኣለኩም። ገለ ስደተኛታት ዝጥቀሙሉ ብልሓት፡ ዘይሰርሑ ቤተ-ሰብ ከጽንሑሎም ወይ ከኣ፡ ናይ ስራሕ ሰዓታቶም ብምምዕርራይ፡ ኵሉ ጊዜ ሓደ ወላዲ ኣብ ገዛ ከምዝርከብ ምግባር’ዩ።

መብዛሕአን ኮምዩኒቲታት ኣገልግሎት ምውዓል ቈልዑ ይህባ ኢየን፤ ግን ከኣ፡ መብዛሕትኡ ጊዜ ክፍሊት ኣለዎ። ኣብ ገዝኦም እንዳኸፈሉ ቈልዓ ዘውዕሉ ውልቀሰባት’ውን ኣለዉ። ብዛዕባ ኣብ ኮምዩኒቲኹም ኣገልግሎት ምውዓል ቈልዓ ዝርከበሉ መንገዲ፡ ኣባላት ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ ከማኽርኹም ይኽእሉ ኢዮም።




ስራሕ ክትሰርሑ ፍቓድ ከምዘለኩም መረጋገጺ ክተርእዩ ግድነት ክኾነኩም'ዩ። መብዛሕትኦም ሰደተኛታት I-94፡ (ብCIS ማሕተም ፍቓድ ስራሕ ዝተሃርመሉ) ሶሽያል ሰክዩሪቲ ካርድ፡ ከምኡ'ውን ስእሊ ዘለዎ ሰነድ መንነት (ከም ኤምፕሎይመንት ኣውቶራይዘሽን ዶክዩመንት (EAD)፡ ፓስፖርት፡ ወይ ከኣ ፍቓድ ዘዋራይ) ይጥቀሙ። ናብ ናይ ስራሕ "ኢንተርቪው" ክትቀርቡ ከለኹም፡ ኵሉ ጊዜ ነቲ ቀንዲ ሰነዳት ሒዝኩም ክትቀርቡ ይግባእ፤ ቅዳሕ ተቐባልነት የብሉን።



## ንዕዉት ናይ ስራሕ ኢንተርቪው ዝሕግዙ ኣመታት

ምስ ሰብ ስራሕ ክትጋጠሙ ከለኹም፡ ንኢንተርቪው ክትቀርቡ ይግባእ። እቲ ኢንተርቪው ዘግብረኩም ሰብ፡ ብዛዕባ'ቲ ስራሕ ክገልጸልኩም'ዩ፣ ከም ትስፉው ስራሕተኛ መጠን ድማ ብቕዓትኩም ንምግምጋም ብዛዕባ'ቲ ስራሕ ክዛርበኩም'ዩ። ኣብ ልዕሊ ቴጻሪኹም ተመስጦ ንምሕዳር ክትገብሩዋ እትኽእሉ ነገራት ቀጺሉ ይቐርብ፥

**ልክዕ ኣብ ሰዓትኩም ተረኸቡ።** ሰዓታት ምሕላው፡ ንኣመሪካውያን ኣዝዩ ኣገዳሲ ጉዳይ ኢዩ። ኣብ መዓልቲ ኢንተርቪው እንተደንጒኹም፡ እቲ ተቘጻጻሪ ስራሕ፡ ኣብቲ መዓልታዊ ንስራሕ እትመላለሱዎ'ውን ክትድንጉዩ ምኺንኩም ይግንዘብ።

**ጽሬትኩም ሓልዉ፤ ኣከዳድናኹም ከኣ ብቑዕ ይኹን።** እንታይ ዓይነት ክዳን ምኽዳን ከምዝሓይሽ ንምፍላጥ፡ "ኤምፕሎይመንት ካውንስለር" ማለት፥ ኣማኻሪ ምቕጻር ስራሕ፡ ዘድሊ ሓበሬታ ክህበኩም'ዩ።

**ንተቘጻጻሪ ኣብ ዓይኑ ጠምቱዎ፤ ፍሽኽታ ኣርእዩ፤ ናይ ኢድ ምጭብባጥ ሰላምታ ድማ ተወሃሃቡ።** ኣብ ገለ ሃገራት ናብ ዓይኒ ምጥማት ከም ድፍረት ይሕሰብ፤ ኣመሪካውያን ግን ከም ምልክት ቅንዕና ይትርጉምዎ፤ ፍሽኽታን ናይ ኢድ ምጭብባጥን ድማ፡ ከም መምዘኒ ጽቡቕ ሕልና ይርድኡዎ።

**እቲ ስራሕ እንታይ ከምዝመስል ንምፍላጥ ሕተቱ።** ምሕታትኩም፡ ነቲ ተቘጻጻራይ ናይ ስራሕ ተገዳስነት ከምዘለኩም'ዩ ዘርእዮ።

**ርግእ ኢልኩም ክትረኣዩ ፈትኑ።** ኣብ ናይ ስራሕ ኢንተርቪው፡ ኵሉ ሰብ ይጭነቕ'ዩ። ኣባኹም ጥራሕ ዘጋጠመ ነገር ከምዘይኰነ ዘክሩ።

ቅድሚ ምቕጻርኩም፡ ብዙሕ ኢንተርቪው ክትሰግሩ ትግደዱ ትኾኑ ኢኹም። እዚ፡ ንዅሎም ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ስራሕ ዝናድዩ ሰባት ዘጋጥም ልሙድ ተርእዮ ኢዩ። ኣብቲ ናይ መጀመርታ ናይ ስራሕ ኢንተርቪው ክትቕጸሩ እንተዘይክኢልኩም፡ ፍናንኩም ክትንከፍ ይኽእል'ዩ፤ ግን ዓቕሊ ምግባር ክኣሉ። ፍናን እንተተጐዲልኩም፡ ንስለ ከተባብዑኹም፡ ንቤተ-ሰብኩም ኰነ ንኤምፕሎይመንት ካውንስለር መንገዲ ክፈቱሎም።



## “ፐይ”፡ “ዊዝሆልዲንግ”፡ “ዲዳክሽንስ”፡ “በነፊትስ’

በዓል ስራሕ፡ ስራሕ ንኽህበኩም ክሓስብ እንከሎ፣ እቲ ክፍሊት ክንደይ ክምዝኸውን፡ ብሰዓት ዝግምገም ክፍሊት ምኻኑ ወይ ዓመታዊ ደመወዝ ምኻኑ፡ እንታይ ዓይነት ሓለፋ በነፊት ከምዝርከቦ፡ መሃያኹም እትኽፈሉሉ ምዱብ እዋን መዓስ ከምዝኾነ፡ ኣብ ሰሙን ክንደይ ሰዓታት ክትሰርሑ ከምዝተመደበልኩም፡ ከምኡ’ውን ናይ ስራሕ ሰዓታትኩም መዓስ ከምዝኾነ፡ ኵሉ ይነግረኩም። ነቲ ዘይርድአኩም ነገር፡ ሓቲትኩም ተረድኡዎ።

መሃያኹም፡ ብስሩዕ፡ ኣብ ዝተመደበ ጊዜ ይኽፈለኩም፤ ማለት፥ ሓንሳብ ኣብ ሰሙን፣ ኣብ ከክልተ ሰሙን ወይ ከኣ ሓንሳብ ኣብ ወርሒ ይኸውን። ክፍሊትኩም እትርከቡሉ ኣገባብ ብ”ፐይቸክ” ማለት፥ ክንዲ ገንዘብ ዘገልግል ወረቐት ኰይኑ፡ ምስኡ ዝተተሓሓዘ “ፐይ ስታብ” (ቍራጽ ዝርዝር ክፍሊት) ድማ ኣለዎ። እቲ ቍራጽ ዝርዝር ክፍሊት፣ ነቲ “ቸክ” ኣብ እተሸርፉሉ ወይ ናብ ባንክ ኣብ እተእትዉሉ ጊዜ፡ ንጸብጻብ ተባሂሉ፡ ኣብ ኢድኩም ዝተርፍ ቍራጽ ወረቐት ኢዩ።

ኣብቲ ቍራጽ ዝርዝር ክፍሊት፣ “ግሮስ ፐይ”፡ ናትኩም “ዊዝሆልዲንግ”ን “ዲዳክሽንስ”ን “ነት ፐይ”ን (ማለት፥ ክፍሊት ብምሉኡን፡ ተታሒዙ ዝተርፍን፡ ተነክዩ ዝተርፍን፡ ጽሩይ ክፍሊትን) ተዘርዚሩ ይርከብ።

“ግሮስ ፐይ” ዝበሃል፡ ኣብታ ፍልይቲ ቅነ ስራሕኩም ዘጥረኹምዎ ጠቕላል እቶት ኢዩ። እዚ ማለት ከኣ፡ ቍጽሪ ዝሰራሕኩምወን ሰዓታት፡ በቲ ኣብ ሰዓት ዝሕሰበልኩም ክፍሊት ተራቢሑ ዝግምገም ውጽኢት’ዩ።

ቀረጽ በዓል ስራሕ፡ ቅድሚቲ ቸክ ንዓኹም ምሃቡ፡ ካብ ናይ ክፍሊት ቸክ፡ ቀረጽ የትርፍ። እዚ ካብ ናትኩም ቸክ ተቘሪጹ ዝተርፍ ቀረጽ፡ "ዊዝሆልዲንግ" ተባሂሉ ይፍለጥ። ስራሕ ክትጅምሩ ከለኹም፡ በዓል ስራሕ፡ ሓደ ቅጥዒ ክትመልኡ ክሓተኩም ኢዩ፤ እዚ ቅጥዒ'ዚ እቶትኩም ን"ኢንተርናል ረቨኑ ሰርቪስ" ሕ.መ.ኣ፡ (IRS)፣ (ማለት፥ እታ ቀረጽ እትእክብ ኣጀንስያ መንግስቲ) ንምሕባር ዘገልግል ቅጥዒ ኢዩ። ንበዓል ስራሕ ከኣ፡ መጠን ናይ ዊዝሆልዲንግ ክንደይ ምዃኑ ይሕብር። እዚ ኣትርፎት'ዚ ኣብ ሕጊ ዝሰፈረ ግዴታ ኢዩ። ን"ሶሽያል ስክዩሪቲ"ን "መዲኬር ታክስ"ን (ክልቲኡ ብኣሕጽሮት FICA ተባሂሉ'ውን ይፍለጥ) "ፌደራል ኢንካም ታክስ"ን ከምኡ'ውን፡ ኣብ ገለ ስተይታት ንዝሎ፡ "ስተይት ታክስ" ዝበሃልን የጠቓልል። መጠን ናይ ነፍሲ-ወከፍ ዓይነት ቀረጽ፡ ኣብቲ ቍራጽ ዝርዝር ክፍሊት ተመልኪቱ ይርከብ።

"ዲዳክሽንስ" ዝበሃሉ ድማ፡ ካብቲ ጠቕላል ክፍሊትኩም ዝቑረጹ ዓይነት ኢዮም። ረብሓኹምን በዓል ስራሕ ዝኸፍተልኩም ዕድልን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ናትኩም "ዲዳክሽን" ክንደይ ይኸውን ባዕልኹም ትውስኑዎ። ሰብ ስራሕ፡ ን"ዲዳክሽንስ"፣ ንመኽፈሊ ኢንሹራንስ ጥዕናን፡ ናይ ማሕበር ግቡእ ንምምላእን፡ ንናይ ህይወት ኢንሹራንስን ንናይ ጥሮታ መደብን ይውግንዎ።

"ነት ፕይ" ዝበሃል፡ ናይ ክፍሊት ቸክ፣ ዲዳክሽንን ዊዝሆልዲንግን ምስተወሰደ ዝተርፍ ናይ መወዳእታ መጠን ክፍሊት'ዩ።

ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ስርዓት ኣከፋፍላ መሃያ፡ ኣዝዩ ዝተወሳሰበ ኰይኑ ክትረኽቡዎ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ፕይቸክኩም ወይ ኣብ ቍራጽ ዝርዝር ክፍሊትኩም ዘይትርድእዎ ነገር እንተጋጢሙኩም፡ ሓገዝ ኤምፕሎይመንት ካውንስለር ወይ ኣባላት ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ ሕተቱ።

በዓል ስራሕ፡ ኣብ ርእሲ ምኽፋል መሃያ፡ ከም ኢንሹራንስ ጥዕና ዝኣመሰለ ኣገግሎታዊ ረብሓ'ውን ክቕርበልኩም ይኽእል'ዩ። ሓድሓደ ሰብ ስራሕ፡ ብዘይ ገለ ክፍሊት በነፊት፡ ኢንሹራንስ ጥዕና ይህቡ፤ ካልኦት ድማ በቲ ናይ ዲዳክሽንስ ኣቢሎም ንገለ ክፋል ናይቲ ወጻኢ ይሽፍኑልኩም። ኣብ ገለ ካምፓኒታት ከኣ፡ ሰራሕተኛታት ን 3 ወይ 6 ኣዋርሕ ኣቢሎም ምስ ሰርሑ ጥራሕ፡ እቲ ዕድል በነፊት፡ ንሰራሕተኛታት ይኽፈተሎም።



ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ንሓለዋ ጥዕና ዝኽፈል ኣዝዩ ብዙሕ ስለዝኾነ፡ ንስራሕ ክተመልክቱ ከለኹም፡ በነፊት ኢንሹራንስ ጥዕና ከኣ ብጣዕሚ ኣገዳሲ ጉዳይ ስለዝኾነ፡ ውሳኔኹም ነዚ ረብሓ'ዚ ኣብ ግምት ዘእቱ ክኸውን ይግባእ። ስለዚ ከኣ፡ ካብ ኢንሹራንስ ጥዕና ዘይርከቦ ግን ዝሓሸ ክፍሊት ዘለዎ ስራሕ፡ ክፍሊቱ ትሕት ኢሉ፡ ኢንሹራንስ ጥዕና ግን ዘለዎ ስራሕ ምሕራይ ዝሓሸ ምርጫ ክኸውን ይኽእል'ዩ።

በዓል ስራሕ፡ ካልእ መሃያ ዝኽፈሎ ጥዕናዊ ብኾራትን፡ ብርክት ዝበለ ናይ ዕረፍቲ መዓልታትን፡ ውጥን መደብ ጥሮታን ዝበሉ በነፊታት'ውን ክህልውዎ ይኽእሉ። እቲ መደብ ዕድላት በነፊት፡ ካብ ካምፓኒ ናብ ካምፓኒ ስለዝፍለ፡ በዓል ስራሕ ዝህቦ በነፊታት እንታይ ምኧኑ ኣጻሪኹም ክትፈልጡ ይግባእ። ኣብ ገለ ኣብነታት፡ ኣብ ሓደ ቦታ ንነዊሕ ምስራሕ፡ ነቲ በነፊት'ውን የዛይዶ።

ብሕጋዊ እማመ ዝተዋሕሱ ሰለስተ ካልኦት ስራሕ-ጠቀስ በነፊታት ድማ እዞም ዝሰዕቡ ኣለው፥

**ሶሻያል** ሰክዩሪቲ ዝበሃል ናይ ፈደራላዊ መንግስቲ ፕሮግራም ኰይኑ፡ ጥሮታ ንዝወጹ ሰባት ይሕግዝ። ብዝሒ ናይቲ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ዝኽፈሎ፡ ብመጠን ታሪኽ ኣበርክቶ መሃያ ኣብ ሕ.መ.ኣ ናይቲ ሰብ ይግምገም። በነፊት ሶሻያል ሰክዩሪቲ፡ ነቶም ብዊዝሆልዲንግ (ኣትርፎት) ኣቢሎም ን10 ወይ ካብኡ ዝያዳ ዓመታት ከበርክቱ ዝጸንሑ ጥራሕ ይፍቀድ።




**ኣንኤምፕሎይመንት ኮምፐንሰሽን** (ኢንሹራንስ ምብኳር ስራሕ) እዚ ፕሮግራም'ዚ ብናይ ስተይት ምምሕዳር ዝካየድ ኰይኑ፡ ነቶም ካብ ቍጽጽሮም ወጻኢ ብዝኾነ ምኽንያት፡ ስራሖም ዝሰኣኑ ሰባት፣ ንኣብነት፡ ሓደ ካምፓኒ ክዕጾ ከሎ፣ ዝፍቀድ በነፊት ኢዩ።

**ወርከርስ ኮምፐንሰሽን** (ካሕሳ ሰራሕተኛታት) ኣብ ናይ ስራሕ ቦታ ንዝተሃሰዩ ሰራሕተኛታት መሃያን ናይ ሕክምና ወጻእታትን ይኸፍል። መደባት ወርከርስ ኮምፐንሰሽን ብናይ ስተይት ንኡስ-መንግስቲ ይመሓደሩ።

## ብዛዕባ ንስራሕ ብጥረ-ገንዘብ ምኽፋል

ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ንስራሕ ብጥረ-ገንዘብ ምኽፋል፡ መብዛሕትኡ ጊዜ፡ ቀረጽ'ውን ኣይኽፈልን ዘሎ ማለት ስለዝኾነ፡ ሕጊ ዝጥሕስ ተግባር'ዩ። በዓል ስራሕ ብጥረ-ገንዘብ ክኸፍለኩም ከሎ፡ ነቲ ጠቕላል እቶት ኰነ፡ ነቲ ኣትርፎት ከምኡ'ውን ነቲ ጽሩይ እቶት ዘመልክት ቍራጽ ዝርዝር ክፍሊት ድማ እንተዘይተዋሂቡኩም፡ በዓል ስራሕን ንስኹምን፡ ክልቴኹም፡ ሕጊ ትጥሕሱ ኣለኹም። ካልእ ክትዝንግዑዎ ዘይግባእ ጉዳይ ድማ፡ ቀረጽ ክትከፍሉ ከለኹም፡ ነቲ ጸኒሑ ዝልገስ ናይ ሶሽያል ስክዩሪቲን ካሕሳ ሰራሕተኛታትን ረብሓ ምብኳር ስራሕን ንምክፋል ድማ ብቑዕ ሕጹይ ትኾኑ ኣለኹም ማለት'ዩ። ገንዘብ ኣእቲኹም፡ ቀረጽ ከይከፈልኩም ክትተርፉ ከለኹም፣ ቀረጽ ናይ ምጥፍፋእ ገበን ፈጺምኩም ማለት ኢዩ። እንተተረኺብኩም ድማ፡ ወይ መቕጻዕቲ ብገንዘብ ትኸፍሉ ወይ ድማ ትእሰሩ። ካብ ሃገር ክትባረሩ'ውን ትኽእሉ።






Kelly INN





















## መሰላት ቦታ ስራሕ

ከም ስደተኛ መጠን፡ ኣብ ቦታ ስራሕ፡ መሰልኩም ማዕረ ኣመሪካዊ ዜጋ ይምዘን። በዓል ስራሕ፡ መነባብሮ ስደተኛ ምኽንያት ብምግባር ኣብ ልዕሌኹም ጉሌላ ክፍጽም፣ ወይ'ውን ናይ ዕድመ፡ ናይ ሕብሪ ናይ ቁርበት፡ ናይ ኣካለ-ስንኩልነት፡ ናይ መነባብሮ ሓዳር፡ ናይ ኤትኒካዊ ወይ ናይ ሃገራዊ መበቈል፡ ናይ ዓሌት፡ ናይ ሃይማኖት፡ ወይ ናይ ጾታ ፍሉይነት ምኽንያት ብምግባር፣ ስራሕ ክኸልአኩም ወይ ምውሳኽ መዓርግ ክነፍገኩም ብሕጊ ክልኩል ኢዩ። እንተኾነ ግን፡ ከም ሓድሓደ ናይ ፈደራላዊ መንግስቲ ዝመሰሉ፡ ንኣመሪካውያን ዜጋታት ጥራሕ ክፉታት ዝኾኑ ስራሓት ድማ ኣለዉ። ከምኡ'ውን፡ ንስራሕተኛታት ካብ ሓደገኛ ኵነተ ስራሕን ጾታዊ በደልን ዝከላኸል፡ ሕግታት ምቍጻር ስራሕ ኣሎ።

## ምውህላል ዛንታ ስራሕን ዕላማ ምቍጻር ስራሕን

እታ ቀዳመይቲ ናይ ሕቡራት መንግስታት ስራሕኩም፡ ከም ንኡድ ስራሕተኛ ተፈላጥነት ክተጥርዩ፡ ንዓኹም ኣገዳሲት ስጉምቲ ክትከውን ኢያ። ዋላ'ውን ዘይትረብሕን ዘይተዕግብን ስራሕ መሲላ እንተተሰመዐትኩም፡ እንተወሓደ 6 ኣዋርሕ ክትጸንሑ መድቡ፣ ምኽንያቱ ድማ እቶም ጸኒሖም ዘጋጥሙኹም ሰብ ስራሕ፡ ክቈጽሩኹም ኣብ ዝሓስቡሉ ጊዜ፡ ብቕዓትኩም ንምግምጋም ናብ ሕሉፍ ዛንታኹም ተመሊሶም ስለዝጥምቱ ኢዩ።

ከምኡ'ውን ዝሓሸ ስራሕ ንምርካብ፡ ብኸመይ ክትበጽሑዎ ከም እትኽእሉ ዝእምት ናይ ሓዋሩ ዕላማ ክህልወኩም ይግባእ። ናብ ዝሓሸን ዝያዳ ዝኽፍልን ስራሕ ንምብጻሕ፡ ናይ እንግሊዝኛ ፍልጠትኩም ክተማዕብሉን ሓድሽ ክእለት ስራሕ ክተጥርዩን ይግባእ። ብናይ ቀደም ሞያኹም ንምስራሕ ድማ ተወሳኺ ትምህርታዊ ምድላውን ሰርትፊከሽን (ምስክርነት ብቕዓት) ምርካብን ይሓትት። ዕላማኹም ንምትግባር ኣብ ምትላም ኤምፕሎይመንት ካውንስለር ክተሓባብረኩም ይኽእል'ዩ።

ኣብቲ ናይ መወዳእታ ናይ ስራሕ ዕላማኹም ቅድሚ ምብጻሕኩም፡ ብዝተፈላለየ ዓይነታት ስራሕ ምሕላፍ ግድን ከይኰነ ኣይክተርፍን። እዚ ተርእዮዚ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ጋሻ ነገር ኣይኰነን፣ ብዙሓት ኣመሪካውያን፡ ኣብ ናይ ስራሕ መዋእሎም፡ ብዙሕ ምቅይያር ስራሕ የርእዩ ኢዮም። ኣብ ዕላማኻ ምብጻሕ ጊዜ ስለዝወስድ፡ ትዕግስቲ ምግባር የድሊ። ልዕሊ ኵሉ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ንኹሎም እቶም ኣበርቲዖም ዝጽዕሩ መሬት ትስፋው ዕድል ምኺና ምዝካር የድልየኩም።

# ኣብ ስራሕ ዘዐውቱ ኣመታት

ኣጀንስያታት ዳግመ-ጥየሳን ብዙሓት ስደተኛታትን ከምዝብሉዎ እዞም ዝስዕቡ ኣመታት፡ ነቲ ዘለኹምዎ ስራሕ ንምዕቃብ ይኹን ኣብ መጻኢ ሓድሽ ስራሕ ንምርካብ ክጠቕሙኹም ይኽእሉ።

**ኣብ ቦታ ስራሕ ኣብ ሰዓትኩም ተረኸቡ።** ሰብ ስራሕ፡ ናይ ስራሕ ሰዓታት ምሕላው ባህርያት፡ ብልዑል ኣኽብሮት ይጥምቱዎ፣ ስለዚ፡ ኵሉ ጊዜ ኣብ ሰዓትኩም ትርከቡ እንተደኣ ኰይንኩም፡ ኣብ ልዕሊ በዓል ስራሕ ጽቡቕ ተመስጦ ክተሕድሩ ኢኹም። ናብ ስራሕ ደንጉኹም ትበጽሑ እንተደኣ ኰይንኩም ከኣ፡ በንጻሩ ዋላ መሃያኹም'ውን ክጐድል ይኽእል።

**ብምኽናት ሕማም ስራሕ ምብኳር፡ ብጽኑዕ እንተተሓሚምኩም ጥራሕ ክኸውን ኣለዎ።** መብዛሕቶም ኣመሪካውያን ቅልል ዝበለ ሕማም እንተ ኰይኑ ስራሕ ኣየብኩሩን፣ ብዙሓት ስራሕ ኣብኵሮም ስለዘይፈልጡ፡ ንዕኡ ብሓበን ክዛረቡሉ ትረኽቡዎም።

**ካብ ስራሕ ምትራፍ ግድን እንተ ኰይኑኩም፡ ደውሉ።** ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት፡ ክትድንጉዩ ወይ ክትተርፉ ግድን እንተደኣ ኰይኑ፡ ኩሉ ጊዜ ንተቈጻጻሪኹም ደዊልኩም ንገሩ።

**ተመሓዘውቲ ኵኑ።** ሰዓታት ምሳሕን ዕረፍትን፡ ምስ መሳርሕትኹም ንምትሕውዋስ ጽቡቕ ዕድል ክኸውን ይኽእል። ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ከም ልሙድ ኣርእስታት ዕላል ዝውሰድ፡ ብዛዕባ ኵነታት ኣየር፡ ንጥፈታት ቀዳመ-ሰናብቲ፡ ምግቢ፡ ስፖርት ወ.ዘ.ተ ኣሎ። ባህልኹም ንካልኦት እተላልዩሉ ብዙሕ ኣጋጣሚታት'ውን ክህሉ ኢዩ፣ ብፍላይ ከኣ ኣብ ቅነ ውርሻዊ በዓላት።

**ኣብ ስራሕ ኣድማዕቲ ኹኑ።** ኣብ ሰዓታት ስራሕ ብተሌፎን ምስ ቤተ-ሰኩም፡ ምስ ፈተውትኹም፡ ወይ ምስ መሳርሕትኹም ምዕላል ኣይትዘውትሩ።

**ሕቶታት ምሕታት ፍተዉ።** ንሓደ ነገር ዘይትርድኡዎ እንተደኣ ኰይንኩም ሕተቱ። ብሓደ ወገን፡ ዝሓሸ ውጽኢት ስራሕ ትረኽቡሉ፣ ብቲ ካልእ ድማ፡ ክትመሃሩን ክትመሓየሹን ትጽዕሩ ስለዘለኹም፡ በዓል ስራሕ ከኽብረኩም ክጅምር'ዩ።

**ኣብ ዝተረኽበ ኣጋጣሚ፡ ሓድሽ ክእለትን ሓላፍነትን ተመሃሩ።** ተወሳኺ ሓላፍነት ክትርከቡ ቅሩብነት እንተደኣ ኣርኢኹም፡ ናብ ዝበለጸ ስራሕ ክትሰግሩ ትኽእሉ ትኾኑ።

**ስራሕ ክትለቁ ከለኹም፡ ኣፍሊጥኩም ጽንሑ።** ንሓደ ስራሕ ገዲፍኩም ናብ ካልእ ክትቅይሩ ከለኹም፡ ንበዓል ስራሕ፡ ብውሕዱ ክልተ ሰሙን ኣቐዲምኩም ሓብሩዎ። ሓድሽ ስራሕ ቅድሚ ምርካብኩም ከኣ ስራሕኩም ኣይትግደፉ።













ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፣ ዕድመ፡ ዓሌት፡ ሃይማኖት፡ ማሕበረ-ሰባዊ ደርቢ ብዘየገድስ፣ ናይ ትምህርቲ ዕድል ንኹሉ ክፉት'ዩ። መብዛሕትኦም ኣመሪካውያን፡ ንትምህርቲ፡ ከም ናብ ዝበለጸ ስራሕን ዝተመሓየሸ ደረጃ መነባብሮን ዘደይብ መሳልል ይቖጽሩዎ።

## ህዝባዊ ትምህርቲ ንቖልዑ

ካብ ደቂ 6 ክሳብ 16 ዓመት ዕድመ ንዝርከቡ ቖልዑ፡ ህዝባዊ ትምህርቲ ብነጻ ኰይኑ፡ ብሕጊ'ውን ግድነታዊ ኢዩ። እቲ ነጻ ህዝባዊ ትምህርቲ፡ መብዛሕትኡ ጊዜ፡ ካብ ደቂ 5 ዓመት ክሳብ 18 ኰይኑ፡ ብመጠኑ ከከም ሕግጋት ከባብያዊ ወረዳታት ይፈላለ። ወለዲ ንደቆም ኣብ ብሕታውያን ቤት-ትምህርታት'ውን ከእትዉ ይኽእሉ፣ መጠን ክፍሊቱ ግን ዳርጋ ወትሩ ክቡር ኢዩ።

ኣብ ህዝባውያን ቤት-ትምህርታት ኣመሪካ፡ ዝተፈላለየ ዓሌታዊን፡ ሃይማኖታዊን፡ ማሕበረ-ኤኮኖምያዊን መበገሲ ዘለዎም ቖልዑ ሓቢሮም ክመሃሩን ክዋስኡን፡ ኣብ ደገ ድማ ኣብ ናይ ሓባር ንጥፈታት ክሳተፉን ይረኣዩ። ኣካላዊን ኣእምሮኣዊን ወጽዓ ዘለዎም ቖልዑ'ውን ናብ ትምህርቲ ክኸዱ ግድን'ዩ። ኣብዚ ዝተቕሰ ኣብነት፡ እቲ ቤት-ትምህርቲ ነቲ ወጽዓ ሕጻን ገምጊሙ ምስ ወለዲ ይዘራረብ፤ ብኡ መሰረት ድማ ትልሚ ትምህርቲ ናይቲ ሕጻን የቕርብ። ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ሰለስተ ጽፍሕታት ትምህርቲ ይርከብ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ጽፍሒ ዝጠቓለሉ ደረጃታት ክፍሊ ግን ካብ ቤት-ትምህርታዊ ወረዳ ናብ ቤት-ትምህርታዊ ወረዳ ይፈላለዩ።

**ፕራይመሪ ስኩል** ካብ ኪንደርጋርተን (ደቂ 5 ዓመት) ክሳብ 5ይ ወይ 6ይ ክፍሊ (ደቂ 12 ዓመት)

**ሚድል ስኩል ወይ ጁንየር ሃይ ስኩል** መብዛሕትኡ ጊዜ ካብ 6ይ ክሳብ 8ይ ክፍሊ

**ሲንየር ሃይ ስኩል** መብዛሕትኡ ጊዜ ካብ 9ይ ክሳብ መበል 12 ክፍሊ (ክሳብ ደቂ 18 ዓመት ዕድመ) የጠቓልል። ብዓወት ሃይ ስኩል ዝውድኡ ተምሃሮ ከኣ ናይ ሃይ ስኩል ዲፕሎማ ይወሃቦም።




ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ሰለስቲኦን ጽፍሕታት፡ ናይ ትምህርቲ ዓመት፡ ኣብ መወዳእታ ነሓሰ ወይ መጀመርታ መስከረም ጀሚሩ፡ ኣብ መወዳእታ ግንቦት ወይ ኣብ ወርሒ ሰነ ድማ ይድምደም። መብዛሕትኦም ቈልዑ፡ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ፡ 6 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ ትምህርቶም የሰላስሉ። ኣብ ትምህርቲ ዝሕትል ዝበሉ ተምሃሮ ድማ፡ ድኽመቶም ንምውጋን፡ ኣብ ወርሒ ሰነን ሓምለን ናብ ቤት-ትምህርቲ ምኻድ ግድን ክኾኖም ይኽእል።

ኩሎም ተምሃሮ፡ ኣብዚ ሃገር እትው ምስበሉ፡ ብዝተኻለ መጠን ብቕልጡፍ ናብ ትምህርቲ ክኣትዉ ይግባእ።ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ፡ ደቅኹም ኣብ ቤት-ትምህርቲ ንምእታው ክትተሓባበረኩም ኢያ። ናይ እንግሊዝኛ ፍልጠቶም ውሱን ዝኾነ ኣናእሽቶ ቈልዑ፡ ፈለማ ኣብ ትሕት ዝበለ ደረጃ ክምደቡ ይከኣል፣ እቶም ካልኦት ግን ዕድሜኦምን ሕሉፍ ተመክሮኦምን ኣብ ግምት ብምእታው፡ እቲ ዝምደቡዎ ደረጃ ይውሰን።

ኩለን ቤት-ትምህርታት፡ ናይ ቈልዑት ኩነታት ክታበትን ጥዕናን ዝሕብር ሰነድ ክቐርበለን ግድነት ኢዩ። እዚ ሰነዳትዚ ምስ ዘይህልወኩም፡ ወይውን ውላድኩም ግቡእ ክታበት ዘይተገብረሉ እንተ ኰይኑ፡ ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳኹም ነቲ ዝድለ ንምግባር፡ ኣብ ምስላጥ ክትተሓባበረኩም’ያ።

ኩሉ ሳዕ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ምርካብ ኣዝዩ ኣገዳሲ ጉዳይ ኢዩ። ተምሃሮ ካብ ቤት-ትምህርቲ ክበኹሩ ከለዉ፣ ወለዲ ምኽንያት መብኰሪ ደቆም ብጽሑፍ ክገልጹ ትጽቢት ይግበረሎም፣ እቶም ቀልዑ ድማ ነቲ ዘይነበሩሉ ትምህርታዊ ስራሕ ተኸታቲልካ ምምላእ፡ ትጽቢት ይግበረሎም።



ወለዲ፡ ዋላ’ኳ ህዝባዊ ትምህርቲ ብነጻ እንተኾነ፡ ንትምህርታዊ ቀረብን ንፍሉይ ንጥፈታትን ዝውዕል ናይ ገንዘብ ወጻኢታት ግን ክህልዎም’ዩ። እቲ ቤት-ትምህርቲ፡ ውላድኩም ብእግሩ ክኸዶ ካብ ቤትኩም ኣዝዩ ይርሕቕ እንተ ኾይኑ፡ ብነጻ ዘጓዕዛ ኣውቶቡሳት ቤት-ትምህርቲ ኣለዋ። ቈልዑ፡ ምሳሐም ሒዞም ንክኸዱ ወይ’ውን ኣብ ካፌተርያ ቤት-ትምህርቲ ንኽምስሑ፡ ብቑዕ ናይ ትሑት-ዋጋ ምግቢ ይርከብ’ዩ።

ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ሃገር-ለኸ ስርዓተ-ትምህርቲ ክበሃል ዝኽእል የለን፤ ነፍሲ-ወከፍ ስተይትን ቤት-ትምህርታዊ ወረዳን፡ እንታይ ክትምህር ትደሊ ባዕላ ትውስኖ። ብሓፈሻ ግን፡ መብዛሕትኦም ተምሃሮ እንግሊዝኛ፡ ቊጽሪ፡ ሕብረተ-ሰብኣዊ ትምህርቲ፡ ሳይንስን፡ ምውስዋስ ኣካላትን ይመሃሩ። ስነ-ጥበብ ምስ ሙዚቃ ከምኡ’ውን ናይ ወጻኢ ቋንቋታት መብዛሕትኡ ጊዜ ይወሃባ ኢየን። መብዛሕትአን ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ብፍላይ ኣብ ናይ ሃይ ስኩል ጽፍሒ፡ ናይ ስፖርትን ናይ ክለባት ንጥፈታትን ትምህርቲ፡ ኣብ ሰዓታት ይኹን ድሕሪ ሰዓታት፡ ትምህርቲ ይህባ።

ኣገባብ ኣመሃህራ ኣመሪካ፡ ካብቲ ድሮ ኣብ ሃገርኩም እትፈልጥዎ ኣገባብ ኣዝዩ ዝተፈልየ ክኸውን ይኽእል። ኣብዚ፡ መማህራን፡ ንተምሃሮኦም፡ ብሽምደዳ ከይኮነ፡ ብምሕሳብን ብምምርማርን ትምህርቶም ክቐስሙ የተባብዑዎም። ተምሃሮ ከኣ፡ ዋላ እንግሊዝኛ ዝሓጸሮም ይኹኑ፡ ተምሃሮ፡ ሕቶታት ብምቕራብን ብምውሳእን ኣብ ንጥፈታት ብምጽንባርን ይሳተፉ።



ካብቶም ንቔልዑ ዝገጥሙዎም ብድሆታት ሓደ፡ እንግሊዝኛ ምምሃር ኢዩ። ኣናእሽቶ ቈልዑ ኣብ ምምሃር ቋንቋ ቅልጡፋት ኢዮም፤ ነቶም ዕብይ ዝበሉ ግን ዝያዳ ጊዜ ይወስደሎም'ዩ። ብዙሓት ኣብያተ-ትምህርቲ፡ "ኢንግሊሽ ኣዝ ኤ ሰከንድ ላንጒጅ" (ESL) ተባሂሉ ዝጽዋዕ፡ ፍሉይ ንሓደስቲ ምጻእያ ዝጠቅም መደብ የቕርባ፤ ካልኦት ድማ፡ ፍሉይ መምህር ወይ "ቱተር" ብምምዳብ ሓገዝ የቕርባ። መብዝሕትኦም ምጻእያ፡ ብጒዳይ ትምህርቲ፡ ኣብ ቀዳማይ ዓመት ምስቲ ዝጽንበሩዎ ዘለው ሃዋህው ኣብ ምቅዳው ጸገም የጋጥሞም'ዩ። ቈልዑ ከኣ፡ ኣብ ምጅማሮም ናይ ተነጽሎ ስምዒት ክሓድሮም ይኽእል፤ ጸኒሑ ግን፡ ምስ ናይ ምውሳእ ዓቕሞም ምምሕያሽ፡ ኣዕርኽቲ ከጥርዩን ቅሳነት ክሰምዖምን ይጅምር።

ብዙሓት ሓደስቲ ተምሃሮን ወለዶምን እቲ ፍኑው ጠባያትን ኣከዳድናን ኣመሪካውያን ተምሃሮ ይድንጽዎም ኢዩ። ህዝባውያን ኣብያተ-ትምህርቲ ኣመሪካ ድሌትካ ናይ ምግባር ነጻነት ይህባ ኢየን፤ ግን ከኣ ንናይ ቤት-ትምህርቲ ሕግታት ክምእዘዙ ትጽቢት ኣሎ። ነቲ ሕግታት ምስዝጥሕሱዎ፡ ዝያዳ "ሆም ወርክ" ክወሃቦም ይኽእል፣ ወይ ኣብ ሓድሓደ ንጥፈታት ምስታፍ ክንፈጎም ይኽእል፤ ወይ ከኣ ንውሑድ መዓልታት ናብ ትምህርቲ ምምጻእ ክኽልከሉ ይከኣል። ኣካላዊ መቕጻዕቲ ግን ኣብ ሕ.መ.ኣ ኣይፍቀድን።

ኣብ ሓድሕደ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ብፍላይ ኣብተን ዓበይቲ ከተማታት፡ ናይ ጭፍራታት መናእሰይ ጸገምን፡ ባእሲ ኣብ መንጎ ዓሌታውን ኤትኒካዊን ጒጅለታት ይርከብ'ዩ። ኣብ ሓድሓደ ከቢ.ታት'ውን፡ ጸገም ዕጸ-ፋርስ ምጥቃምን ናብ ቤት-ትምህርቲ ብረት ሒዝካ ምምጻእን ኣሎ። ደቅኹም ምፍርራሕ እንተጋጢሙዎም፡ ምትፍናን ኣወጊዶም፡ ንመምህር ወይ ን"ካውንስለር" ወይ ን"ቱተር" ክነግሩ ኣለዎም።



ሰበ-ስልጣን ኣብያተ-ትምህርቲ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝኣምኑዎ ሓደ ነገር፡ ወለዲ ኣብ ጉዳይ ትምህርቲ ደቆም ብዕቱብ ክዋስኡ ኣለዎም ዝብል'ዩ፣ ምኽንያቱ ደቆም ዕዉታት ኰይኖም ንኽወጹ ስለዝሕግዞም። ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ወለዲ፡ ደቆም ዝመሃሩዎ ክፈልጡ ይጽዕራ፤ ብዙሓት'ውን ነቶም እንግሊዝኛ ዘብርትዖም ሓበሬታ የካፍላ ኢየን። እንተወሓደ ክልተ ጊዜ ኣብ ዓመት፡ ብዛዕባ ውላድኩም በጺሑዎ ዘሎ ምዕባሌ ንምዝርራብ ክትራኸቡዎም፡ እታ ቤት-ትምህርቲ ትሓተኩም። ብወገንኩም ከኣ፡ ሕቶታት ክህልወኩም ወይ ስግኣት ክሓድረኩም ከሎ፡ ኣብ ዝመረጽኩምዎ ጊዜ ቈጸራ ክትጠልቡ ትኽእሉ። ከምኡ'ውን፡ ዋላ ብዙሕ እንግሊዝኛ ዘይትርድኡ እንተ ኾንኩም፡ ኣብ ኣኼባ ቤት-ትምህርቲ ክትሕወሱ ትኽእሉ ኢኹም።

## ትምህርቲ ንዓበይቲ

መብዛሕትኦም ኣመሪካውያን፡ ንትምህርቲ፡ ከም ህይወትካ ምሉእ እትሳተፎ መስርሕ ይሓስቡዎ፤ ብዙሓት'ውን፡ ኣብ እዋን ብሱል ዕድሜኦም ዝተፈላለየ "ኮርስታት" ይወስዱ። ትምህርቲ ክቕጽሉ ኣብ ዝውስኑሉ ጊዜ፡ ብዙሓት ኣብ ብሱል ዕድመ ዝበጽሑ፡ ምሉእ ናይ ስራሕ ሰዓታት ድሕሪ ምሕላፍ፡ ንምሸቱ ወይ ኣብ ቀዳመ-ሰናብቲ ድማ ትምህርቲ ይኸዱ።




ስደተኛታት'ውን እንተኾኑ፡ ከምቶም ካልኦት፡ እንዳ ሰርሑ ትምህርቶም ክቕጽሉ ይኽእሉ ኢዮም። ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳኹም፡ ነቶም ኣብ ኮምዩኒቲኹም ዝርከቡ፡ ከም "ኢንግሊሽ ኣዝ ኤ ሰከንድ ላንጉጅ"ን (ESL)፡ ትምህርቲ ን"ሃይ ስኩል" ዲፕሎማን፡ ክኢላውን ሞያውን ስልጠናታትን ዝበሉ ናይ ትምህርቲ ዕድላት ንምርካብ ክተሓባበሩኹም ይኽእሉ። ሓንሳብ ኣብ ኮምዩኒቲኹም ተረጋጊእኩም ክትነብሩ ምስ ጀመርኩም፡ ነቲ ዘሎ ዕድላት ክትርእዩዎ ክትጅምሩ ኢኹም። ኣብ መጀመርታ ዓመት ናይ ሕ.መ.ኣ ምቕማጥኩም፡ ዕድል ትምህርቲ ላዕለዋይ ደረጃ ጸቢብ ክኸውን ይኽእል። ጸንሕ ኢልኩም ግን፡ ንላዕለዋይ ዲግሪ ክትቕጽሉ ወይ ንሞያዊ ሰርትፊከሽን ክትጽዕሩ ትምድቡ ትኾኑ። ምቕጻል ትምህርቲ ንዓበይቲ ብዝምልከት፡ እታ ስድራ ብምሉኣ ሓቢራ ብምስራሕን ብምምካርን፡ ብኸመይ ክብጻሕን ክኽፈልን ከምዝከኣል ክተጽንዖ ኣገዳሲ ኢዩ።

ውሑዳት ካብቶም ዝርከቡ ዕድላት ትምህርቲ ቀጺሎም ይቐርቡ፥

ESLን ትምህርቲ ምጥፋእ ድንቁርናን። መብዛሕትአን ኮምዩኒቲታት፡ ብፕሮግራማት ትምህርቲ ንዓበይቲ ኣቢለን፡ ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ትምህርቲ ኣብ ናይ ኮምዩኒቲ ኮለጃትን ሃይስ ስኩላትን ይህባ ኢየን። እዚ ትምህርት'ዚ፡ ንዝኾነ ክፉት ኰይኑ፡ ገለ ካብተን ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ንኣገልግሎተን ውሑድ ዝበለ ክፍሊት ይሓታ ኢየን። ከም ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳን MAAታትን ዝኣመሰላ ካልኦት ብዘይ ትርፊ ዝሰርሓ ብሕታውያን ውድባት'ውን፡ ትምህርቲ ESL ይህባ ኢየን። መብዛሕትኡ ጊዜ ኣገልግሎተን ብነጻ ኰይኑ፡ ነዊሕ ዘጸቢ ሊስታ ግን ክህልዎ ይኽእል። ንግዳውያን ኣብያተ-ትምህርቲ ቋንቋ ይምህራ ኢየን፤ ግን መብዛሕትኡ ጊዜ ክቡራት'የን። ብወለንታ ምስ ዝምህር ሰብ ምክትታል ካልእ መንገዲ ኰይኑ፡ እዚ ኣገባብ'ዚ ባህልን ልምድን ኣመሪካውያን ንምፍላጥ እውን ይጠቅም።



ኣብ ናይ ESL ትምህርቲ፡ ብዕድመን ትምህርትን ኤትኒካዊ መበቈልን ዝፈላለዩ ደቂ-ተባዕትዮን ደቀ-ንስትዮን ብሓንሳብ ሓቢሮም ይመሃሩ። ኣብቲ ኤንትሪ-ለቨል ትምህርቲ ESL፡ ተምሃሮ ዝመሃሩዎ፡ ሓይሉ ኣብ ኮምዩኒቲኦምን ኣብ ቦታ ስራሖምን ንምውሳእ ዘኽእሎም እንግሊዝኛ ይኸውን። ኣብ ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ክፍልታት ከኣ፡ ተምሃሮ፡ ናብ ሰዋስው ቋንቋ እንግሊዝን ምንባብን ምጽሓፍን ዝያዳ የድህቡ።

ኣብ ትምህርቲ ምጥፋእ ድንቍርና፡ ተምሃሮ መሰረታዊ ኣምራት ምጽሓፍን ምዝራብን እንግሊዝኛ ይመሃሩ። ኣብ ህይወት ኣመሪካውያን፡ ምጥፋእ ድንቍርና ኣገዳሲ ስለዝኾነ፡ ኣብተን ESLን ካልእ ዓይነት ትምህርቲ ንዓበይትን ዘቕርባ ቦታታት’ውን፡ ብዙሕ ጊዜ፡ ትምህርቲ ምጥፋእ ድንቍርና ይወሃብ’ዩ። ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳኹም ብዛዕብኡ ኣድላዪ ሓበሬታ ክትህበኩም ትኽእል’ያ።

**ካልኦት ዓበይቲ ዘመሃሩሎም ክፍልታት።** እቶም ናይ ዓበይቲ ፕሮግራማት፡ ዝተፈላለየ ንሓፋሽ ህዝቢ ዝህቡዎ ትምህርታዊ ክፍሊታት'ውን ኣሎ። እቶም ልሙዳት ዓውደ-ትምህርታት ድማ፡ "ቡክኪፒንግ"፡ "ኣካውንቲንግ"፡ ናይ ሰክረተሪ ስልጠና፡ ናይ ኮምፕዩተር ስልጠናን ናይ ወጻኢ ቋንቋታትን የጠቓልሉ። እዚ ክፍልታት'ዚ ሕጽረት ቋንቋ እንግሊዝ ንዘለዎም ዝኸውን ኣይኰነን፤ ክፍሊት ድማ ኣለዎ።

**ናይ "ጀነራል ኤዱከሽናል ደቨሎፕመንት" (GED) ዲፕሎማታት።** ካብ መብዛሕትኡ ኤንትሪ-ለቨል ስራሕ ወጺኦም ናብ ዝሓሸ ንኽሓልፉ፡ ዓበይቲ ናይ ሃይ ስኩል ዲፕሎማ ክሕዙ ይግብኦም። ካብ 21 ዓመታት ንላዕሊ ዝዕድሜኦም፡ ኣብ ሃገሮም ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዘይወድኡ ወይ ዲፕሎማኦም ዘይሓዙ ኵሎም ንናይ GED ዲፕሎማ ክደፍኡ ይኽእሉ። እዚ ዲፕሎማዚ ማዕረ ናይ ሃይ ስኩል ዲፕሎማ ይሕሰብ። ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ፡ ብዛዕባዚ ፕሮግራማት'ዚ ዘድሊ ሓበሬታ ክትህበኩም ትኽእል'ያ።

**ቮከሽናልን ተክኒካዊን ኣብያተ-ትምህርቲ።** ቮከሽናልን ተክኒካዊን ኣብያተ-ትምህርቲ ንገለ ፍሉይ ክእለት ምጥራይ ዝሓትት ስራሓት የዳልዉ፤ ንኣብነት፡ መካኒክ፡ ኮምፕዩተር ፕሮግራሚንግ፡ "መዲካል" ተሓጋጋዚን፡ "ደንታል" ተሓጋጋዚን። መብዛሕትኡ ጊዜ እዚ ዓውደ-ትምህርታት እዚ ልዕል ዝበለ ብቕዓት ቋንቋ እንግሊዝን ክፍሊት ትምህርትን ይሓትት። ንገለ ከም ቱቦ ገጣሚን ኤለክትርሽያንን ዝበለ ኢደ-ጥበባዊ ስራሓት ድማ፡ ኣብ ቦታ ስራሕ፡ ብፕሮግራም ምስልጣን ተልመዴን፡ ምስክር-ዕዮ ይወሃብ።

**ኮለጃትን ዩኒቨርሲቲታትን።** ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ክልተ ቀንዲ ዓይነት ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ኣሎ፥ ኮምዩኒቲ ኮለጃት ብሓደ ሸነኽ፡ በቲ ሓደ ድማ ናይ 4-ዓመታት ኮለጃትን ዩኒቨርሲቲታትን።

ናይ ኮምዩኒቲ ኮለጃት፡ ነቶም ተምሃሮ ንፍሉይ ሞያታት ዘዳልዎም ከም ኣካውንቲንግን ነርሲንግን ዝመስል ናይ 2-ዓመታት ፕሮግራም ኣሎ። ኣብ ገለ ሞያዊ ዓውዲታት፡ እቶም ተምሃሮ ኣብ ምውዳእ ናይ ክልተ ዓመታት ፕሮግራም ኮምዩኒቲ ኮለጅ ሰርቲፋይድ ይበሃሉ። ኣብ ካልኦት ድማ፡ ኣብ ሓደ ናይ 2-ዓመት ፕሮግራም ኮምዩኒቲ ኮለጅ ጀሚሮም ናብ ናይ 4-ዓመት ፕሮግራም ኣብ ዝኾነ ዩኒቨርሲቲ ይሰጋገሩ። ናይ ኮምዩኒቲ ኮለጃት፡ በተን ህዩማኒቲስ፡ ሶሽያል ሳይንስስ፡ ሳይንስ ሳብጀክትስን፣ ዲግሪ'ውን ይህባ።

ኣብተን ናይ 4-ዓመት ኮለጃትን ዩኒቨርሲቲታትን፡ ተምሃሮ፡ ከም ፊዚክስ፡ ማተማቲክስ፡ ሂስትሪ፡ ወይ'ውን ንዝልዓለ ትምህርቲ ሕጊ ይኹን መዲሲን ፍሉይ ሞያታት ከጸንዑ ቅድሚ ምጅማሮም፡ ሓፈሻዊ ዓውደ-ትምህርቲ ዝበሃል ኣጠናቒቖም ክውድኡ መብዛሕትኡ ጊዜ ይግደዱ። እዘን ትካላት እዚኣተን ኣዝዩ ልዑል ደረጃ ኣፍልጦ ቋንቋ እንግሊዝ ይሓታ። እቶም ደቂ ካልእ ቋንቋ ድማ፡ ቅድሚ ተቐባልነት ምርካቦም ናይ ቋንቋ መርመራ ክሓልፉ ግድነት ይኾኖም። ላዕለዋይ ትምህርቲ ነጻ ኣይኮነን፤ ብጣዕሚ ክቡር እኳ ድኣ ክኸውን ይኽእል። መብዛሕትአን ትካላት፡ ብዛዕባ ልቓሕን ስኮላርሺፕን ሓበሬታ ዝሀብ፡ ቤት-ጽሕፈት ፋይናንሳዊ ሓገዝ ዝበሃል ኣለወን። እንተኾነ፡ ምሉእ ስኮላርሺፕ ከኣ ኣዝዩ ሳሕቲ'ዩ ዝርከብ፤ ስለዚ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ንኽትኣትው ኣብ ናይ ገዛእ ርእስኹም ዓቕሚ ክትምርኮሱ ትግደዱ።


ካብ መበቈላዊ ሃገሮም ላዕለዋይ ዲግሪ ሒዞም ዝመጹ ሰባት፡ ነቲ ትምህርቶም ኣብ ሕ.መ.ኣ ንኽሰርሑሉ፡ ካልኣይ ናይ ኣመሪካ ሰርቲፊከሽን ክረኽቡ ይግደዱ። እዚ መስርሕ እዚ ከኣ ኣዝዩ ነዊሕ ጊዜ ዝወስድን ክቡርን ክኸውን ይኽእል። ብተወሳኺ፡ ጭቡጥ መረዳእታ ትምህርቲን ብቕዓትን ይሓትት፤ ኣብ መርመራ እንግሊዝኛ ድማ፡ ክብ ዝበለ ውጽኢት ነጥቢ ይሓትት። ናብ ናይ ቀደም ሞያኦም ክምለሱ ዝሕልኑ ስደተኛታት፡ ክሳብ ሽዑ ትሕት ዝበለ ስራሕ ተቐቢሎም፡ ናይ ዳግመ ሰርቲፊከሽን ጉዳዮም ድማ ይዳለዉሉ። ንኣብነት፡ ሓደ ኣብ ዓዱ ዶክተር ዝነበረ ሰብ፡ ናይ ላቦራቶሪ ተሓጋጋዚ ኮይኑ እንዳሰርሐ ክጸንሕ ይኽእል።



HEALTH DEPARTMENT


EMERGENCY
Georgetown University Medical Center
Entrance 2
Emergency Department






THE AMERICAN UNIVERSITY
HEALTH INSURANCE CLAIM FORM
MAIL TO:



ቀዳማይ ሌላኹም ምስ ስርዓት ሓለዋ ጥዕና ሕ.መ.ኣ፡ እቲ እትገብሩዎ ናይ ፈለማ ምጽራይ ኩነታት ጥዕና ከይኰነ ኣይተርፍን። እትው ምስ በልኩም፡ ከይደንጐኹም፡ ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ ኩነታት ጥዕናኹም ንምጽራይ ዝድለ ምድላዋት ክትገብር'ያ። ሰሪሕኩም ኣብ ምንባር ይኹን፡ ውላድኩም ትምህርቱ ኣብ ምቕጻል ንዘጋጥም፡ ንኹነታት ምጥያስኩም ክዕንቅጽ ዝኽእል ሽግራት ጥዕና እንተሎ ንምፍታሕ፣ ምጽራይን ምፍዋስን ክግበረልኩም'ዩ። ኩሎም ቈልዑ ቅድሚ ናብ ህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ ምምራሖም ክታበት ከም ዝተገብረሎም ዘረጋግጽ ሰነድ ሒዞም ክቐርቡ ግድነት ስለዝኾነ፡ ደቅኹም ኣብ እዋን ምጽራይ ጥዕና ክታበት'ውን ክግበረሎም'ዩ። እቲ ምጽራይ ብነጻ ኰይኑ፡ ኣብ ህዝባዊ ክሊኒክ ወይ ኣብ ናይ ኮምዩኒቲ ማእከል ጥዕና ወይ ከኣ ኣብ ናይ ዶክተር ቤት-ጽሕፈት ክግበር'ዩ።

ድሕሪቲ ናይ ፈለማ ምጽራይ ኩነታት ጥዕና፡ ንስኹምን ስድራኹምን ንሓዋሩ ኣገልግሎት ሓለዋ ጥዕና እትረኽቡላ መንገዲ ምሕሳብ ከድልየኩም'ዩ። እዚ ንምግባር፡ ኣተሓሳስባ ሓለዋ ጥዕና ኣመሪካውያንን ኣሰራርሓ ስርዓት ሓለዋ ጥዕና ሕ.መ.ኣን ምፍላጥ ኣድላዪ ይኸውን።

# ኣመሪካውያን ኣብ ጥዕና ዘለዎም ተረድኦ

ኣመሪካውያን፡ ሕማም ብጽሩይ ኣተሓሕዛን ቅኑዕ ኣመጋግባን ምውስዋስ ኣካላትን እኹል ድቃስን ክውገድ ከምዝከኣል ይኣምኑ። ኣብ እዋን ቍሪ፡ ዘምውቕ፡ ኣብ እዋን ዛሕሊ ድማ ሙቐት ዘቃልል ክዳን ይኸደኑ። ኣብ ዝበርትዐ ኩነታት ቅድሚ ምብጻሑ ዝግበር ምእንቲ ክገብሩ፡ ኣብ ዓመት ሓንሳብ ንጥዕናዊ ዳህሳስ ናብ ዶክተር ወይ ሓኪም ይኸዱ። ናብ ሓኪም ስኒ ድማ ኣስናኖም ክጽርዩ ይኸዱ። እዚ ኩሉ ቅርዑይ መነባብሮ ህይወት ይብሉዎ።

ስርዓት ሓለዋ ጥዕና ሕ.መ.ኣ፡ ኣብ ስነ-ፍልጠታዊ ኣገባብ ምርመራን ምፍዋስን ሕሙማት ይምርኰስ። እዚ ማለት፡ ኣብ ርእሲቲ ንሕሙማት ዝስምዖም ምሕታት፡ መብዛሕትኡ ጊዜ፡ ሓኻይም ካብ ሕሙማት ደምን ካልእ ነገራትን ብምውሳድ፡ መርመራ የካይዱ። ውጽኢት ናይቲ መርመራታት ድማ፡ ነቲ ዶክተር ሕሙም ንምፍዋስ ይመርሖ። ገለ ሓኻይም ኣብ ፍሉያት ዓይነታት ሽግር ኣስናን ይራቐቑ። ደም ምውሳድን ካልእ ነገራት ንምርምር ምሃብን የሻቕለኩም እንተኾይኑ፡ ንሓኪምኩም ኣካፍሉዎ።



ዶክቶራት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ብዛዕባ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዝዝውተር ኣፈዋውሳ ይፈልጡዎ'ዮም ክበሃል ኣይከኣልን። ስለዚ ንስኹም ኩኑ ደቅኹም፡ ቅድሚ ሕጂ ዝተገብረልኩም ምፍዋስን ክጠቕመኩም ዝጸንሔ ልምድን መቃለሊ ስጉምቲን፡ ንዶክተርኩም ክትገልጹሉ የድልየኩም ይኸውን'ዩ።

## ወሃብቲ ሓለዋ ጥዕና

ኣብ ሕ.መ.ኣ፡ ብዙሓት ዝተፈላለያ ወሃብቲ ሓለዋ ጥዕና ይርከባ። ኣባላት ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ፡ ኣብ ኮምዩኒቲኹም ኣየኖት ዓይነት ወሃብቲ ሓለዋ ጥዕና ከምዝርከባን እንታይ ዓይነት ኣገልግሎት ከምዝህባን ክሕብሩኹም'ዮም።

**ክፍሊ ህዝባዊ ጥዕና።** ነፍሲ ወከፍ ስተይት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ሸነኻት እታ ስተይት ተዘርጊሐን ዝርከባ ኣበየ ኮምዩኒቲኡ፡ ቤት-ጽሕፈታት ክፍሊ ህዝባዊ ጥዕና ይርከባ። ክፍልታት ህዝባዊ ጥዕና፡ ኣብ ርእሲ ዝተፈላለየ ሕማማት ንምክልኻል ክታበት ምሃብ፡ ካልኦት ኣብ ምክልኻል ሕማም ዝጠቕሙ ከም መርመራን ምፍዋስን ዓባይ ሰዓል ዝበሉ ኣገልግሎታት ጥዕና የቕርቡ። ንስደተኛታት ብፍላይ፡ እዚ ኣገልግሎታት'ዚ ብነጻ ወይ ኣዝዩ ሕሱር ብዝኾነ ክፍሊት'ዩ።



**ናይ ኮምዩኒቲ ክሊኒካትን ማእከል ጥዕናታትን።** መሰረታዊ ኣገልግልታት ጥዕናን ምኽሪ ምክፋልን ይህባ። ገሊአን፡ ክንክን ኣስናንን መርመራ ዓይኒን ይህባ። ገለ ኣብ ከተማ ዝርከባ ክሊኒካት፡ ከም ንጥኑሳት ወይ ንሰብ HIV/ AIDS (ብኤይድስ ንዝተለኽፉ) ሓደ ጉጅለ ጥራሕ ኣብ ምፍዋስ የድህባ። ክሊኒካት ንኽፍውሳ፡ዘይመንግስታዊ ኢንሹራንስ ይኹን፡ "መዲከይድ" ዝበሃል (መንግስታዊ ኢንሹራንስ ጥዕና) ይቕበላ፤ ኣከፋፍላኡ ድማ፡ ብዙሓት ከከም ዓቕሚ ሕሙም ይትምናኦ። ዋላ'ኳ ከም ኣመጻጽኣኻ ዝእንግዳ ክሊኒካት እንተሃለዋ፡ መዛሕትአን ግን ብቈጸራ ጥራሕ ይቕበላ።

**ብውልቆም ዘአንግዱ ዶክቶራት።** ሓድሓደ ዶክተራት፡ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሓለዋ ጥዕና፡ ዓመታዊ መርመራ ጥዕና'ውን ዝህቡ፡ ብትምህርቲ ሓፈሻዊ ሕክምና ዝተፈልጡ ሰብ ሞያ ኢዮም። ካልኦት ከኣ፡ ኣብ ፍሉይ ክፋል ሕክምና ዝበሰለ ክእለት ኣለዎም። ካብዚ ወጻኢ ካልኦት ሓኻይም ድማ ከም ኣባላት ናይ ሓደ ክሊኒክ ወይ ምስ ሰብ ሓፈሻዊ ሕክምናን ሰብ ፍሉይ ክእለትን ተዛቢኖም ይሰርሑ። ዝኾነ ተሓካሚ፡ ሓኪም ንኽረኤ ቈጸራ ክወስድ ኣለዎ። መብዛሕትኡ ግዜ፡ ቤት-ጽሕፈት እቲ ዶክተር፡ ኣብ መዓልቲ ቈጸራ፡ እቲ ተሓካሚ፡ ቅድሚ ምሕካሙ እኹል ዓቕሚ መሐከሚ ከምዘለዎ ክፈልጥ ወይ ከኣ ብቑዕ ሓበሬታ ኢንሹራንስ ምህላው ከረጋግጽ ይመርጽ።

**ብውልቆም ዘአንግዱ ሓኻይም ስኒ።** ሓድሓደ ሓኻይም ስኒ፡ ምጽራይ ስኒን ዝጕድጕደ ምምላእን ዘጠቓልል  ሓፈሻዊ ክንክን ኣስናን ይፍጽሙ። ካልኦት ድማ ኣብ ፍሉይ ዓይነት ትምህርቲ ሽግር ኣስናን ይራቐቑ። ቤት-ጽሕፈታት ሓኻይም ስኒ፡ ክፍሊት ኣብ መዓልቲ ቈጸራ ክኸውን ግድነት ይገብሩዎ። ኢንሹራንስ ጥዕና ድማ መብዛሕትኡ ጊዜ ንክንክን ኣስናን ኣይጸንብርን።



**ኣብያተ-ፈውሲ (ፋርማሲታት)።** እቲ ብሓኪም ዝተኣዘዘ ኣፋውስን፡ ናይ ሓኪም ሕራይ ዘየድልዮ ከም ንሕማም ርእሲ ዝጠቅም ኣፋውስን ዝርከበን ቦታታት'የን። ፋርማሲስት፡ እቲ ዘሕመኩም ንምቅላል እንታይ ዓይነት ኣፋውስ ክትወስዱ ከምእትኽእሉን፡ ብዛዕባ ኣዛኒቕኩም ክትወስዱዎ ዘይግባእ ኣፋውስን ክመኽረኩም ይኽእል'ዩ። ካብቲ ፋርማሲ ዝተኣዘዘ ፈውሲ ክትርከቡ ከለኹም፡ ወይ ባዕልኹም ክትከፍሉዎ ኣለኩም ወይ ድማ ናይ ኢንሹራንስ ሓበሬታ ሒዝኩም ክትቀርቡ ይግባእ።

**ሆስፒታላት።** ዶክተራትን ክሊኒካትን፡ ፍሉይ ሽግር ንዘለዎም ተሓከምቲ፡ መርመራ ወይ መጥባሕቲ ክግበረሎም ምስ ዝድለ ናብ ሆስፒታል የተሓላልፉዎም። ናይ ሆስፒታል ወጻኢ ክቡር'ዩ፤ እተን ሆስፒታላት ድማ፡ ተሓካሚ ነቲ ኣገልግሎት ክኸፍል ዓቕሚ ከምዘለዎ መረጋገጺ ወይ ናይ ኢንሹራንስ ሓበሬታ ይሓታ።

**ናይ ህጹጽ ኩነታት መእንገዲ ክፍልታት።** እዘን ክፍልታት እዚኣተንን መሳርሕታተንን ንሃንደበታዊን ሕሉፍን ጸገማት ጥራሕ ዝተወገነ ኢዩ። ናብቲ ናይ ህጹጽ ኩነታት ክፍሊ ንምኻድ ቈጸራ ኣየድልየኩምን፤ እንተኾነ ግን ኣዝዩ ብስራሕ ዝተጨናነቐ ቦታ ስለዝኾነ፡ ነዊሕ ምጽባይ ድማ ስለዝሓትት፡ ጸገምኩም ኣዝዩ ኣተሓሳሳቢ እንተዘይኰይኑ ናብኡ ምኻድ ኣየድልየኩምን። ጸገምኩም ህጹጽ ቈላሕታ ዝሓትት እንተዘይኰይኑ፡ ናይ ዶክተር ወይ ኣብ ክሊኒክ ቈጸራ ክትወስዱ ይግባእ። ኣገልግሎት ህጹጽ ኩነታት ኣዝዩ ክቡር'ዩ።

ኣገልግሎት ኣምቡላንስ። እዚ ኣገልግሎት'ዚ፡ ናብ መአንገዲ ክፍሊ ህጹጽ ኵነታት ዝጕዓዘሉ ካልእ ብልሓት ዘይብሉ፡ ህጹጽ ሕክምናዊ ቈላሕታ ዘድልዮ፡ ብጽኑዕ ድማ ንዝሓመመ ሰብ ዝወሃብ፡ ናይ ሕክምና ሓገዝን ምጕዕዓዝን ኣገልግሎት'ዩ። ኣገልግሎት ኣምቡላንስ፡ ጸኒሑ፡ ድሕሪ'ቲ ኣገልግሎት ዝኽፈል ወጻኢ ኣለዎ።

## ሓለዋ ኣእምሮኣዊ ጥዕና

ኣመሪካውያን ናይ ኣእምሮ ጥዕና ማዕረ ኣካላዊ ኣገዳሲ ምዃኑ ይኣምኑ፤ ስለዚ ድማ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ፡ ብናይ ጥዕና ኣእምሮ ሞያዊ ምፍዋስ'ውን የድሊ ማለት'ዩ። ስደተኛታትን ሓደስቲ ምጻእያን ከኣ ንጥዕና ኣእምሮኦም ፍሉይ ኣቓልቦ ክህቡዎ ይግባእ፤ ምኽንያቱ ድማ ብዙሓት ካብኣቶም ኣብቲ ናይ ህድማ ጻዕሮም ኣእምሮ ዘናውጽ ተመክሮ ስለዘሕለፉን ኣብ ኣመሪካ ድማ ነቲ ሓድሽ ናብራ ንምልማድ ዘጋጥሞም ወጥሪ ስለዘሎን። ኵነታትኩም ዘይጽወር፡ ክሳብ ዕለታዊ ንጥፈታትኩም ምፍጻም ዝስኣነኩም እንተበጺሑኩም፡ ኣገልግሎት ኣእምሮኣዊ ጥዕና ክትሓቱ ይግባእ። መብዛሕትኡ ክንክን ኣምሮኣዊ ጥዕና ብክሊኒካትን ዶክተራትን "ተራፒስትታት"ን ይወሃብ፤ ግን ገለ ኣገልግሎታት ኣእምሮኣዊ ጥዕና፡ ብMAAታትን ኣጀንስያ ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ኣቢሉ ይርከብ'ዩ። ሓድሓደ ኣጀንስያታት ዳግመ-ጥየሳ ከኣ ብኣማኽርትን፡ ብተደናገጽቲ ጕጅለታትን፡ ብህይወት ሓብሓብቲ ጕጅለታትን ኣቢሎም ይሕግዙ፤ ካልኦት ኣገልግሎት ኣእምሮኣዊ ጥዕና ኣብ ምንዳይ'ውን ይተሓባበሩ።

## ብዛዕባ ንሓለዋ ጥዕና ዝኽፈል

ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዋጋ ሓለዋ ጥዕና ክቡር'ዩ፤ ዝኽፈል ድማ ብመንግስቲ ዘይኮነስ ብውልቂ ኢዩ። ናይ ሓለዋ ጥዕና ዋጋ ኣዝዩ ክቡር ብምዃኑ መብዛሕትኡ ሰብ ኣብ ናይ ኢንሹራንስ ፕሮግራማት ብምጽንባር ይወጾ። ብዙሓት ሰብ ስራሕ፡ ንሰራሕተኛታቶም ኣብ ናይ ኢንሹራንስ ፕሮግራም የሳትፉ፤ ንክፋል ናይቲ ወርሓዊ ዋጋ ድማ ይኸፍሉሎም። እቲ ዝተረፈ ከኣ፡ ካብ ክፍሊት መሃያ፡ ምስቲ ቀረጽ ብሓንሳብ ይቖረጽ፤ ካልእ ተወሳኺ ወጻኢ ኣይትኸፍሉን። መብዛሕትኡ ጊዜ ድሕሪ ስራሕ ምቍጻርኩም፡ ነዚ ረብሓ'ዚ ብቑዕ ንምዃን፡ ንገለ እዋን ምጽባይ ይሓትት።

መብዛሕትኡ ጊዜ ሰብ ስራሕ ብ"ሄልዝ መይንተናንስ ኦርጋኒዘሽን" (HMO) ዝበሃል ወይ "ፕሪፈርድ ፕሮቫይደር ኦርጋኒዘሽን" (PPO) ብዝበሃል፡ ኣገልግሎት ኢንሹራንስ ጥዕና ይህባ። በዚኣተን ኣቢሎም ጉጅለታት ዶክተራትን ክሊኒካትን ዝድለ ኣገልግልት ጥዕና ይህቡ። ንነፍሲ-ወከፍ ተሳታፊ፡ (ማለት፡ ነፍሲ-ወከፍ ሰራሕተኛ) ዶክተር ይተሓዘሉ። ነቲ ተሳታፊ ዝፍውሶ ድማ እዚ ዶክተር'ዚ ይኸውን፤ ናብ ኸነታት ህጹጽ ኣቓልቦ ወይ ሆስፒታል ወይ'ውን ፍሉይ ክኢላ ምትሕልላፍ እንተድለየ ድማ ንሱ ይፈቅድ። ኣብ ገለ ኩነታት፡ እታ HMO ወይ PPO ንብምሉኡ'ቲ ዋጋ ትኸፍሎ። ኣብ ገለ ድማ እቲ ተሳታፊ ንገለ ክፋል ይኸፍል።

እቲ ዘስርሓኩም በዓል ስራሕ ናይ ኢንሹራንስ በነፊት ዘይህብ እንተደኣ ኰይኑ፡ ባዕልኹም ብቐጥታ ካብ ካምፓኒ ኢንሹራንስ ወይ HMO ወይ'ውን ካብ PPO ክትገዝኡ ትኽእሉ። ኣባላት ኣጀንሲ ዳግመ-ጥየሳ ብዛዕባ ብኸመይ ክተመልክቱ ከም እትኽእሉ ከማኽርኹም'ዮም።

ነቶም ሰብ ትሑት እቶት ንምሕጋዝ ገለ ሕክምናዊ ክንክን ዝኸፍላ ናይ መንግስቲ መባት'ውን ኣለዋ። ስደተኛታት ናብ "ረፋዩጂ መዲካል ኣሲስታንስ" (RMA) ወይ "መዲከይድ" (Medicaid) ከመልክቱ ይኽእሉ። ክልቲአን መደባት ዋጋ ሕክምናዊ ክንክን ኣብ ናይ ስራሕ ዝርከቡ ሰብ ትሑት እቶት ይሕግዛ፣ እንተኾነ ግን፡ ዕላማአን፡ ብመንገዲ በዓል ስራሕ ወይ ብመንገዲ'ቲ ሰራሕተኛ ባዕሉ ኢንሹራንስ ክሳብ ዝርከብ ምጽናሕ ትራሕ'ዩ። ነዚ መደባት'ዚ ንምምልካት፡ ርግጸኛ እቶትን ካልእ ውልቃዊ ሓበሬታን ዘርኢ ቅጥዒ ምምላእ ይድለ። ምጽራይ ብቑዕነት በብእዋኑ ይረአ ሓበሬታ ከኣ ይሕደስ። ብዙሓት ነዘን ዓይነት ኢንሹራንስታት እዚኣተን ዘይቕበሉ ኣለዉ።

ልዕሊ 65 ዓመታት ዝዕድሜኦም ሰደተኛታት ንመዲከይድ ይበቕዑ'ዮም። ፌደራላዊ ፕሮግራም ኰይኑ፡ ነቶም ልዕሊ 65 ዓመት ዝዕድሜኦም ናይ ሕክምና ወጻኢኦም ንምሽፋን ክሕግዞም ምእንቲ'ዩ። መዲከየር ብሓኪም ንዝእዘዘሎም ኣፋውስ ንምግዛእ'ውን ይጠቕም።

ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳኹም ነቲ ክርከብ ዝከኣል ናይ ሕክምና ሓገዝ ንምርዳእ ክትተሓባበረኩም ትኽእል'ያ።

## ሓለዋ ጥዕና ጠቀስ መሰልኩም

ኣበየናይ ክፋል መሬት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ትቕመጡ ብዘየገድስ፡ መሰል ኣገልግሎት ተርጓሚን ስቱር ኣታሕዛን ኣለኩም።

**ኣገልግሎት ተርጓሚ።** ግቡእ ምፍዋስ ንኽትረኽቡ፡ እቲ ዶክተር ዝብሎ ክትርድኡን ምስኡ ክትዋሰኡን ግድን ይኸውን። ምስ ሓኪምኩም ንምውሳእ ሓገዝ ቋንቋ ዘድልየኩም መሲሉ እንተተሰሚዑኩም፡ ተርጓሚ ክሕግዘኩም መሰልኩም'ዩ። ተርጓሚ ንምርካብ ሓገዝ ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ ሕተቱ።

**ስቱር ኣታሕዛ።** ኰሎቲ ኣብ መንጎኹምን መንጎ ዶክተርኩምን ዝግበር፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ስቱር ወይ ክዱን ይኸውን። ሓኪምኩም ብዘይ ናትኩም ሕራይ፡ ብዛዕባ ኵነታት ጥዕናኹም፡ ንስድራኹም፡ ንፈተውትኹም፡ ወይ ንሰብ ስራሕ ክነግር ኣይኽእልን። እዚ ዋላ ንHIV ብዝምልከት ከቢድ ኵነታት'ውን'ዩ። HIV ወይ ካልእ ሕማም ከምዘለኩም እንተተረጋጊጹ፡ ንኣባላት ስድራኹምን ፈተውትኹምን ናይ ምንጋር ጉዳይ ንዓኹም ጥራሕ ዝግደፍ ጉዳይ'ዩ። ንስኹም ባዕልኹም እንተዘይ ተሰማሚዕኩምሉ፡ ሓኪም ክነግሮም ኣይኽእልን። ነቲ ሓኪም ግን ብጉዳይ HIV፡ ሃለዋትኩም ክትሕብሩዎ ሕጊ የገድደኩም። ከምኡ ምስዘይትገብሩ ድማ ሓያል መቕጻዕቲ ክወርደኩም ይኽእል።





SALE








STAR
VISA
Cirrus
PLUS
MasterCard

ናብራ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣዝዩ ክቡር'ዩ። ካብ ዓቕምኹም ንላዕሊ ንኸይተውጽኡ ኣብ ኣተሓሕዛ ገንዘብ ጥንቁቃት ክትኮኑ ይግባእ። ክንደይ ዝኣክል ገንዘብ ከምዘለኩም፡ ክንደይ ዝኣክል ከኣ ክተውጽኡ ከምእትኽእሉ፡ ከምኡ'ውን ክንደይ ካብኡ ድማ ክተዋህልሉ ከምትኽእሉ ንምፍላጥ፡ ኣባላት ኣጀንሲ ዳግመ-ጥየሳ፡ ባጀት ክሕንጽጹልኩም'ዮም።

## ውጥኒ ወጻኢታት ምትላም

ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ወርሒ፡ ወጻኢታት ናይቲ ንምንባር ዝድለ መሰረታዊ ነገራትን ካልኦት ነገራትን ምሽፋን ግድን ይኸውን። እዞም ዝሰዕቡ እቶም ቀንዲ ወጻኢታት ዝበሃሉ ኢዮም፥

**ክራይ።** እዚ ካብቲ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ወርሒ እትኸፍሉዎ ወጻኢታት እቲ ዝዓበየ ክፋል ይኸውን።

**ዩቲሊቲስ (ዝበሃሉ)።** እዚኣቶም ድማ ንኤለክቲክን ነዳዲን ማይን ጕሓፍ ምልዓልን ዘጠቓልሉ ይኾኑ። ገለ ካብኣቶም ኣብቲ ናይ ክራይ ገዛ ሕሳብ ኣትዮም ክኾኑ ይኽእሉ፤ ግን ካብኣቶም ንበይኖም ዝኽፈሉ ሓደ ወይ ክልተ ክህልዉ ይኽእሉ። ናይ ኤለክትሪክን ናይ ነዳዲን ወጻኢኹም፡ ኣብ መናበርያኹም ምውዓይ ወይ ምዝሓል ግድን ኣብ ዝኾነሉ ኣዋርሕ ዝበዝሔ ክኸውን ይኽእል።

**ምግቢ።** ናብቲ ብሕሱር ዝርከበሉ ቦታታት ዝያዳ ብምድሃብ፡ ዝሓሰረ ድኳናት እንዳደለኹም፡ ኣብ ምግቢ ዝውዕል ወጻኢታትኩም ትሑት ክትገብሩዎ ትኽእሉ።

**መውዓል ቈልዓ።** ንመውዓል ቈልዓ ዝውዕል ወርሓዊ ወጻኢ፡ ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ወጻኢታት'ዩ። ውላድኩም ምስ ቤተ-ሰብ ወይ ምስ ፈታዊ ክተውዕልሉ እትኽእሉሉ ብልሓት እንተተሳኢኑ፡ ኣጀንሲ ዳግመ-ጥየሳ ከባቢኹም፡ መውዓል ቈልዓ ንምርካብ ወይ ንመውዓል ቈልዓ ዝውዕል ሓገዝ ንምሕታት ክትተሓባበረኩም ትኽእል'ያ።

**መጓዓዝያ።** እዚ ከኣ ናብ ስራሕ፡ ድኳናት፡ ከምኡውን ናብ ኣገደስቲ ቈጸራታት ንምጕዓዝ ዝጠፍእ ወጻኢ የጠቓልል። ኣብ ብዙሕ ቦታታት፡ ወርሓዊ ዝዕደል ብሕሱር ዋጋ ዝቐርብ መሕለፊ ይርከብ።






“ናብ ሕቡራት መንግስታት ካብ ዝመጽእ ቀ'ሩብ ዓመታት ጸኒሔ፡ መኪና ክገዝእ ወሲነ። ልቓሕ ክፍቀደለይ ናብቲ ኣሻያጢ መኪና ከይደ ምስ ኣመልከትኩ፡ እቲ ልቓሕ ዝፈቅድ በዓል ስልጣን ቅድሚ ሕጂ ልቓሕ ተፈቒዱለይ ዝፈልጥን ዘይፈልጥን ምኻኑ ሓቲቱኒ። እወ ኢለ፡ ነቲ ቅድሚ ሕጂ ተለቂሔ ዝኸፈልኩዎ ናይ IOM ልቓሔይ ኣርእየዮ። ዝተለቃሕኩዎ ክኸፍል ከምዝኽእል ስለዘመስከርኩ ከኣ፡ እቲ ዘመልከትኩዎ ምልክታ ተቐባልነት ረኺቡ።”






**ተሌፎን።** ናይ ተሌፎን ዕዳኹም'ውን ወርሓዊ ክኽፈል ይግባእ። ናብ ካልኦት ሃገራት ዝግበር ናይ ርሑቕ ርክብ ተሌፎን ክቡር ክኸውን ከዝኽእል ኣይትረስዑ።

**ንጉዕዞ ዝወዓለ ልቓሕ።** እቲ ንመጓዓዚ ተወዓዊልኩም ዝተለቃሕኩምዎ ዕዳ፡ ክሳብ ዝውዳእ፡ ወርሓዊ ክፍሊታት ክህልወኩም ምዃኑ ኣይትረስዑ።

**ገንዘብ ምውህላልን ኣብ ዓዲ ዝገደፍኩምዎም ቤተ-ሰብ ምሕጋዝን።** ኣርሒቑ ዝጥምት፡ ትምህርቲ ናይ ምቕጻል ወይ ገዛ ናይ ምግዛእ ዕላማ እንተደኣልዩኩም፡ ኣብ "ሰይቪንግስ ኣካውንት" ተባሂሉ ዝፍለጥ ናይ ባንክ ሕሳብ፡ ኣብ ወወርሒ ቍሩብ ገንዘብ ብምእታው እንዳዋህለልኩም ክትጸንሑ ከድልየኩም'ዩ። ኣብ መበቈላዊት ሃገርኩም ንዘለው ቤተ-ሰብኩም'ውን ክትሕግዙ ትሓስቡ ትኾኑ። ስራሕ ሃልዩኩም፡ ወርሓዊ ወጻኢኹም ድማ ትፈልጡዎ እንተኾይንኩም፡ ኣብ ወርሒ ክንደይ ዝኣክል ክተቐምጡ ወይ ንዓዲ ክትሰዱ ከምእትኽእሉ ምፍላጥ ይከኣል።

**ሓለዋ ጥዕና።** ፉል-ታይም ተባሂሉ ዝፍለጥ (ማለት፡ 40 ሰዓታትን ዝያዳኡን) መጠን ሰዓታት ዘሰርሕ ስራሕ ክትረኽቡ እንተኽኢልኩም፡ ዝኾነ ዓይነት ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ ንምእታው ዕድል ይኽፈተልኩም ይኸውን። ምኽንኒ፡ መብዛሕትአን "ኤንትሪ-ለቨል ጆብስ" ተባሂሉ ዝፍለጥ፡ መባእታዊ ደረጃ ስራሕ ዘለወን፡ ኣብተን ናይ መጀመርታ ኣዋርሕ ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ ኣየፍቅዳን። ብመንገዲኹም'ውን፡ ኢንሹራንስ ክትኣትዉ ትግደዱ ትኾኑ።

# ዕዳጋኹም ኣበይ ክኸውን ከምዝኽእል

ድኳናትን ዕዳጋታትን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ብዙሕ ዝተፈላለየ ኣቕሑትን ኣገልግሎትን ይርከበን። ንዕዳጋ ክትከዱወን እትኽእሉ ሓሙሽተ ዝተፈላለያ ዓይነት ቦታታት ይስዕባ፥

**ሱፐር-ማርኬትስ።** ሱፐርማርከትስ ተባሂለን ዝፍለጣ፡ እተን ዝያዳ ዝዕብልላ ዓይነት ድኳናት ምግቢ ኢየን። መብዛሕትአን መጽረዪ ነገራት፡ ኰሕለ-ምሕሊ፡ መጋዚናት፡ ናይ ገዛ ቀንጠ-መንጢ፡ ከምኡ'ውን ፍቓድ ሓኪም ዘየድልዮ ኣፋውስ'ውን ይሸጣ። ብዙሓት ሰባት ወጻኢኦም ዘውሕድሉ ብልሓት ኣሎ፤ ቀዳማይ "ኩፖንስ" ዝበሃል ምጉዳል ዋጋ ዝሕብር ቍራጽ ወረቐት ብምርኣይ ኰይኒ፡ ካልኣይ ስርሓት'ቲ ሱፐር-ማርከት ዝኾነ ኣቕሓ ብምግዛእ፡ ሳልሳይ ብልሓት ድማ በቲ "ሰይል" ዝብል ቃል ዝተረቍሔ ኣቕሓ ብምንዳይ'ዩ።




**ዲፓርትመንት ስቶርስ።** ዲፓርትመንት ስቶርስ ዝበሃላ ዘዘውትራኦ፡ ኣቕሑ ገዛን ቤት-ጽሕፈትን፡ መሳርሒታት፡ ሓጺነ-መጺን፡ ክዳውንቲ፡ ኣሳእን፡ ከምኡ'ውን ካልኦት ዘይምግባዊ ነገራት ምሻጥ የጠቓልል ። ገለ ካብዚ'ኣተን፡ ብጐደሎ ዋጋ ዝሸጣ ድኳናት'የን።

**ስሪፍት ሾፕስ።** ስሪፍት ስቶርስ ተባሂለን ዝፍለጣ፡ ከም ኣቕሑት ገዛን ቤት-ጽሕፈትን፡ ናይ ገዛ ቀንጠ-መንጢ፡ ከምኡ'ውን ክዳውንቲ ዝኣመሰለ፡ ኣብ ኣገልግሎት ዝወዓለ ነገራት፡ ብትሑት ዋጋ ዝሸጣ ድኳናት'የን።

**ድኳናት ኤትኒካዊ ምግቢ።** እዚኣተን፡ መብዛሕትኡ ጊዜ ቀደም ብዝመጹ ምጻእያን ስደተኛታትን ዝካየዳ ድኳናት'የን። ኣብ ኵሉ ብርክት ዝበሉ ምጻእያ ኣህዛብ ዝቕመጡሉ ክርከባ ይኽእላ። ኣብ ከምዚ ዝበላ ድኳናት ዘዕበየኩም ምግቢ'ውን ትረኽቡ ትኾኑ።

**ኣብ ቅርዓት ወይ ኣብ ባይቶ ዝወጽእ መሸጣ።** ኣብዚ ዕዳጋ'ዚ ሰባት ናይ ገገዝኦም ኣቕሑ መብዛሕትኡ ጊዜ ኣዝዩ ሕሱር ብዝኾነ ዋጋ ይሸጡ። ከም ናይ ገዛ ቀንተ-መንጢ ነገራትን ኣቕሑት ገዛን ክዳውንቲን ንምግዛእ ብጣዕሚ ጽቡቕ ቦታ ኢዩ። እዞም "ያርድ ሰይልስ" ወይ "ጋርጅ ሰይልስ" ተባሂሎም ዝፍለጡ ቦታታት እዚኣቶም ንመሸጣ ኣብ ዝዳለዉሉ ጊዜ፡ ወይ ኣብ ከባቢ'ቲ ሰፈር ምልክታት ሓሓሊፎም ይሰቕሉ ወይ ድማ  ብጋዜጣታት ሓበሬታ የተሓላልፉ።

## ምኽፋል ቀረጽ

እቲ ስደተኛታት'ውን ወሲኽካ፡ ብዙሓት ተቐማጠ ዝረብሐሉ ኣገልግሎታት፡ በቲ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝእከብ ቀረጽ'ዩ ዝምወል። ህዝባዊ ትምህርቲ፡ ምዕራይ ጐደናታትን ናይ ርሑቕ መንገዲታትን፡ ፖሊስ፡ ምጥፋእ ሓዊ፡ ኣገልግሎት ህጹጽ ኵነታት፡ ይኹኑ መደባት ማሕበረ-ሰባዊ ኣገልግሎታት ኵሎም፡ በቲ ብመልክዕ ቀረጽ ዝእከብ ገንዘብ ይኽፈሉ። ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝቕመጡ ህዝቢ ነዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ዓይነት ቀረጻት ይኸፍሉ፥

**ኢንካም ታክስስ።** ነፍሲ-ወከፍ ስረሑ ዝኣቱ ሰብ "ፈደራል ኢንካም ታክስ" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ፈደራላዊ ቀረጽ ይኸፍል፤ ገሊኦን ካብ ስተይታት ድማ "ስተይት ኢንካም ታክስ" ዝበሃል'ውን የኽፍላ። እዚ ዓይነት ቀረጽ'ዚ፡ እቲ ካብ ክፍሊት መሃያኹም ብበዓል ስራሕ ክቑረጽ ዝጸንሔ ኣትርፎት ምዃኑ ኢዩ። ዓመት-ዓመት፡ ቅጥዒ ፈደራላዊ ቀረጽን ስተይት ቀረጽን መሊእኩም ክትሰንዱ ትግደዱ። እዚ ቅጥዕታት'ዚ ካብቲ ብበዓል ስራሕ ኣቢሉልኩም ዝኸፈልኩምዎ ኣትርፎት ክንደይ ምዃኑ፡ ዝያዳደ ክትከፍሉ ይግብኣኩም? ወይስ ገለ ክምለሰልኩም ይግባእ? ንመንግስቲ መፍለጢ ይኾኑዎ። ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳኹም፡ ነዚ "ታክስ ሪተርን ፎርም" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ቅጥዒ፡ ብኸመይ ከም እትሰንዱዎ ክትሕብረኩም ትኽእል። እዚ ቅጥዒታት'ዚ፡ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ቅድሚ "ኣፕሪል" 15 መሊእኩም ክትልእኩዎ ይግባእ።

**ፐርሰናል ፕሮፐርቲ ታክስስ።** ዞባዊ ምምሕዳራት፡ ናይ እትውንኑዎም ኣባይቲን መሬትን ህንጻታትን ቀረጽ የኽፍላ። ኣብ ገለ ቦታታት ድማ ዋላ እትውንኑወን መኻይን'ውን ቀረጽ ትኸፍሉለን።

**ሰይልስ ታክስ።** ኣብ መብዛሕትአን ስተይታት፡ ኣህለኽቲ፡ ኣቕሓ ክገዝኡ ከለዉ፡ ኣብ ርእሲቲ ዝኸፍሉዎ ዋጋ ኣቕሓ፡ "ሰይልስ ታክስ" ተባሂሉ ዝጽዋዕ፡ ቀረጽ መሸጣ ኣቕሓ ይውሰኾ። ገለ ከም ምግቢን መድሓኒትን ዝመሰለ ነገራት፡ እዚ ቀረጽ'ዚ ኣይክውሰኾን። ብዝሒ ቀረጽ፡ ብመሰረት ተፈሊጡ ዝጸንሕ ምኢታዊ ናይ ዋጋ፡ ኣብ "ረጅስተር" ይትመን። ኣብ ኣቕሑ ተለጢፉ እትርእዩዎ ዋጋ፡ ገና ቀረጽ ከይተደመሮ ከሎ ማለት'ዩ።

# ስርዓት ምቕማጥ ገንዘብ ኣብ ባንክ

ኣመሪካውያን ገንዘቦም ከይጠፍእ ንምውሓስ፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ገዛኦም ወይ ኣብ ኢዶም፡ ኣብ ናይ ባንክ ወይ ናይ "ክረዲት ዩንየን" ሕሳብ ይሕዙዎ። ኣብ ባንክ እተቐምጡዎ ገንዘብ፡ ኢንሹራንሱ ብመንግስቲ ሕ.መ.ኣ ይረጋገጽ። እቲ ገንዘብ እንተጠፊኡ ወይ ተሰሪቑ፡ መንግስቲ ሕ.መ.ኣ ተመሊሱ ንዓኹም ይኸፍለኩም።

ባንክታት ንዝተፈላለየ መዓላ ዝተፈላለየ ሕሳባት ኣለወን። ንገለ ካብቲ ሕሳባት ባንክ፡ ወርሓዊ ክፍሊት የኽፍላሉ። ክልተ ቀንዲ ዓይነት ሕሳባት ባንክ ኣለዋ፣ ንሳተን ድማ፥

"ሰይቪንግስ ኣካውንትስ"ን "ማኒ ማርከት ኣካውንትስ"ን። እዚኣተን ገንዘብ ምውህላል ዝዕላማአን'የን። ባንክታት ገንዘብኩም ምስአን ስለዘቐመጥኩምዎ፡ ናቱ መባድልቲ ድማ፡ ኣብ ገንዘብኩም ወለድ ይሓስባልኩም።

ቸኪንግ ኣካውንትስ። እዚኣተን ዕዳ ንምኽፋል ዘገልግላ ኢየን። እተን ባንክታት ከም ክራይ ገዛን ካልእ ዝኽፈል ሰሩዕ ወጻኢን ንምኽፋል ምእንቲ ክትጥቀሙሉ፡ ኣብ ልዕሌኡ ክትጽሕፉሉ እትኽእሉ "ቸክ" ይህባኹም። ካብቲ ኣብ "ቸኪንግ ኣካውንትስ" ሕሳብኩም ዘለኩም ገንዘብ ንላዕሊ መኽፈሊ ኣብቲ "ቸክ" ከይትጽሕፉ ክትጥንቀቑ ይግባእ። ሓድሓደ ባንክታት ነዚ ዓይነት ሕሳብ'ዚ'ውን ወለድ ይኸፍላሉ።

# ምጥቃም "ክረዲት"ን "ጉድ ክረዲት ሂስትሪ" ዝበሃል መሰረት ምንጻፍን

ኣመሪካውያን፡ ከም መኻይንን መሳርሒታትን ከምኡ'ውን ናይ ገዛ ዓበይቲ ኣቕሑን ዝመሰለ ዓበይቲ ነገራት ንምግዛእ ብክረዲት ካርድን ውዱን ኣገባብ ክረዲትን ይጥቀሙ። ሰባት፡ ብክረዲት ካርድን ብውዱን ኣገባብ ክረዲትን ተጠቒሞም፡ ክቡር ነገራት ክገዝኡ ይኽእሉ፣ ምኽንያቱ ከኣ፡ እዚ ኣገባብ'ዚ ነቲ ዋጋ ኣብ ሓደ ጊዜ ኣቐዲምካ ኣብ ክንዲ ምኽፋል፡ ኣብ ዝተናውሐ ጊዜ በብቑሩብ ንምኽፋል ዕድል ስለዝፈጥረሎም።

ነዚ ክረዲት ካርድ ወይ ውዱን ኣገባብ ክረዲት ክትጥቀሙ ከለኹም፡ ገንዘብ ኢኹም ትልቅሑ ዘለኹም። እታ ነዚ ካርድ ተውህበኩም ዘላ ካምፓኒ፡ ነቲ እትእወዱዎ ገንዘብ፡ ወለድ ክትድምረሉ ስለዝኾነት፣ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ወርሒ ድማ ክፍሊት ክትገብሩ ይግብኣኩም። ክፍሊት ከይገበርኩም ሓደ ወርሒ እንተሕሊፍኩም፡ እታ ካምፓኒ ነቲ ዝገዛእኩምዎ ኣቕሓ ተመሊሳ ክትወስዶ ትኽእል፣ ተወሳኺ ክፍሊት ድማ ክተኽፍለኩም ትኽእል።

ክረዲት ካርድ ክተውጽኡ እንተደኣ መዲብኩም፡ ብዕቱብ ጥንቃቐ ከኣ ክትጥቀሙሉ ይግባእ። ክረዲት ካርድ ዝጥቀም ሰብ ኣብ ከቢድ ዕዳ ክኣቱ ብጣዕሚ ቀሊል'ዩ። ብክረዲት ተኣዊድኩም ሓደ ነገር ክትገዝኡ ቅድሚ ምውዕዓልኩም፡ እቲ ስሩዕ ወርሓዊ ክፍሊት ዓቕምኹም ዝፈቕዶ ምዃኑን ዘይምዃኑን ክትግምግሙ ይግባእ።

ልቓሕ ክትወስዱ ከለኹም ወይ ብክረዲት ክትግልገሉ ከለኹም፡ መሰረት "ክረዲት ሂስትሪ" (ማለት፡ ዛንታ እዋናዊ ምኽፋል) ናትኩም ድማ ተንጸፉ ኣለኹም ማለት'ዩ። ብብሕቲ ዝውንና፡ ኣጀንስያታት ምምዝጋብ ክረዲት፡ ዛንታ ክረዲትኩም ዘርኢ ምዝገብ ጸብጻብ ይስንዳ፤ ባንክታት ድማ፡ ልቓሕ ወይ ክረዲት ካርድ ክፈቕዳልኩም ኣብ እትሓቱወን ጊዜ፡ ክፈቕዳ ዘይክፈቕዳ ንኽውስና፡ ነቲ ሕሉፍ ዛንታኹም ይውከሳ። ወርሓዊ ክፍሊትኩም ኩሉ ጊዜ ከይደንጎኹም ትኸፍሉ እንተደኣ ኰይንኩም፡ እቲ ናትኩም "ክረዲት ሂስትሪ" ጽቡቕ ስለዝጸንሕ፤ ብኡ መሰረት ድማ ልቓሕ ከፍቀዳልኩም ይኹን ክረዲት ካርድ ክህባኹም ቅሩባት ይኾና። ወርሓዊ ክፍሊት እንተዘሊልኩም፡ ወይ ድማ ካብ ዓቕምኹም ንላዕሊ ብክረዲት እንተኸፊልኩም፡ ሕማቕ ክረዲት ሂስትሪ ተተርፉ ኣለኹም ማለት'ዩ፤ ስለዚ ድማ ኣብ መጻኢ፡ ልቓሕ ምርካብ ኰነ ክረዲት ምጥቃም ኣይክትክእሉን ኢኹም።

በዚ ምኽንያት'ዚ፡ ነቲ እትእወዱዎ ናይ መጓዓዓዚ ልቓሕ ንምኽፋል ዝውዕል ገንዘብ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ወርሒ ንበይኑ ክትውግኑ ይግባእ። እዚኣ፡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ጽቡቕ ክረዲት ሂስትሪ ንምንጻፍ እታ ቀዳመይቲ ዕድልኩም ኢያ። ናይ ቀደም ልቓሕኩም ብግቡእ ትኸፍሉ ከምዝነበርኩም ክተመስክሩ እንተኽእልኩም፡ ሓዲሽ ልቓሕ ምርካብ ኣዝዩ ዝቐለለ ኢዩ። ብዛዕባ'ቲ እትእወዱዎ ኣከፋፍላ ልቓሕ መጓዓዓዚ፡ ንኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳኹም ሕተቱ።

ክራይ ሰፈርኩምን ዕዳ "ዩቲሊቲስ"ኩምን እውን፡ ወርሓዊ ኣብ ጊዜኡ ክትከፍሉዎ ይግባእ። ኣብ ክፍሊትኩም ዘልሓጥ እንተ ኢልኩም፡ ካምፓኒ ዩቲሊቲ፡ ሕጋዊ ስጉምቲ ብምውሳድ፡ ብ"ኮለክሽን ኤጀንሲ" (ኣስገዳዲ ኣጀንስያ) ክትከታተለኩም ትኽእል'ያ።


This facility is
smoke free.
No Smoking









ሕግታት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ መሰላትኩም ንምሕላው'ዮም ተጻሒፎም። ከም ተቐማጢ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ መጠን ድማ፡ መሰልኩምን ሓላፍነትኩምን ክትፈልጡ ይግባእ።

## መሰላትኩም

ከም ስደተኛ መጠን'ውን እንተዀንኩም፡ ማዕረ ኵሎም ተቐማጣ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ መሰል ኣለኩም። እዚ መሰላት'ዚ፣ መሰል ነጻነት ዘረባን፡ መሰል ሃይማኖትን፡ መሰል ነጻነት ምእካብን'ውን የጠቓልል። ርእይቶኹም ስለዝገለጽኩም ወይ ሃይማኖታዊ እምነትኩም ብምዝውታርኩም ወይ'ውን ምስ ፈተውትኹም ብጉጅለ ስለዝተራኸብኩም፡ ክትተሓዙ ወይ ክትእሰሩ ኣይፍቀድን። ንሕጊ ሕ.መ.ኣን ከባብያዊ ሕግታትን ተማእዚዝኩም ትነብሩ እንተደኣሊኹም፡ ንዝደለኹምዎ እምነት ክተዘውትሩን ከም ዊንታኹም ክትክደኑን ዕለታዊ ንጥፈታትኩም ቃሕ ከምዝበለኩም ክትቅጽሉን፡ ምሉእ ሓርነት ክስመዐኩም ይግባእ።

ንምእታው ስራሕ፡ ንመንበሪ፡ ንትምህርቲ፡ ከምኡ'ውን ዕድል ንመንግስታዊ ኣገልግሎት ብዝምልከት፣ ሕጊ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ንኹሎም ተቐማጠ ማዕረ ምኽልኻል መሰል የረጋግጸሎም። ብተወሳኺ፡ ሕጊ ሕመ.ኣ፡ ኣብ ዓሌትን ሃይማኖትን ኤትኒካዊ መበቈልን ዘድሃበ ጉሌላ ይኽልክል። ዋላኳ ኣብዚ ቀረባ እዋናት ዘጋጠመ ኵነታት ኣብ ኣእምሮ ገለ ኣመሪካውያን ስግኣትን ጓሂን ቍጠዐን እንተኸተለ፡ መብዛሕትኦም ኣመሪካውያን ኣብ ልዕሊ ምጻእያ ሰባትን ስደተኛታትን ዘለዎም ኣጠማምታ፡ ሚዛኑ ዘጥፈአሰ ኣይኰነን። ምኽንያቱ ከኣ፡ መብዛሕትኦም ኣመሪካውያን፡ ቀዳሞት ወለዶም ምጻእያን ስደተኛታትን ስለዝኾኑ ኢዩ። ኣብ ልዕሊ ካብ ካልኦት ሃገራት ዝመጹ ሰባት ኣሉታዊ ኣጠማምታ ዘሕደሩ ሓድ-ሓደ ኣመሪካውያን ከምዘለዉ ግን ፍሉጥ ኢዩ። ኣብ ፍሉይነት መልክዕኩም ወይ ቋንቋኹም ዝተመርኰሰ ጉሌላ፡ ኣንጻርኩም እንተተፈጺሙ ወይ መሰል እንተ ተነፊጉኩም ግን፡ ሓለዋ ፖሊስ ንምርካብ ይኹን ግቡእ ሕጋዊ ስጉምቲ ንምውሳድ መሰል ኣለኩም። ሓገዝ ሕጋዊ ኣገልግሎት ኣብ ኵሉ ኮምዩኒቲታት ክርከብ ይከኣል። ኣጀንሲ ዳግመ-ጥየሳኹም ነዚ ዓይነት ሓገዝ'ዚ ንምርካብ ክትተሓባበረኩም ትኽእል።

ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ብገበን እንተ ተኸሲስኩም፡ ገበነኛ ምዃንኩም ብመስርሕ ሕጊ ክሳብ ዝረጋገጽ፡ ከም ንጹህ ዜጋ ትሕሰቡ። ኣብ ቤት-ፍርዲ ቀሪቡ ዝምጉተልኩም ጠበቃ ናይ ምምዳብ መሰል ኣለኩም። ጠበቃ ንኽትቈጽሩ ዓቕሚ ዝጐድለኩም እንተዀይኑ'ውን፡ ቤት-ፍርዲ ንዓኹም ዝውክል ጠበቃ ከፊላ ትቈጽር። ሕጊ እንተ ጥሒስኩም ግን፡ ኣጀንሲ ዳግመ-ጥየሳ ክተድሕነኩም ኣይትኽእልን።



# ሓላፍነታትኩም

ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ሰለስተ ዓይነት ሕግታት ኣለዉ። ፈደራላዊ ሕግታት ዝበሃሉ፣ ንኣብነት እቶም እንጻር ምምልላስ ዕጸ-ፋርስ ዝሰፈሩ ሕግታት፡ ንኹሉ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ዝቕመጥ ሰብ ዘረኸኽቡሉ ኢዮም። ሕግታት ስተይት ዝበሃሉ ከኣ ካብ ስተይት ናብ ስተይት ይፈላለዩ፤ ንኣብነት፡ ኣብ ሓድ-ሓደ ስተይታት ንወዲ 16 ዓመት "ድራይቨርስ ላይሰንስ" (መዘወሪ ፍቓድ)ክወሃብ ከሎ፡ ኣብ ካልኦት ከኣ ቕድም፡ ዕድሜኡ 18 ዓመት ክኣክል ግድን ይኸውን። "ሎካል"፡ ማለት፥ ዞባዊ ተባሂሉ ዝፍለጥ ሕግታት ከኣ ኣብ ሓደ ውልቀ ከተማ ወይ "ካውንቲ" (ወረዳ) ዝሰረሐሉ ኢዩ። ብዙሓት ሕግታት ሕ.መ.ኣ ካብ ሕጊ ዓድኹም ስለዝፍለዩ፡ ክትርድኡዎም ይግባእ።

ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ዋላ'ውን ነቲ ሕጊ ዘይትፈልጡዎ እንተጸናሕኩም፡ ሕጊ እንተ ጥሒስኩም ክትቕጽዑ ትኽእሉ ኢኹም። ከም ስደተኛ መጠን ብጉዳይ ሕጊ ሓደ ክትዝክሩዎ ዝግበኣኩም ነገር ኣሎ፤ ንሱ ድማ መቕጻዕቲ ናይ ገለ ሕግታት፡ ምስጓጉ፡ ማለት ናብ መበቈላዊት ሃገርካ ምብራር ይኸውን። ብዛዕባ እዞም ሕግታት እዚኣቶም ሕቶ እንተልዩኩም ንኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ ሕተቱ።



ብዛዕባ ሕግታት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ክትፈልጡዎ ዝግባእ ገለ ኣገዳሲ ነገራት እነሆ፥

- “ናርኮቲክስ” ተባሂሎም ዝለለዩ፡ ካልኦት ወልፊ ዘሕድሩ፡ ከምኡ’ውን ኣብ ትሕቲ ቊጽጽር ዝርከቡ ነገራት፣ ምግዛእ፡ ምሻጥ ወይ ምጥቃም ሕጊ ዘየፍቅዶ ተግባር’ዩ። ነዚ ሕጊ’ዚ እንተ ጥሒስኩም ናብ ሃገርኩም ተሰጒጒኩም ክትምለሱ ይከኣል። ኣብ ሃገርኩም ዘይኽልከሉ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ግን ብሕጊ ዝተኸልከሉ ወይ ምቊጽጻር ዝግበረሎም ኣፋውስ ምህላዎምን ዘይምህላዎምን ንእጃንስያ ምጥያስ ሓቲትኩም ፍለጡ።
- ኣብ ልዕሊ በዓልቲ-ቤት ወይ ውላድ ኣካላዊ ስቓይ ምውራድ (ምህራም ወይ ምቕጥቃጥ)፡ ዘይሕጋዊ ተግባር ኢዩ። ንቈልዑ፡ ብዘይ ሓለዋ እኹል ሰብ፡ ንበይኖም ምግዳፍ’ውን ዘይሕጋዊ ተግባር’ዩ። ኣብ ገለ ሃገራት ኣናእሽቱ ቈልዑ ብዕብይ ዝበሉ ቈልዑ ምሕላው ልሙድ’ዩ፤ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ግን፣ ኵሉ ጊዜ፡ ንኣናእሽቶ ቈልዑ ዝሕሉ ብዕድመ እኹል ዝኾነ ሰብ ክህሉ ግድነት ኢዩ። ንቈልዓ ምቕጥቃጥ “ኣብዩዝ” ይበሃል፡ ከም ምስቓይ ወይ ምግፋዕ ይፍለጥ፤ ንቈልዓ በይኑ ምግዳፍ ድማ “ነግሌክት” ይበሃል፡ ከም ከቢድ ሸለልትነት ድማ ይሕሰብ። ክልቲኦን እዘን ዝተጠቕሳ በደላት ውላድኩም ናይ ምስኣን ሳዕቤን ከኸትላ ይኽእላ፤ ንቈልዑ እትሕለቕ ኣጀንስያ፡ ደቅኹም ክትግድፈኩም ትኽእል።

- ንትሕቲ ዕድመ ምግሳስ (ማለት፥ ብዕድመ ትሕቲ 18 ዓመት) ዘይሕጋዊ ኢዩ። ኣብ ትሕቲ ዕድመ ዝፍጸም ጾታዊ በደል፡ ማእሰርቲ ካብኡ ሓሊፉ'ውን መስጐጒቲ ከኸትል ይኽእል። ኣብ ሓደ እዋን ካብ ሓንቲ በዓልቲ ኪዳን ንላዕሊ ተመርዒኻ ምንባር ዘይሕጋዊ ተግባር ኢዩ።

- ቈልዑ እንተደኣ ኣልዮምኹም'ሞ ምስ እትፋትሑ ወይ ብሕጊ ምስ እትፈላለዩ፡ ደቅኹም ዘድልዮም ናይ ገንዘብ ሓገዝ፡ ብወላዲት ወይ ወላዲ ኣቢልኩም ወርሓዊ ክፍሊት ብምግባር፡ ግቡእኩም ክተማልኡ ሓላፍነት ኣለኩም። እዚ "ቻይልድ ሳፖርት" (መናበዪ ቈልዓ) ተባሂሉ ይጽዋዕ፤ ሕጋዊ ግዴታ ድማ ኢዩ። ግዴታ መናበዪ ቈልዓ ዘይምምላእ ንሕጋውነት ምቕማጥኩም ኣብ ኣስጋኢ ኵነታት ከውድቖ ይኽእል።

- ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ደቂ 21 ዓመት ክሳብ ዝኣኽሉ፣ ቈልዑ፡ ኣልኮላዊ መስተ ክሰትዩ ይኹን ኣብ ድኳን ተላኢኾም ክገዝኡ ኣይፍቀድን። ብሓፈሻ ከኣ፡ ብዘይካ ኣብ ከም ባራትን ቤት-ምግብታትን ዝመሰለ ምዱብ ቦታታት፣ ኣብ ጐደናታት ይኹን ኣብ ደገ ኣልኮላዊ መስተ ምስታይ ንዝኾነ ሰብ ክልኩል'ዩ።

- ኣብ ናይ ስራሕ ቦታ፡ "ሰክሽዋል ሃራስመንት" ተባሂሉ ዝፍለጥ፡ ጾታዊ ቃና ዝሓዘ ናይ ቃላት መጥቃዕቲ ምስንዛር ወይ ተዳፋሪ ባህርያት ምዝውታር ዘይሕጋዊ ተግባር'ዩ።

- ብዘይ ግቡእ ፍቓድ መሳርያ ምውናን ዘይ-ሕጋዊ ተግባር'ዩ። ኣብ መብዛሕትኡ ቦታታት፡ ብዘይ ግቡእ ፍቓድ ምህዳን ወይ ዓሳ ምግፋፍ ዘይ-ሕጋዊ ተግባር ኰይኑ፡ ነቶም ንኣጠቓቕማ ባህርያዊ ጸጋ ዝገዝኡ ሕግታት ክትፈልጡዎምን ክትሰዕቡዎምን ይግባእ።

- ሕጋዊ ፍቓድ መዘወሪ መኪና ሕ.መ.ኣ ከይሓዝኩም፡ መኪና ምዝዋር ይኹን፣ ኣልኮላዊ መስተ ድሕሪ ምስታይ ምዝዋር፡ ዘይሕጋዊ ተግባር ኢዩ። ኣእምሮኹም ብኣልኮላዊ መስተ ተዓብሊሉ ከሎ መኪና ምዝዋር፡ ከም ከቢድ ግህሰት ይሕሰብ፤ መቕጻዕቱ ድማ፣መዘወሪ ፍቓድ ምሕዳግ፡ ማእሰርቲ፡ ክሳብ ካብ ሃገር ምስጓጕ ክበጽሕ ይኽእል።

- ብዙሓት ስተይታት ንምጥቃም "ሲ.ት-በልት" (ዕጣቕ መቓምጠ) ናይ መኻይን ብዝምልከት፡ ሕግታት ኣለወን። ወለዲ፡ ንደቆም ሲ.ት-በልት ከዕጥቑዎም፡ ነቶም ሕጻውንቲ ድማ ኣብ ፍሉይ ድሕነቶም ዘውሕስ ሲ.ት-በልት ከእትውዎም ብሕጊ ይግደዱ። ንዓበይቲ ዝገዝእ ተመሳሳሊ ሕጊ ሲ.ት-በልት'ውን ኣሎ።
- ኣብ ህዝቢ ዝእከበሉ፡ ከም ቤት-ጽሕፈታትን ናይ ትያተር ቦታታትን ሽጋራ ምትካኽ ዘይ-ሕጋዊ ተግባር ኢዩ። ከም ኣብ ቤት-ምግቢ.ታት ዝኣመሰሉ ቦታታት ድማ፡ ሽጋራ ንዘትክኹ ዝተወገነ ቦታታት ይርከብ። ሽጋራ ተትክኹ እንተደኣ ኰይንኩም፡ ብዛዕባ ሕጊ'ቲ ቦታ ንኣጀንሲ.ያ ዳግመ-ጥየሳ ሕተቱ።
- ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ንኣተሓሕዛ እንስሳታት ዝገዝኡ ሕግታት'ውን ኣለዉ። ንእንስሳ ምቕጥቃጥ፡ ሓልዮት ምንፋግ፡ ምስቓይ፡ ወይ ምቕታል ዘይሕጋዊ ተግባር ኢዩ።

# ኰነት ሕጋዊነት ምቕማጥኩምን ጉዳይ ዜግነትን

ንመብዛሕትኦም ስደተኛታት፡ ምጥያስ ንሓዋሩ ዝውሰድ ውሳኔ ኢዩ። ከም ስደተኛ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ንምእታው ተቐባልነት ምርካብ ማለት፡ ንሓዋሩ ኣብዚ ሃገር ክትነብሩ፣ ጸኒሑ'ውን ንዜግነት ክተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም ማለት'ዩ።

ኣብቲ ቀዳማይ ዓመት ሕጋዊ መለለዪኹም ስደተኛ ዝብል ይኸውን። ኣብዚ እዋን'ዚ ከም መረጋገጺ ኰነት ሕጋዊ ምቕማጥኩም፡ ቅዳሕ ሰነድ I-94ን ናይ EAD ካርድን ሒዝኩም ክትርከቡ ይግባእ። ከም ስደተኛ መጠን እዚ ዝስዕብ ይፍቀደልኩም፥

- ኣብ ውሽጢ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ናብ ዝደለኹምዎ ቦታ ክትገሹ ምኽኣል
- ንብረት ምግዛእ
- ስራሕ ክትቀጻሩ ምኽኣል
- ትምህርቲ ምእታው
- ኰነታት ኣገዲ.ዱኩም መሊ.ቑኩም ብምውጻእኩም፣ ተፈልዮምኹም ንዝጸንሑ፡ በዓልቲ ቤትኩምን ዘይተመርዐዉ ትሕቲ 21 ዓመት ዝዕድሜኦም ደቅኹምን፡ ካብ መበቈላዊት ሃገርኩም ክተምጽኡ ምኽኣል። በዓልቲ ቤት ወይ በዓል ቤት ከምኡ'ውን ደቅኹም ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ መጺኦም ክጽንበሩኹም እንተደኣ ኰይኑ ባህግኹም፡ ኣጀንሲ.ያ ዳግመ-ጥየሳ፡ ነቲ ሕጊ ዝሓቶ ነገራትን ኣገባብ ኣፈጻጽማኡን ክትገልጸልኩም ትኽእል።

ኣብቲ ሕጋዊ መለለዪ ምቕማጥኩም ስደተኛ ኰይኑ ዝጸንሐሉ እዋናት፡ ፓስፖርት ክወሃበኩም ኣይኽእልን፤ ወተሃደር ክትክተቡ ኣይትኽእሉን፤ ኣብ ምርጫ ክትመርጹ ኣይትኽእሉን፤ ከምኡ'ውን ኣብ ኣመሪካዊ ዜግነት ዝሓቱ ዕድላት ስራሕ ክትቀኑጸሩ ኣይትኽእሉን። ብተወሳኺ፡ ዋላኳ ኣብ ውሽጢ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ናብ ዝደለኹምዎ ቦታ ክትገሹ ትኽእሉ እንተ ኰንኩም፡ ሰፈር እንተ ቀዪርኩም ግን ንUSCIS ክትነግሩ ይግበአኩም። ኣድራሻ ካብ ዝቐየርኩምሉ መዓልቲ ጀሚርኩም፡ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ መዓልታት ንUSCIS ክተፍልጡ ይግባእ። ኣጀንሲ ዳግመ-ጥየሳኹም፡ ነቲ ዝድለ ቅጥዒ ሰነድ ንምምላእ ክትተሓባበረኩም ትኽእል'ያ።

ኣብቲ ሕጋዊ መለለዪ ምቕማጥኩም ስደተኛ ኰይኑ ዝጸንሐሉ እዋናት፡ ብዘይ ፍቓድ USCIS ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ወጻኢ ናብ ካልእ ቦታ ክትገሹ ኣይፍቀድን። ናብ ወጻኢ ክትገሹ ግድን እንተኾይኑ፡ ኣጀንሲ ዳግመ-ጥየሳኹም፡ ፍቓድ ብኸመይ ክትሓቱ ከም እትኽእሉ ክትገልጸልኩም'ያ። ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ከም ስደተኛ እንዳተፈለጥኩም ከለኹም፡ ናብ መበቈላዊት ሃገርኩም እንተገይሽኩም፣ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ምምላስ ክትክልከሉ ትኽእሉ ኢኹም።

ዕድሜኦም ኣብ መንጎ 18 ዓመትን 25 ዓመትን ዘለው ስደተኛታት ደቂ-ተባዕትዮ፡ ኣብ "ስለክቲቭ ሰርቪስ" ዝበሃል፡ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ፡ መብዝሕትኡ ድማ ብምኽንያት ኲነታት ውግእ፡ ንወተሃደራዊ ኣገልግሎት ክጽውዖም ዝኽእል መንግስታዊ ኣጀንስያ ክምዝገቡ ኣለዎም። ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ኲሎም ኣባላት ሰራዊት ሕ.መ.ኣ ብፍቶት ዝኸዱ ኢዮም። ክምዝገቡ ዘይደልዩ ሰባት ቀዋሚ ተቐማጥነትን ዜግነትን ምርካብ ከሸግሮም ይኽእል'ዩ።

ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ሓደ ዓመት ድሕሪ ምጽናሕ፡ ን"ፐርማነንት ረዚደንት"ነት፡ ማለት ቀዋሚ ተቐማጢ ንምኳን ምልክታ ክተቕርቡ ትኽእሉ። ቀወምቲ ተቐማጠ ናብ ወጻኢ ክገሹ ይኽእሉ ኢዮም።(እንተኾነ ግን ኣብ ወጻኢ ካብ ሓደ ዕመት ንላዕሊ ክጸንሑ ኣይግባእን) ኣባላት ሰራዊት ሕ.መ.ኣ ክኾኑ'ውን ይኽእሉ፤ ኣብ ምርጫ ሕ.መ.ኣ ክመርጹን ዜግነት ኣብ ዝሓትት ስራሕ ክቑጸሩን ግን ኣይኽእሉን። ኣጀንሲ ዳግመ-ጥየሳኹም፡ በየናይ ኣገባብ ቀዋሚ ተቐማጢ ክትኰኑ ከም እትኽእሉ ክትሕብረኩም'ያ።

4 ዓመታትን 9 ኣዋርሕን ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ንዜግነት ክተመልክቱ ትኽእሉ። USCIS ወይ ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ፡ ዜግነት ንምርካብ ዝድለ ቅድመ ኩነት ክገልጻልኩም ይኽእላ ኢየን። ገለ ካብኡ ንምጥቃስ ግን፥ ጽቡቕ ስነ-ምግባራዊ ባህርይ ምውናን፡ ከምኡ'ውን መሰረታዊ ኣፍልጦ ቋንቋ እንግልዝን፡ ታሪኽን መንግስቲን ሕ.መ.ኣን ይሓትት። እቶም ብፍቶት ዜግነት ዝቐየሩ ዜጋታት፡ ማዕረ'ቶም ዜግነት ብትውልዲ ዝጸንሖም መሰል ኣለዎም።









ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝተፈላለየ ውርሻታትን ልምድታታትን ሒዞም ብዝመጹ ምጻእያ ዝተተኽለት ሃገር ስለ ዝኾነት፡ ኣመሪካዊ ባህሊ ዝበሃል እንኮ ባህሊ የለን። እንተኾነ ግን፡ ኣመሪካውያን ርዱእ ክኸውን ትጽቢት ዝገብሩሉን ከም ቅቡል ዝወሰዱዎን ልሙድ ጠባያት ኣሎ። እቶም ጠባያት ካብቲ ናትኩም ባህሊ ዝፍለዩ ክኾኑ ይኽእሉ፤ ምስ ገለ ካብ ባህልኹምን ባህርያት ሃገርኩምን ተነጻጺሮም ዝገራጨዉን ዘደንጽዉን'ውን ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም። መስተውዓልቲን ተጻወርቲን ንለውጢ ሓንጎፉይ በሃልቲን እንተኾይንኩም፡ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ዘጋጥሙኹም ዘደንጽዉ ባህርያት ክትሓቱ ፍቓደኛታት እንተኾይንኩም፡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዕዉታት ኰይንኩም ክትወጹ ኢኹም። ብዛዕባ ክብርታትን ዝንባሌታትን ጠባያትን ኣመሪካውያን ክትፈልጡዎ ዝግባእ ነገራት እነሆ፥

**ዘይወግዓዊነት።** ኣመሪካውያን፡ ምስ ካልኦት ኣህዛብ ክነጻጸሩ ከለዉ፡ ወግዓዊነት ስርዓተ-ኣኽብሮቶም ዝልቕ ዝበለ ኢዩ። ኣብ ፍኑው ሓድሕዳዊ ምውሳእ፡ ነቲ "ፈርስት ነይም" ዝበሃል ቀንዲ ስም ናይቲ ሰብ ዝንጥል ኣቢሎም ይጸዋውዑ። ኣብ ናይ ስራሕ ሃዋህው ከኣ፡ ኣብ ወግዓዊ ምልላይ ነቲ "ላስት ነይም" ዝብሉዎ ስም ኣቦ ረቊሖም ይደሃሃዩ፤ መብዛሕትኦም ተቌጻጸርቲን ተራ ሰራሕተኛታትን ግን በቲ ፈርስት ነይም ምጽውዋዕ ይመርጹ። ከም ዶክተር ዝመሰለ ሞያዊ መዓርግ'ውን እንተኾነ፡ መብዛሕትኡ ጊዜ ኣብ ወግዓዊ ኵነታት ጥራሕ'ዮም ዝጠቕሱዎ። ኣመሪካውያን ብዙሕ ፍሸኽ ይብሉ፤ ምስ ፈተውቶም ኰነ ምስ ጓኖት ኣብ ዝራኸቡሉ ኣጋጣሚታት ፍሸኽታ መኻይድቶም'ዩ።

**ጊዜ ምኽባር።** ምሕላው ሰዓት ኣዝዩ ዝኽበር ጠባይ ኢዩ። ኣመሪካውያን ናይ ቈጸራ ጊዜ ንምኽባር ይጽዕቱ፤ ካልኦት ከኣ ከምኦም ክኾኑ ይጽበዩዎም። ኣብ ውልቃዊ ጉዳይ ይኹን ኣብ ህዝባዊ፡ ቈጸራ ምግባርን ምኽባሩን ኣገዳሲ ኢዩ። ናብ ዝኾነ ቤት-ጽሕፈት ንምኻድ ኣቐዲምኩም ቈጸራ እንተዘይገይርኩም፡ ነቲ እትደልዩዎ ኣይክትራኸቡዎን ኢኹም፤ ቈጸራኹም ክተኽብሩ ዘይከኣለኩም እንተኾይኑ ወይ ካብ 15 ደቓይቕ ንላዕሊ ክትድንጉዩ እንተኾይንኩም ድማ፡ ደዊልኩም፡ ክትድንጉዩ ምዃንኩም ክትሕብሩ ኣለኩም፤ ይቕረታ'ውን ክትሓቱ ይግባእ።

**ስትረት።** ኣመሪካውያን ንስትረት ጉዳይ ገዛእ-ርእሶም ኣዝዩ ዓቢ ሚዛን ክብሪ ይህቡዎ። ከይተዓደሙ ወይ ከይደወሉ ናብ መናበርያ ካልኦት ሰባት ዝኸዱ ዳርጋ የለዉን። ገንዘብ ጠቀስ ጉዳይ ተኣፋፊ ውልቃዊ ሕቶ ኢዩ፤ ካብዚ ዝተላዕለ ከኣ፡ መሃያ ሰባት ክንደይ ምዃኑ፡ መኪናኦም ክንደይ ከምዝኸፈሉላ፡ ምሕታት ከም ነውሪ ይቝጸር። ከምኡ'ውን ንመጀመርታ ጊዜ ንዘጋጥመኩም ሰብ፡ ብዛዕባ ውልቃዊ ጉዳዩ ምሕታት ብዓይኒ ኣመሪካውያን ከም ነውሪ ይውሰድ።



**ናይ ገዛእ-ርእሲ ሓለዋ ጥዕና።** መብዛሕትኦም ኣመሪካውያን፡ መዓልታዊ ሰብነቶም ይሕጸቡ፤ ኣስናኖም ደጋጊሞም የጽርዩ፤ ጸጉሮም ብሻምፑ ደጋጊሞም ይሓጽቡዎ፤ ከምኡ'ውን ክዳውንቶም ቀቀልጢፎም ይሓጽቡ። ድኳናት ከኣ፡ ሰባት ዝረስሑ ንኸይመስሉን ጨና ረሃጽ ንኸይህልዎምን ዝጠቅም ብዙሕ ዓይነት ነገራት ይሸጣ። ናይ ገዛእ-ርእሲ ሓለዋ ጽሬትን ጥዕናን፡ ስራሕ ንምርካብን ንምዕቃቡን፣ ኣብ ኢንተርቪው ይኹን ንሓዋሩ ኣብ ቦታ ስራሕ፡ ብሓቂ ኣገዳሲ ኢዩ። ብዛዕባ'ዚ ንኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳኹም ሕተቱዋ።

**ሞቕሽሽ ምውሃብ።** ንሰራሕተኛ ቤት-ምግቢ ወይ ንበዓል ታክሲ፡ ካብ 15 ክሳብ 20 ምኢታዊ ናይቲ ጠቕላሊ ክፍሊት ከም ሞቕሽሽ ምውሃብ ዝውቱር ተግባር ኢዩ። ከም ሞሳ ሓገዝ ንፖሊስ ይኹን ንካልእ ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛ ግን ሞቕሽሽ ክትህቡ ኣይግባእን።

**ኣልኮላዊ መስተን ምትካኽ ሽጋራን።** ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዋላኳ ኣልኮል ዝውቱር እንተኾነ፡ ንኣጠቓቕማኡን ንምሻጡን ዝምልከት ብዙሕ ሕግታት ግን ኣሎ። ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣልኮል ምስታይን ዘይምስታይን ከም ውልቃዊ ምርጫ ስለዝውሰድ፡ ኣየድልየንን ኢልካ ምእባይ ዘቐይም ነገር ኣይኮነን። ብዙሓት ኣመሪካውያን ሽጋራ ኣየትክኹን፤ ኣብ መናበርያኦም ዝመጹዎም ሰባት ድማ ድሌቶም ከኽብሩ ይጽበዩዎም ይኾኑ።



**ጉዳይ ድሕነትኩም።** ገበንን መጥቃዕቲን ኣብ ኵሉ ቦታታት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ከጋጥም ይኽእል'ዩ፤ መጠኑ ግን ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይፈላለ። ኣበይ ትነብሩ ብዘየገድስ፡ ከም ገዛን መኪናን ምዕጻውን፡ ብርክት ዝበለ ገንዘብ ኣብ ኢድ ዘይምሓዝን፡ ከምኡ'ውን ብለይቲ ክትረግጹዎም ዘይብልኩም ሰፈራት ምልላይን ዝኣመሰሉ መሰረታዊ ጥንቃቑታት ክተዘውትሩ ይግባእ።

**ጉዳይ መንነት።** ህዝቢ ኣመሪካ ብቑጽሩ ብጣዕሚ ብዙሕ ስለዝኾነ፡ ኣመሪካውያን፡ ኣብቲ ምስ መንግስቲን ሰብ ዋኒንን ዘሎዎም ርክብ ዝጥቀሙሉ ተመሳሳሊ ቅርጽታት መንነት ኣለዎም። ንዓኹም ንስደተኛታት ብዝምልከት፡ ቅዳሕ ናይ I-94 ካርድኹምን EAD ካርድኹምን ከምኡ'ውን ስምን ኣድራሻን ቊጽሪ ተሌፎንን ኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳ፡ ኵሉ ጊዜ ሒዝኩም ክትርከቡ ይግባእ። እንግሊዝኛ ዘይትዛረቡ እንተኰይንኩም፡ ናትኩምን ናይቲ እትኽዱዎ ሰብን ኣድራሻን ቊጽሪ ተሌፎንን ክትሕዙ ይግባእ።

ጉዕዞ ምዕዛብ ጠባያትን ክብርታትን ኣመሪካውያንን ምስኣቶም ተቓዲኻ ምንባርን፡ ሓደ ክፋል ናይ ባህላዊ ምውህሃድ ኢዩ። ምምስሳል ምግባር ማለት ግን ኵሉ ሸነኻት ባህላዊ መንነትካ ምጥንጣን ማለት ኣይኰነን። በንጻሩ እኳ ደኣ፡ ብዙሓት ስደተኛታት ከምዝብሉዎ፡ ገለ ሸነኻት ኣመሪካዊ ባህሊ ምስ ናቶም ብምውህሃድ ዕውት ምምስሳል ከተግብሩ ክኢሎም።



# ባህላዊ ነውጺን ጭንቀትን ክኢልካ ምንባር

ብእንግሊዝኛ “ካልቸራል ሾክ” ተባሂሉ ዝፍለጥ ተርእዮ፡ ብትግርኛ ባህላዊ ነውጺ ክበሃል ይከኣል፤ ኣብ ማእከል ዘትፈልጠ ቋንቋን ባህሊን ብምስፋርካ ዝሓድረካ ናይ ቀቢጸ-ተስፋን ምንጽርጻርን ስምዒት ኢዩ። ባህላዊ ነውጺ ልሙድ ተርእዮ ኢዩ፤ ንዝኾነ ኣብ ዘይፈልጠ ሓዲሽ ሃገር ከይዱ ናብራ ዝጅምር ሰብ የጋጥም።

ባህላዊ ነውጺ ወሪዱኩም እንተደኣ ኣሎ ኰይኑ እዚ ዝስዕብ ክስመዐኩም ይኽእል፥

- ከም ናብ ዕዳጋ ምውፋርን ምጥቃም ህዝባዊ መጓዓዝያን ዝበለ ዕማማት ክትፍጽሙ ብዘይምኽኣልኩም ምንጽርጻር፤
- ብቐትሪ ስምዒት ድኻም ብለይቲ ድማ ድቃስ ምስኣን፤
- ሕርቃንን ተነቃፊ ምዃንን፤
- ዘይምግዳስን ብጓሂ ዝኣክል ዝን ምባልን፤ ከምኡ’ውን
- ሸውሃት ምግቢ ምጥፋእ።

ናብ ሓድሽን ዘይትፈልጠን ሃገር ምግዓዝ ንመብዛሕትኦም ስደተኛታት ጭንቀት የሕድረሎም’ዩ። ኵሉ ሰብ ብዝተፈላለየ መልክዕ እዚ ስምዒት’ዚ የጋጥሞ ኢዩ፤ እቲ ንብዙሓት ዘጋጥም ስምዒት ግን፥ ነጠፍጠፍ ናይ ምባል ስምዒት ምጥፋእ፣ ነብሰ-ምትእምማን ምጥፋእ፣ መንነትካ ምርሳዕ፣ ከምኡ’ውን ስምዒት ፍሽለት ምሕዳር ይመስል። እዚ ስምዒታት’ዚ መብዛሕትኡ ጊዜ ጊዜያዊ ኰይኑ ጊዜ ብዝወሰደ መጠን፡ እንዳተቓለለ ድማ ይኸይድ። ብዙሓት ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝኣተዉ ሓደስቲ ምጻእያ እዚ ስምዒት’ዚ ኣጋጢሙዎም’ዩ፤ ነቲ ሸግር ምስገጠሙዎ ግን ተሪሮም ወጺኦም።

እዚ ጭንቀት እዚ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታት ህይወት ጸገም ክኸትል ይኽእል'ዩ፤ ስድራ-ቤታዊ ግርጭት ዋላ'ውን ኣብ ውሽጢ ስድራ መጥቃዕቲ ክረኤ ይኽእል። ነቲ ዝስመዐኩም ጭንቀት ክተስተባህልሉን ረዲኤት ሃሰው ክትብሉን እትገላገሉሉ ብልሓት ክተናድዩን ኣገዳሲ ሕቶ ኢዩ።

ባህላዊ ነውጺ ዝእለየሉ መንገዲ ከከም ባህሉን ሰቡን ይፈላለ። ድሮ ነብስኹም ዘሕደሮ ከም ብግቡእ ምምጋብን ምውስዋስ ኣካላት ምግባርን እኹል ድቃስ ምድቃስን ዝበለ ብልሓት ክህሉ ይኽእል፤ ምስ ፈተውትኹም ሓቢርኩም ኣብ ማሕበረ-ሰባዊ ወይ ባህላዊ ፍጻሜታት ምጽንባር ክኸውን ይኽእል፤ ሓደ ውልቃዊ ዕላማ ተሊምካ ምብጋስ ክኸውን ይኽእል፤ ወይ ከኣ መንፈሳዊ ወይ ሃይማኖታዊ ምንጪ ንምድህሳስ ከከም እምነትኩም ዝእዝዞ ምስ ናይ ዞባኹም መስጊድ፡ ቤተ-ክርስትያን ወይ ሲናጎግ ምርኻብ ክኸውን ይኽእል። ንገለ ሰባት ከኣ፡ ኣብ ደስ ዝብሎም ንጥፈታት ምጽንባር ወይ ዝፈትውዎ ሙዚቃ ምስማዕ የፋኽሶሎም። ካልእ ዳርጋ ኵሎም ሓደስቲ ምጻእያ ዝገብሩዎ፡ ምስ ደቂ ሃገሮም ወይ ዓሌታዊ ጒጅለኦም ኣብ ናይ ሓድሕዳዊ ምትሕግጋዝ ማሕበር ምእታው ከኣ ኣሎ።

ብዛዕባ'ዚ ዘድልየኩም ሓገዝ ንምሕታት ንኣጀንሲያ ዳግመ-ጥየሳኹም ሕተቱ።

# ምቅይያር ግደ ኣብ ውሽጢ ስድራ-ቤት

ሓደ ካብቶም ኣዝዮም ዘጨንቑ ሸነኻት ዳግመ-ጥየሳ፡ እቲ ዘጋጥም ምቅይያር ግደ ሰባት ኣብ ውሽጢ ስድራ-ቤት ኢዩ። ኣቦታት፡ ኣደታት፡ በጽሒ መንእሰያት፡ ኣናእሽቶ ቈልዑን ሸማግለታትን ኵሎም፣ ናብራ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ነቲ ኣብ ነንሕድሕዶም ዝጸንሔ ዝምድና ክቕይሮ ይግንዘቡ። እዚ ተርእዮ'ዚ ኣብ መስርሕ ዳግመ-ጥየሳ ልሙድ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ መጀመርታ ግን ጸገማት ይፈጥር'ዩ።

ደቅ-ተባዕትዮ ይኹኑ ደቀ-ንስትዮ፡ ምስቲ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዘጋጥሞም ምቅይያር ግደ፡ ምቅዳው የሽግሮም። ኣመሪካውያን ኣብ ማዕርነት ክልቲኡ ጾታታትን ነብስኻ ምኽኣልን ነጻ ምዃንን ይኣምኑ። ኣብ ብዙሓት ስድራ-ቤታት ሰብኣይን ሰበይቲን ክልቲኦም ይሰርሑ ኣብ ምሕላው ቈልዓ ከኣ ማዕረ ሓላፍነት ይስከሙ።

ኣብ ሓሓደ ስድራ-ቤታት፡ ክልቲኦም ወለዲ ክሰርሑ ከለዉ፡ እቶት ናይታ ሰበይቲ ዝበዝሐ ይኸውን። ኣብ ገለ ስድራቤታት'ውን ሰበይቲ ስራሕ ክትረክብ ከላ ሰብኣይ ግን ስራሕ ይስእን። ከምዚ ክኸውን ከሎ፡ ቈልዑ  ካብ ትምህርቲ ኣብ ዝምለሱሉ ጊዜ ምሕላዎም ናይ ኣቦ ሓላፍነት ይኸውን። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት፡ እቶም ስደተኛታት ሰብኡት እቲ መሪሕ ግደኦም ዘጥፍኡ ዘለው ኰይኑ ይስምዖም። ስደተኛታት ኣንስቲ ከኣ በቲ ሓደ ሸነኽ ሓድሽ ነብሰ-ምትእምማን ክሰመዐን ከሎ በቲ ኻልእ ድማ ናይ ስክፍታ ስምዒት ይሓድረን።

ምጥያስ ንመንእሰያት'ውን ክብርትየም ይኽእል፤ ብፍላይ ንኣባጽሕ፣ ምኽንያቱ ከኣ በቲ ሓደ ወገን ነቲ ሓድሽ ባህሊ ንምርዓም ክቃለሱ ከለዉ በቲ ካልእ ወገን ድማ ነቲ ውርሻዊ ባህሎም ክዕቅቡ ብቤተ-ሰብን ኮምዩኒቲኦምን ትጽቢት ስለ ዝግበረሎም። እዚ ኵሉ ከኣ ኣብቲ ካብ በጽሒ ናብ ዓቕሚ ኣዳም ዝሰጋገሩሉ ዕድመ ምዃኑ ኢዩ።

መንእሰያት ካብ ወለዶም ንሳቶም ዝያዳ ቀልጢፎም እንግሊዝኛ ስለዝመሃሩ፡ ብዙሕ ጊዜ ንወለዶም ከም ተርጐምቲ ኰይኖም ክገልግሉ ይሕተቱ፤ ካልእ ሓላፍነታት'ውን ክወርዶም ይኽእል። ብዙሕ ጊዜ'ውን ናብ ትምህርቲን ናብ ስራሕን ክልቲኡ ክኸዱ ይግደዱ። ወለዲ ብወገኖም ከኣ ነቲ ስርዓተ-ትምህርቲ ሕ.መ.ኣ ስለዘይርድኡዎ፡ ንደቆም ክሕግዙ ዘይምኽኣሎም ይስምዖም። እዞም በጽሒ ቈልዑ ብዛዕባ'ቲ ዘለዎም ጸቕጢ ምስ ወለዶም ክመኽሩሉ ዘይኽእሉ መሲሉ ይስምዖም።

እዞም ጸቕጥታት እዚኣቶም ካብ መጠን ንላዕሊ ክብርትዑ ከለው፡ ገለ መንእሰያት ናብ ሃሰይቲ ጠባያት ይወድቁ፤ ንኣብነት፡ ትምህርቲ ምብኳር፡ ናብ ፋሉል ዝኸዱ ጉጅለታት ምጽንባር፡ ከምኡ'ውን ዕጹ-ፋርስ ምዝውታር። እዞም ጠባያት እዚኣቶም ዘይ-ሕጋውያን ተግባራት ስለዝኾኑ ካልእ ዝዓበየ ጸገማት ከኸትሉ ይኽእሉ። እዚ ጠባያት'ዚ ንዘይተመርዐዋ ኣዋልድ ንኣብነት ኣብ ጥንሲ ከውድቐን ይኽእል።

እዚ ናይ ግደ ምቅይያር ኣብ ኣረጋውያን እውን ጭንቀት የኸትል ኢዩ፤ ከም ምንጪ ፍልጠትን ተመክሮን ስድራ-ቤት መጠን፡ ነቲ ዝነበሮም ግደ ክጠፍእ ከሎን ነቲ ልዕልና ክስእኑዎ ከለዉን ይረአዮም። ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ እቲ መንእሰያት ኣፍረይቲ ክኾኑ ዝግበር ጽዑቕ ጻዕሪ፡ ንዓበይቲ ከም ዝተረስዑን ጥቕሚ ዘይብሎምን ዘምስል ስምዒት የሕድረሎም። ብርታዐ ናይቲ ሓድሽ ቋንቋን ባህሊን ንምፍላጥ ዝሓቶ ጻዕሪ ንርእሱ ጽምዋን ተነጽሎን ከኸትለሎም ይኽእል። ኣረጋውያን፡ እቲ ዝነበሮም ናይ ኣኽብሮት ቦታ ዝኸሰሩዎ ኰይኑ ክስምዖም ይኽእል።

እቲ ንኣረጋውያን ስደተኛታት ዝገጥሞም ኤኮኖምያዊ ብድሆ ንርእሱ፡ ካብ ዓቕሞም ወጻኢ ኰይኑ ክስምዖም ይኽእል። ጥሮታ ወጺኦም ብናይ ጥሮታ ክነብሩ ዝጽበዩ ዝነበሩ ገለ ኣረጋውያን ስደተኛታት፡ ብፍላይ እቶም ትሕቲ 65 ዓመት ዝዕድሜኦም ናብ ስራሕ ዘምልስ ኵነታት ክጋጥሞም ይኽእል። ልዕሊ 65 ዓመት ዝዕድሜኦም ስደተኛታት እቲ ብዛዕባ ጥሮታ ሕ.መ.ኣ ዝነበሮም ግምት "በነፊት" (ረብሓ) ንሕክምናዊ ወጻኢ ዘይሽፍን፡ ወይ'ውን ቤተ-ሰቦም ከምቲ ኣብ መበቈል ሃገሮም ዝግበር ረዲኤት ክገብሩሎም ዘይኽእሉ ምኺኖም ኵሉ ክርድኦም ይጅምር። እዚ ኵሉ ኤኮኖምያዊ ብድሆታት ምስቲ ዝስእኑዎ ኣኽብሮትን ዘጋጥሞም ተነጽሎን ተሓዋዊሱ ናይ ጭንቀትን ካልእ ዝተተሓሓዘ ሕማም ኣእምሮን ከኸትለሎም ይኽእል።

ንስኹም ወይ ካልኦት ኣባላት ስድራኹም ንናብራ ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ምጽዋሩ እንተተሳኢኑኩም፡ ቀልጢፍኩም ሓገዝ ሕተቱ። ብዛዕባ ሓድሽ ግደ ኣባላት ስድራ ዘውስኡ ሕቶታት ኣብቲ "ካልቸራል ኦርየንተሽን" ዝበሃል ባህላዊ ልልይ ወይ ከኣ ኣብ ሕ.መ.ኣ ምስ 'ከይዝዎርከር" ብጋህዲ ክዝረበሎም ይግባእ። ኣጀንሲ*ያ ዳግመ-ጥየሳኹም*፡ ነዚ ጸገም'ዚ ናይ ምጽዋርን ምስጋሩን ዓቕሚ እተተጥርዩሉ ብልሓት ንምንዳይን ነቲ ወጥሪ ንምቅላልን ክትሕግዘኩም ኢያ።

ምጥያስ ነዊሕ መስርሕ'ዩ። ነቲ ናብራ ሓድሽ ኮምዩኒቲኹም ምሉእ ብምሉእ ንምልማድ፡ ካብ 2 ክሳብ 5 ዓመታት ክድልየኩም ይኽእል። መስተውዓልቲ ክትኮኑ ፈትኑ፤ ፈረድቲ ካብ ምኻን ተቖጠቡ፤ ክትበጽሑዎ እትደልዩ ዕላማ ድማ ተልሙ። ኣብቲ ነዚ መድረኽ ምጥያስ ንምስጋር እትገብሩዎ ጻዕሪ፣ ብቕንዕና ምውሳእን፡ ዓቕሊ ምግባርን፡ ምስቶም ክሕግዙኹም ዝደልዩ ናይ ምትሕብባር ጠባይ ምርኣይን፡ ዓብዪ ኣበርክቶ ክህልዎ ኢዩ። ነቶም ከም ነብስኻ-ምኽኣልን ነጻነትካ ምዕቃብን ዝበሉ መሰረታውያን ክብርታት ኣመሪካ ንምርዳእ'ውን ክጠቕመኩም ኢዩ። ምስ ሓድሽ ባህሊ ምልላይ ከቢድ ብድሆ ኢዩ፤ ግን ከኣ ብልጽግናን ምልኣትን ዘሰርበልኩም'ውን ክኸውን ይኽእል።


"ምስቲ ቀደም ዝነበረኒ ክነጻጸር ከሎ፡ ሎሚ፡ ብዛዕባ'ዛ ሃገር ዘለኒ ስምዒት ኣዝዩ ዝፍለ ኢዩ። ገና ኣብ ቬትናም ከለኹ፡ ናብ ኣመሪካ ምምጻእ ከም ገነት እሓስቦ ነይረ። ካልኦት ከምኡ'ዮም ዝነግሩኒ ዝነበሩ። ሎሚ ግን ከም ገነት ኣይሓስቦን። ካብ ቬትናም ዝሓሸ ጥራሕ ክብሎ እኽእል።"

"ዋላ'ኳ ኣብ ኣመሪካ ንቕመጥ እንተሃለና፡ ሕጂ'ውን ውርሻና ንምዝካርን ንምዕቃብን መሰል ኣለና። ገና ብዛዕባ ናብራን ልምድን ኣመሪካ ንመሃር ኣለና። ንገለ ካብኣቶም ንቐድሖምን ንኽተሎምን ኣለና፤ ምስኡ ግን፡ ዋላ ኣብ ሃገርና እንተዘይሃለና፡ ገና ሃገርና ንዝክር ኣለና፤ ባህልና ንፈልጥን ብኽብሪ ንዕቅብን። ኵልኹም እቶም ብድሕሪ ሕጂ እትመጽኡ ብደሓን ምጽኡ።"

"ኣብ ውሽጢ ክልተ ኣዋርሕ ንኹሉ ነገራት ምፍላጥ ኣይከኣልን። ዓመታት ይወስድ።"

"ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ተቐዪረ'ለኹ። እቲ ክመጽእ ከለኹ ዝነበረኒ ናፍቖት ሕጂ ኣይስመዐንን፤ ሓደስቲ ነገራት'ውን ከም ቀደም ኣየፍርሑንን። እንግሊዝኛ ብምምሃር ዝበለጸ ስራሕ ክረክብ ከምዝኽእል ፈሊጠ።"


Washington
Oregon
California
Idaho
Nevada
Montana
Wyoming
Utah
Arizona
Colorado
New Mexico
North Dakota
South Dakota
Nebraska
Kansas
Oklahoma
Texas
Minnesota
Iowa
Missouri
Arkansas
Louisiana
Wisconsin
Illinois
Michigan
Indiana
Ohio
Kentucky
Tennessee
Missi-
ssippi
Alabama
Georgia
Florida
South
Carolina
North Carolina
Virginia
West
Virginia
Pennsylvania
New York
New Hampshire
Vermont
Maine
Massachusetts
Rhode
Island
Connecticut
New Jersey
Delaware
Maryland
Washington, DC
Alaska
km 700
mi ALASKA 700
Hawaii
km 400
mi 400
km 400
mi 400




ክፍለ-ዓለማዊት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ